# መጽሐፈ ዝማሬ

ዘአስተጋብእዎ አኃው መነኮሳት




አባ ገብረ እግዚአብሔር
ወአባ ወልደ አብርሃም
ዘቢዘን

ወተርጓሚሁ ክንፈ ርግብ ማርቆስ።



ተኀትመ በማኅተመ ኮከበ ጽባሕ ዘማኅበረ ሐዋርያት
አሥመራ በ፲፱፻፺፩ ዓመተ ምሕረት።

## መጽሐፈ ብርሃን፤

ዛቲ መጽሐፍ ዘትከውን መርሐ ለብሉይ ወለሐዲስ ትብጻሕ ለኵሎሙ ሕዝበ ክርስቲያን። ጸሐፍነ ለክሙ ንስቲተ በከመ ክሂሎትነ፤ ክሂሎትነሂ አኮ በአእምሮ አላ በንቅሐተ ሕሊና፤ ዳዕሙ ንጽሕፍ ለክሙ በእንተ ዘሐመ ልብነ በበይነ ጋእዝ ዘሀሎ በሀገርነ፤ እንዘ ደቂቀ አሐቲ ሀገር፤ ወአሐቲ ሃይማኖት ንሕነ ንነብር በተቃሕዎ።

ወይእዜኒ አበዊነ ወአኃዊነ ወአኃቲነ እለ ትነብሩ በምድረ አግአዚት ንስእለክሙ ወናመኀፅነክሙ በእግዚአብሔር ከመ ንስአሎ ለአምላክነ ያእትት እምኔነ ኑፋቄያተ ዝ ዓለም ወይደይ ማእከሌነ ተፋቅሮ መንፈሳዌ፤ አሜን።

እዛ ንብሉይን ንሓዲስን መራሒት እትኸውን መጽሓፍ ናብ ኵሎም ሕዝበ ክርስቲያን ትብጻሕ። እንሆ ንሕና ብዝከኣለና መጠን ጽሒፍና ኣቕሪብናልኩም ኣሎና፤ ግና ብዝከኣለና ክንብል ከሎና ብሙሉእ ኣእምሮና ዘይኮነስ ደቂ ሓደ ሰብኣይን ደቂ ሓንቲ ሰበይትን ከምኡውን ኣብ ሓንቲ ሃይማኖትን ደቂ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያንን ከሎና በዚ ኣብ ማእከልና ዘሎ ዘይምስምማዕ ልብና ስለ ዝሓመመ ኢና ብመጠኑ ንጽሕፍ ዘሎና።

ሕጂ ከኣ ኣቦታትናን ኣዴታትናን ኣኅዋትናን ኣኃትናን ኣብዛ ምድሪ ኣግኢዚት ዘሎኹም ኵልኹም ነዚ ኣብዚ ዓለም'ዚ ዘሎ ኑፋቄ ምእንቲ ካብ ልብና ከርሕቐልና ብሓንሣእ ኮይንና ንኣምላኽና ንእግዚኣብሔር ንለምኖ እናበልና ንምሕፀነኩምን ንልምነኩምን ኣሎና። ኣብ ማእከልና ኸኣ መንፈሳዊ ፍቕሪ የምጽኣልና። ኣሜን።

## መዘኻኸሪ

ነዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ተጠንቂቕኩም ተመልከትዎ። ከምዚ ክንብል ከሎና ኸኣ ማቴዎስ ንማለት ማቴ፡ ማርቆስ ንማለት ማር፡ ሉቃስ ንማለት ሉቃ፡ ዮሓንስ ንማለት ዮሓ፡ ግብረ ሓዋርያት ንማለት ግብ ሓዋ፡ ዘፍጥረት ንማለት ዘፍጥ፡ ዘፀአት ንማለት ዘፀአ፡ ዘሌዋውያን ንማለት ዘሌዋ፡ ዘኍልቍ ንማለት ዘኍል፡ ዘዳግ ንማለት ዘዳግ፡ ፩ይ ነገሥት ንማለት ፩ይ ነገ፡ ፪ይ ነገሥት ንማለት ፪ይ ነገ፡ ፩ይ ሳሙኤል ንማለት ፩ይ ሳሙ፡ ፪ይ ሳሙኤል ንማለት ፪ይ ሳሙ፡ መዝሙር ንማለት መዝ፡ ፩ይ ቆሮንቶስ ንማለት ፩ይ ቆሮ፡ ፪ይ ቆሮንቶስ ንማለት ፪ይ ቆሮ፡ ገላትያ ንማለት ገላ፡ ያዕቆብ ንማለት ያዕ፡ ራእየ ዮሓንስ ንማለት ራእ. ዮሓ. ተባሂሉ ከምዝንበብ ኣስተውዕል።



## መቅድም፤

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ ንዌጥን በረድኤተ እግዚአብሔር ጽሒፈ መጽሐፈ እስትግቡእ ዘእምብሉይ ወሐዲስ ዘአስተጋብእዎ አኀው ፍቁራን መነኮሳት ዘደብረ ቢዘን አባ ገብረ እግዚአብሔር ወአባ ወልደ አብርሃም ርቱዓነ ሃይማኖት እግዚአብሔር ይጽሐፍ ስሞሙ ምስለ ኵሎሙ ደቂቀ ቢዘን፡ አሜን።

ብሓድነቱ ካልኣይ ብሠለስትነቱ ራብዓይ ብዘይብሉ ሓጋዚና እግዚኣብሔር ኢልና ተበጊስና ብመንፈስ ቅዱስ ኣኅዋት ዝኾንና ናይ ደብረ ቢዘን መነኮሳት ፍቑራን ኣባ ገብረ እግዚኣብሔርን ኣባ ወልደ ኣብርሃምን ካብ ብሉይን ሓዲስን ኣዋፂኦም ዝጸሓፍዎ መጽሐፍ ምጽሓፍ ንጅምር። እግዚኣብሔር ስሞም ምስ ኵሎም ደቂ ቢዘን ኣብ መጽሐፈ ሕይወት ይጽሓፎም።

እንሆ ንኸኊሉ ሕዝበ ክርስቲያን ተስፋ ኑዛዜ ዚኸውን ኣሕጽር ኣቢልና ኣቕሪብና ኣሎና። ተስፍኡ ድማ ብጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚንና በዚ ዓለምዚ ዘይኮነስ ብሰማያዊ ዓለም ብእንረኽቦ ጸጋ እዩ። እዚ ኸኣ ሰብ ካብ ፈቓደ ሥጋ ወፂኡ ብፍቓደ ነፍስ ጸኒዑ ጾም፣ ጸሎት፣ ምጽዋት፣ ፍቕሪ፣ ትሕትና፣ ስግደት

ብሓፈሻ ፍረ መንፈስ እንተ ገበረ እመቤታችን መላእኽት ነቢያት ሓዋርያት ጻድቃን ሰማዕታት ከምዘማልዱ እንተኣመነ ኃጢኣቱ ንኻህን ነጊሩ ብሕግን ባህሊ ቤተ ክርስቲያንን ጸኒዑ እንተደአ ነይሩ ንታ ንሰብ ኢሉ እግዚኣብሔር ዘዳለዋ ሰማያዊት መንግሥተ ሰማያት ክምዘይስእና ምሉእ ብምሉእ ዝእመነሉ እዩ እሞ ንፅናዕ ንበርትዕ።

እዚ መጽሐፈ ብርሃን ዝተባህለ ሥነ ጽሑፍ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ከምዘሎ ኣባ ገብረ እግዚኣብሔርን ኣባ ወልደ ኣብርሃምን ኣሕጽር ኣቢሎም ዝተመጠነን ዝጠዓመን ጌርም ኣዳልዮምዎ ምንባሮምን ሕዝበ ክርስቲያን ድማ ክጥቀመሉ ምጽንሑን ዝፍለጥ እዩ። እምበኣር ሕጂውን ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮ ብኣቀራርብኡ ተመኃይሹን ካብቲ ቅድሚ ሎሚ ዝነበረ ውሕድ ዝበለ ጽሑፍ፣ ቃላት ኮነ ጥቕስታት ተወሲኽምዎ ኣለዉ። እዚ ድማ እቲ ብግዕዝ ተጠቒሱ ከይተተርጐመ ተሪፉ ዝነበረ ግዕዛዊ ቓል ናብ ትግርኛ ብምትርጓም ከምኡውን እቲ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዝነበረ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ብምግልባጥ ንሕዝቢ ብዝሰማማዕ መገዲ ተመኃይሹ ቀሪቡ ከምዘሎ ክንገልጸልኩም ንፈቱ። እዚ ኸኣ ማኅበር ደብረ ቢዘን ናይ ኣማኒ ሕዝቢ ሽግር ብምግንዛብ ብቋንቋ ትግርኛ ምእመናን ሃይማኖቶም ንኪምሃሩን ንኪፈልጡን ካብ ዘለዎም ሓልዮትን ተገዳስነትን ምኳኑ ከነብሥረኩም ንፈቱ።





ወተጠሚቆ እግዚእ ኢየሱስ ሶቤሃ ተርኅወ ሰማይ፤
ጐይታ ምስተጠምቀ እንሆ ሰማይ ተከፍተ። ማቴ ፫፡፲፮።

## ምዕራፍ ፩ - በእንተ ጥምቀት፤

ቅድሚ ኩሉ ክርስቲያን ንዝኾነ ኩሉ ቡቲ "ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እዩ፣ ዘይኣመነን ዘይተጠምቀን ግና ኪኾነን እዩ" ብዝበሎ መሠረት ኩሉ ምጥማቕ ከምዝግብእ ንገልጽ። እዚ ድማ ሰብ ብጸጋ ካብ እግዚኣብሔር ዝውለደሉ ብኡኡ ከኣ ኃጢኣቱ ዝሥረየሉ ማየ ገቦ እዩ። እዚ ኸኣ ሰብ ኣሚኑ እንተ ዘይተጠሚቑ መንግሥተ ሰማያት ምእታው ከምዘይክኣል ምፍላጥ ይግባእ። ምኽንያቱ ድማ "ሑሩ ወመሀሩ ኵሎ አሕዛበ ወእንዘ ታጠምቅዎሙ በሉ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ" ማቴ ፳፰፡፲፱። "ዘአምነ ወዘተጠምቀ ይድኅን፣ ወዘሰ ኢአምነ ይደየን" ብዝበሎ መሠረት እዩ። ማር ፲፮፡፲፮ ዮሓ ፫፡፲፰፡፴፮ ሮሜ ፲፡፱ ።

ተጠራጠርቲ ግና እምነት ደኣ እምበር ጥምቀት ዝጠቅም ኣይኮነን፣ ንመዘከርታ ዝኣክል እዩ በሃልቲ እዮም። ነገር ግን ኣብዚ ዘየስተውዓልዎ ነገር ኣሎ። እዚ ኸኣ "ወይቤሎ አማን አማን እብለከ ዘኢተወልደ ዳግመ እማይ ወእመንፈስ ቅዱስ ኢይክል በዊአ ውስተ መንግሥተ እግዚአብሔር፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ ካብ ማይን መንፈስን እንተዘይተወሊዱ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን" ብማለት ብዘይጥምቀት መንግሥቲ ኣምላኽ ከምዘይትውረስ ብኣምላኻዊ ቃሉ ኣረጋጊጹ ኣሎ። ዮሓ ፫፡፭። ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስውን፣ "ነስሑ ወተጠመቁ ኵልክሙ ወይትኀደግ ለክሙ ኃጢአትክሙ በስሙ ለኢየሱስ ክርስቶስ፣ ተነስሑ ነፍስ ወከፍኩም ከኣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንኅድገት ኃጢኣት ይጠመቕ፣ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም" ይብል፣ ግብ ሓዋ ፪፡፴፰ ፩ይ ጴጥ ፫፡፳፩።

ወዲ ምስ ተወልደ ብ፵ መዓልቲ፣ ጓል ምስ ተወልደት ኸኣ ብ፹ መዓልቲ ምጥማቖም ስለምንታይ እዩ፧ እንተተባህለ እቲ ቀዳማይ ፍጥረት ኣዳም ምስተፈጥረ ብ፵ መዓልቲ ሔዋንውን ምስተፈጥረት ብ፹ መዓልቲ ሥላሴ ብርሃን ኣልቢሶም ብርሃን ኣጕናጺፎም ውልድነት ሂቦም ናብ ገነት ኣእትዮምዎም ስለ ዝነበሩ እዩ፣ ኩፋ. ፬፡፲፱።

ሕፃን ምስ ተወልደ ግና ንሞት ዘብጽሕ ሕማም እንተሓመመ ከይወዓለ ከይኀደረ ምጥማቕ ይግባእ። ከይተጠመቐ እንተሞተ ግና ዕዳኡ ኣብ ልዕሊ ወለዱን ካህንን እዩ ዚኸውን።

ከጥምቕዎ ከለዉ ኸኣ ኣቐዲሞም ዘይቲ ይቕብእዎ ብድኅሪኡ ይጠመቕ፣ ምስተጠምቀ ኸኣ ሜሮን ይቕብእዎ ከምዚ ክገብሩ ከለዉ ከይጋገዩ ይጠንቀቑ። ሕፃናት ምስተጠምቑ ሽዑኡ ደኣ ሥጋኡን ደሙን ይቀበሉ እምበር



ዘበልዐ ሥጋየ ወሰትየ ደምየ ቦ ሕይወት ዘለዓለም፤
ሥጋይ ዝበልዐ ደመይ ዝሰተየ ናይ ዘለዓለም ሕይወት አለዎ። ዮሐ. ፮፡፶፬።



ምስተጠምቑ ሥጋኡን ደሙን ከይተቐበሉ ምውዓል ምኅዳር ግቡእ አይኮነን። ከምዚ ኢሎም ምስተጠምቁ ይቐረቡ ግና ከሳብ ዝቔርቡ ሓደ ነገር ከይጥዕሙ ብማለት ፫፻፲፰ ብፍትሐ ነገሥት አዚዞም አለዉ። ሕፃናት ምስተጠምቑ መሥዋዕት ምስተሠውአ ኣብ ማእከል ካብቶም ካህናት ድንገት ነገር እንተ ኢጋጠሞ ንጽብሒቱ ቀዲሶም የቑርብዎም እምበር ነነዊሕ መዓልቲ ምቕናይ አይግባእን እዩ።

## ምዕራፍ ፱ - በእንተ ቍርባን፤

ዝቕረብ ቍርባን ኣማናዊ ሥጋ ወልደ እግዚአብሔር፣ ኣማናዊ ደመ ወልደ እግዚአብሔር እምበር ካልአት ተጠራጠርቲ ከም ዝብልዎ መዘከርታ ጥራይ አይኮነን። ምኽንያቱ ባዕሉ ፈጣሬ ዓለማት ክርስቶስ "ወእንዘ ይበልዑ ነሥአ ኅብስተ እግዚእ ኢየሱስ ባረከ ወፈተተ ወወሀቦሙ ለአርዳኢሁ፣ ወይቤሎሙ ንሥኡ ብልዑ ዝ ኅብስት ሥጋየ ውእቱ ወነሥአ ጽዋዐኒ ወወሀቦሙ ወይቤሎሙ ንሥኡ ስትዩ ዝ ጽዋዕ ደምየ ውእቱ ዘሐዲስ ሥርዓት ዘይትከዐው በእንተ ብዙኃን ለኅድገተ ኃጢአት።" ማቴ ፳፮፡፳፮ ማር ፲፬፡፳፪። ከምኡውን "አማን አማን እብለክሙ እመ ኢበላዕክሙ ሥጋሁ ለወልደ ዕጓለ እመሕያው ወኢሰተይክሙ ደሞ አልብክሙ ሕይወት ላዕሌክሙ፣ ዘበልዐ ሥጋየ ወሰትየ

ደምየ ቦ ሕይወት ዘለዓለም፤ ወአነ አነሥኦ በደኃሪት ዕለት፤ እስመ ሥጋየኒ መብልዐ ጽድቅ ዘበአማን ውእቱ፤ ወደምየኒ ስቴ ሕይወት ዘበአማን ውእቱ፤ ዘበልዐ ሥጋየ ወሰትየ ደምየ ይሄሉ ምስሌየ ወአነሂ እሄሉ ምስሌሁ፤ ሥጋ ወልደ እጓለ እመሕያው እንተ ዘይበሊዕኩም ደሙውን እንተዘይሰቲኹምሲ ሕይወት ከምዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፤ ሥጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ። ኣነውን በታ ዳኅረወይቲ መዓልቲ ከተንሥኦ እየ። ሥጋይ ብልዒ ሓቂ እዩሞ፤ ደመይ ከኣ መስተ ሓቂ እዩሞ እቲ ሥጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነውን ኣብኡ።" ዮሓ ፮:፶፫-፶፬። ኣብዚ ክስተውዓል ዘለዎ ዳኅረወይቲ መዓልቲ ዝብሓ ዘሎ ዕለተ ምጽኣት ምኳና እያ።

ርግጽ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኵሉ ዝከኣሎ ስለ ዝኾነ ነቲ ኅብስቲ ሥጋ መለኮት፤ ነቲ ወይኒውን ደመ መለኮት ጌሩ ለዊጡ ንሓዋርያት ብሓቂ ሂብዎም እዩ። ሎሚ ግና እቲ ኅብስቲ ተለዊጡ ሥጋ መለኮት እቲ ወይኒውን ደመ መለኮት ከመይ ጌሩ ኪኸውን ይኽእል፧ ቀደምውን ጐይታ ንመዘከርታ ዝገበሮ እዩ እምበር ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ሃልዩ፧ እዚ ስሑትን ምሥጢር መጻሕፍቲ ዘይተገንዘበን ሰብ ጥራይ እዩ ኪኸውን ዚኽእል። ምኽንያቱ ድማ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ "ሥጋይ ዝበልዐ ደመይውን ዝሰተየ ምሳይ ክነብር እዩ ዝበሎ ቓል ምቕላል እዩ ዚኸውን። ጐይታ ካብ ርእሱ ኣርጊቑ ሥጋ ዝበልዐ ደም ዝሰተየ ኣይበለን። እንታይ ደኣ እዩ ኢሉ ዘሎ ፍጹም ሥጋኡን ፍጹም ደሙን ምዃኑ ኣንነቱ ኣረጋጊጹ ሥጋይ ዝበልዐ ደመይ ዝሰተየ እዩ ዝበለ። ነዚ ቓል እዚ ንምርግጋጽውን ድኅሪ ዕርገቱ ንሓዋርያነት ዝተመርጸ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በታ ዝተታሕዘላ ለይቲ እንጀራ ኣልዓለ ኣመስጊኑ ኸኣ ቈረሰ እሞ እንኩ ውሰዱ ብልዑ እዚ ምእንታኹም ዝወሃብ ሥጋይ እዩ፤ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ በለ። ከምኡ ከኣ ድኅሪ ድራር ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ እዚ ብደመይ ዚኾውን ሓድሽ ኪዳን እዩ ብእትሰትይዎ ጊዜ ኵሉ ንመዘከርታይ ግበርዎ በሎም፤ ነዚ እንጀራዚ ብእትበልዕዎ ነዚ ጽዋዕ ዚውን ብእትሰትይዎ ኵልሳዕ ጐይታ ዝመጽእ ምዃኑ ሞቱ ኢኹም ትዛረቡ። "ወይእዜኒ ዘበልዖ ለዝንቱ ኅብስት ወዘሰትዮ ለዝንቱ ጽዋዕ እንዘ ኢይደልዎ ዕዳ ይትኃሠሥዎ በእንተ ሥጋሁ ወደሙ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ። ወይእዜኒ ኣመኪሮ ሰብእ ርእሶ ወእንጺሖ ይብላዕ እምውእቱ ኅብስት፤ ወይስተይ እምውእቱ ጽዋዕ፤ እስመ ዘበልዖ ወዘሰትዮ እንዘ ኢይደልዎ ደይኖ ወመቅሠፍቶ በልዐ ወሰትየ ለርእሱ" ኢሉ ኣሎ። ፩ይ ቆሮ ፲፩:፳፯-፳፱።

ከምዚ ንመዘከርታ እምበር ኣማናዊ ሥጋ ወልደ እግዚኣብሔር፤ ኣማናዊ ደመ ወልደ እግዚኣብሔር ኣይኮነን

ዝብሉ ሰባት ኣብ ዓቢይ ስሕተት ከምዘለዉ ምግንዛብ የድሊ። ምኽንያቱ ንመዘከርታ ጥራይ ዝኸውን ነይሩ እንተዚኸውን ከፍርድ ኣይምኸኣለን። እዚ ግና ከይተገብአ እንተተቐቢልዎ ናብ ፍርዲ ከምዝቐርብ እዩ ዘገንዝብ ዘሎ። እምበኣርሲ እዚውን ካብዚ ንምብላዕ ብዝሕሰበሉ ጊዜ ርእሱ ይመርምር እዩ ዝብል እሞ፣ መዘከርታ ጥራይ እንድኀሪ ኮይኑ እንታይ ምምርማር የድሊ ነይሩ! ቅዱስ ጳውሎስ ኣነጺሩ ከምዝገለጸልና ንመዘከርታ ምባሉ፣ ንሕ ኣማናዊ ሥጋ ወልደ እግዚኣብሔርን ክትበልዑን ኣማናዊ ደመ ወልደ እግዚኣብሔርን ክትሰትዩን ከለኹም ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ዝተቐበሎ መከራ፣ ሞት፣ ትንሣኤኡ እናዘከርኩም ተቐበልዎ ንማለት እዩ።

እምበኣር ሓደ ኣማኒ ሥጋኡን ደሙን ኪቕበል ከሎ ኣቐዲሙ ንስሓ ምእታው ከምዝግብኦ፣ ሰብነ ኣንጺሑ ንስሓኡ ፈጺሙ እንተድኣ ቌሪቡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከምዝረክብ ክገልጽ ከሎ "ሥጋይ ዝበል ደመይውን ዝሰተየ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ ኢ ኣሎ። ግና ርእሱ ከየንጸሀ ንስሓ ከይኣተወ እንተ ተቐቢ ኣብ ልዕሊ ኃጢኣት ኃጢኣት ይኸውን፣ ንገሃነም የውር እምበር ሕይወት ኣይከውንን እዩ። እዚ ከኣ ብይሁ ተፈሊጡ ኣሎ። ብተወሳኺውን ቅድሚ ቍርባንን ድኅ





ቍርባንን ክንገብሮ ዝግብኣና ጥንቃቐታትን ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንን ምፍላጥ የድሊ።

## ምዕራፍ ፫ - በእንተ ክህነት፤

መዓርገ ክህነት ተመሳሳልን ተመጣጣንን ዘይብሉ ኣብ ምድርን ኣብ ሰማይን ክኣስር ዚኽእል ረቂቕ ገመዳዊ ሰንሰለት (ሥልጣን) እዩ።

እዚ ኸኣ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያት ዝሃቦም ሥልጣን እዩ፣ ማቴ ፲፮:፲፱፤ ማቴ ፲፰:፲፰ ዮሓ ፳:፳፫። ዲቁናን ቅስናን ካብ ኤጲስ ቆጶስ፣ ጳጳስ፣ ሊቀ ጳጳስ እዩ ዝወሃብ። በዚ መሠረትዚ ሓዋርያት ን፸ ኣርድእት ክህነት ሃቡ፣ ሉቃ ፲:፩። ካብኡ ንደኃር ፸ ኣርድእት ንሊቃውንት፣ ሊቃውንቲ ንመምህራን ከምዚ እናበለ ተተኃኒዙ ዝመጸ እዩ እምበር ብሃንደበት ዝመጸ ከምዘይኮነ ምፍላጥ ይግባእ። ከምኡውን ሓዋርያት ካህናት ከምዝሾሙ ክገልጽ ከሎ "ወሤሙ ቀሲሳነ ላዕለ ቤተ ክርስቲያን" ይብል እዩ፣ ግብ ሓዋ ፲፬:፳፫። ካብ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ተተኃኒዙ ከምዝመጸ ከኣ ኣብ ፩ይ ጢሞ ፫:፩፤ ግብ ሓዋ ፳:፳፰ ተጻሒፉ ንረኽቦ። ከምኡውን "ዲያቆናት ነቲ ምሥጢር እምነት ኣብ ንጹሕ ሕሊና ዝኀዙ ረዘንቲ ዘይሓምዩ ኪኾኑ ይግባእ" ይብል፣ ፩ይ ጢሞ ፫:፰። "እሙን ነገር

ዘይፈቅድ ይሰየም ጳጳስ ሠናየ ግብረ ፈተወ፡ ወባሕቱ ርቱዕ ይሠየም ጳጳስ ዘኢያደሉ ለገጽ" ፩ይ ጢሞ ፫:፩። ቲቶውን በብዓዱ ካህናት ይሸይም ከምዝነበረ እንሆ ብንጹር ገሊጽዎ ኣሎ፡ "እንበይነ ዝንቱ ኅደግኩከ ውስተ ቀርጤስ ከመ ታስተራትዕ ዘተርፈ ወትሢም ቀሲሳነ ለለአህጉር" ቲቶ ፩:፭። ብካልእ ወገንውን "ወእመቦ ዘይደዊ እምኔክሙ ለይጸውዕ ቀሳውስተ እለ ውስተ ቤተ ክርስቲያን" "ዝሓመመ ሰብውን እንተ ደኣ ኣልዩ ኣቐሽሽቲ ቤተ ክርስቲያን ይጸውዕ ንሳቶም ከኣ ብዘይቲ ይጸልዩሉ ይብል" ያዕ ፭:፲፬።

ኣብዚ ክስትውዓል ዘለዎ ዓቢይ ነገር፡ ትምህርቲ ሰብኣይ፡ ሰበይቲ፡ ወዲ፡ ጓል፡ ንእሽቶይ፡ ዓቢይ ብዘይ ኣፈላላይ ኪመሃሩ ግቡእ እዩ። መዓርግ ክህነት ግን ንደቂ ተባዕትዮ እምበር፡ ንደቂ ኣንስትዮ ኣይምልከትን እዩ። ነንስቲ ክህነት ዝግብኤን እንተዚኾውን ነይሩ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንቶም ፲፪ ሓዋርያት ክህነት ክህቦም ከሎ ነተን ፸፪ ቅዱሳት ኣንስቲ ከኣ ምሃበን ነይሩ፡ ግና ከምዘይሃበን ኢና ንርዳእ። ምናልባሽ ንሓዋርያትሲ ሓቂ እዩ፡ ንካልኦት ግና ክህነት ኣይሃበን ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ኣልዩ፡ ከምዚ ከይከውንሲ "ኪዱ እሞ ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኪሕልዉ ከኣ እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም፡ እንሆ ድማ ኣነ





ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ" ኢሉ ኣሎ ማቴ ፳፰:፲፱-፳። እዚ ኣነ ኸኣ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ምሳኹም እየ ኢሉ ጠቒስዎ ንዘሎ ቓል ኣስተውዕልዎ፡ እዚውን ክሳዕ ዕለተ ምጽኣት ንዘለዉ ካህናት ምኻኑ እዩ። ክህነት ክሳዕ ዕለተ ምጽኣት ከወሃብን ክተኃላለፍን ዝነብር እምበር ብሓዋርያት ጥራይ ተወሲኑ ዝተርፍ ከምዘይኮነ ዘረድእ እዩ።

## ምዕራፍ ፬ - በእንተ ንስሐ፤

ኩሉ ሰብ ኃጢኣቱ ንካህን ምንጋር ከምዝግብኦ ዝናገር ኣንቀጽ እዚ እዩ። እዚውን ኣብ ብሉይ ኪዳንን ኣብ ሓድሽ ኪዳንን ብጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ እዩ። ሰብን ኃጢኣትን ተጐራቢቶም ዝነብሩን ዘይፈላለዩ ምኻኖምን ኩሉ ዚፈልጦ እዩ። እዚ ኸኣ እቲ ጥንታዊ ፍጥረት ዝኾነ ሰብ ኣይትብላዕ ተባሂሉ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ኣፍሪሱ ሕጊ እግዚኣብሔርውን ጥሒሱ እንሆ ዕፀ በለስ በልዐ፡ በዚ ምኽንያትዚ ድማ ካብቲ ዝነበሮን ብሓጐስ ተቐሚጥዎ ዝነበረ ምድረ ገነት ፈትዩ ዘይኮነስ ብግዲ ብመላእኽቲ እናተደፍአ ወፀ። ፍረ ዕፀ በለስ ብምብልዑ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ብምጥሓሱ ኃጢኣት በዚ ተጀመረ፡ ዘፍጥ ም. ፫።

ይኹን ደኣ እምበር ኣዳም በዲሉ ከብቅዕ ብቲ ዝበደሎ በደል ፀኒዑ ኣይነበረን፣ በደሉ ፈሊጡ ፈጣሪየይ በዲለ ርእሰይውን ኣዋሪደ ኣብ ምንታይ ክኣቱ እየ ብማለት እናወደቐን እናተንሥኤን እናሓዘነን እናበኸየን ንእግዚኣብሔር ለመኖ። ብንስሓ ድማ ናብ ፈጣሪኡ ተመልሰ። ጐይታ ሠራዊት እግዚኣብሔር ከኣ፣ ሓዘኑን ብኽያቱን ርእዩ ካብ ጓል ጓልካ ተወሊደ ኣብ መስቀል ተሰቒለ ሞይተ ከድኅነካ እየ ዝብል ሕይወታዊ ተስፋ ሃበ (መጽሓፈ ቀሌምንጦስ፣ ገድሊ ኣዳም)።

ኃጢኣት ሠሪሑም ብንስሓ ዝደኃኑ ብዙኃት እዮም። ንኣብነት ዳዊት ንኦርዮ ብምቕታሉ ንእግዚኣብሔር ኣሕዚንዎ ነይሩ፣ ግና ኃጢኣቱ ፈሊጡ ንስሓ ኣተወ። ኃጢኣቱ ንናታን ነገሮ፣ "ኣበስኩ ለእግዚኣብሔር ኣምላኪየ" "ዓቢይ በደል በዲለ፣ ንኣምላኽይ ንእግዚኣብሔር ኣሕዚነዮ በለ" እግዚኣብሔር ከኣ ለዋህን ርኅሩኅን ኣምላኽ ስለዝኾነ ኃጢኣቱ ኣስተሥረየሉ፣ ፩ይ ሳሙ. ፲፭:፳፫፤ ፪ይ ሳሙ. ፲፪:፲፫፤ ኢዮ. ፯:፳፤ መዝ ፶፩:፭። ከምኡውን ምናሴ ንኣምላኹ ክሒዱ ንጣኦት ሰገደ፣ ብጣኦት ኣምለኸ። እግዚኣብሔር ነዚ ክፉእ ተግባርዚ ርእዩ ኾኣ ንጉሥ ኣሶር ብሰንሰለት ኣሲሩ ንፋርስ ባቢሎን ኣውሪዱ ከምዝማርኾ ገበረ። ግና ምናሴ ምስ ተሸገረን ምስ ተጨነቐን ንእግዚኣብሔር ክደልዮ ሓሰበ፣ ናይ ኣምላኹ ናይ እግዚኣብሔር ምሕረት ከኣ ደለየ። ተጊሁውን ናብ





እግዚኣብሔር ጸሎት ገበረ። እግዚኣብሔር ከኣ ንዝልምኖ ቀረባ ስለዝኾነ ጸሎቱ ሰሚዑ ናብ መንግሥቱ መለሶ። "ወሶበ ርእየ እግዚአብሔር ከመ ነስሐ ምናሴ እምእከየ ምግባሩ ዘገብረ በኢያእምሮቱ አናሕሰየ ለውቱ ወሜጠ ውስተ ኢየሩሳሌም በከመ ሀሎ ውስተ መንግሥቱ" በዚ ጊዜዚ ድማ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምዃኑ ኣመነ ይብል፣ ፪ይ ዜና መዋ ፴፫:፲-፲፫፤ ዕዝ ፳:፳፫።

ካልእ ኣብነት ንምጥቃስ ድማ ብጀካይ ንጉሥ የልቦን ፀሓይ ዘብርቕ ኣነ እየ ዝብል ዝነበረ ናቡከደነፆርውን ክሳዕ ኣምልኮተ እግዚኣብሔር ዝፈልጥ ፯ተ ዓመት ዚኣክል ኣብ ምድረ በዳ ምስ ኣራዊት ከምዝነብር ጌርዎ ከምዝነበረን፣ ድኃር ግና ምስተነስሐ ናብ መንግሥቱ ከምዝመለሶ እንሆ ብሰፊሑ ተጻሒፉ ይርከብ። ፩ይ መቃ ፳:፩-፮። ኣብ ብሉይ ኪዳን ከም ሕዝቢ ነነዌ ብንስሓ ዝተመልሱን ዝተማሕሩን ብዙኃት እዮም።

ብንስሓ ዘይተመልሰ ዲያብሎስ እዩ። ዲያብሎስ ብንስሓ ከምዘይተመልሰ ክረድእ ክሎ ከኣ ንሰኻ ብንስሓ ምምላስ ኣቤኻ፣ ካብ መሬት ዝተፈጥረ ኣዳም ግና ምእንቲ ኃጢኣቱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣዝዩ በኸየ፣ ብንሥሓ ከኣ ተመልሰ ይብል፣ ፫ይ መቃ ፳፫:፳፬። ኣብዚ መጽሓፍዚውን፣ ትሞቱሉ ጊዜ ሕሰቡ ነፍስኹም ካብ ሥጋኹም ተፈልያ ብእትኸደሉ ጊዜ ገንዘብኩምውን

ንኻልእ ኃዲግኩምዎ ናብቲ ዘይተፈልጥዎ መገዲ ብእትኸዱሉ እዋን ትመጸኩም መከራ ዘክርዋ ኢሉ ብዛዕባ ንስሓ ተጻሒፉ ይርከብ፡ ፫ይ መቃ ፲:፩።

ሓዲስ ኪዳንውን ናይ መጀመርታ መልእኽቱ ንስሓ ምኺኑ ግሉጽ እዩ። እዚ ኸኣ "ነስሑ እስመ ቀርበት መንግሥተ ሰማያት" "መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ እያሞ ንሥሓ እተዉ" እዩ ዝብል፡ ማቴ ፫:፪። ሰብ ኃጢኣቱ ንእግዚኣብሔር ምንጋር ኣለዎ እምበር ኻህን ምንጋር እንታይ ከጠቕሞ እዩ ዝብሉ እንተደኣ ኣልዮም፧ እዚኣቶም ነቲ ናይ ክርስቶስ ቃል ብቀንዱ ዝጻረሩ እዮም፡ ምኽንያቱ ድማ ተቓወምቱ እንተዘይኮኑ ነይሮም እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንማንም ከይትነግር፡ ነገር ግን ኃጢኣትካ ኻህን ንገር ዝበሎ ቃል ምተቐበልዎ ነይሮም። "ኢትንግር ወኢ ለመኑሂ ወባሕቱ ሑር ወአፍትን ርእሰከ ለካህን፡" ማቴ ፰:፬፤ ማር ፩:፵፬፤ ሉቃ ፭:፲፬። ይኹን ደኣ እምበር ኃጢኣትካ ኻህን ምንጋር ከምዘግባእን እቲ ኻህን ከኣ ኃጢኣት ምስትሥራይ ዜኽእል ሥልጣን ከምዘለዎ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብግልጺ የረድኡና እዮም። "ነፍስ ለእመ አበሰት ወገብረት ኃጢአተ ያስተሥሪ ሎቱ ካህን በእንተ ኃጢአቱ እንተ አበሰ፡ ወትትኀደግ ሎቱ ኃጢአቱ።" "ነፍሲ እንተበደለት እሞ ኃጢኣት እንተደኣ ሠሪሓ ነቲ ካህን ይንገሮሞ ኃጢኣቱ የስተሥረየሉ፡" ዘሌ ፭:፭።





ኣብዚ ክስተውዓል ዘለዎ ግና፡ እቶም ብዘመነ ኦሪት ዝነበሩ ካህናት ኃጢኣት ሕዝቢ ዘስተሥርዩ ነይሮም እንተደኣ ኮይኖም ደኣ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርኩምዎ ኣብ ሰማይ ዝተኣሰረ ይኹን፡ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩሞ ከኣ ኣብ ሰማይ ዝተፈትሐ ይኹን ተባሂሉ ብኣምላኻዊ ቃል ሥልጣን ዝተዋህቡ ሓዋርያት ከመይ ኢሎም ኃጢኣት ምስትሥራይ ይሰኣኖም! "ለእለ ኀደግሙ ኃጢአተ ይትኀደግ ሎሙ፡ ወለእለ ኢኀደግሙ ኢይትኀደግ ሎሙ" ዮሓ ፳:፳፫። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ወይእዜኒ ነስሑ ወተጠመቁ ወይደመሰስ ለክሙ ኃጢአትክሙ፡ ሕጂውን ምእንቲ ኃጢኣትኩም ክሥረየልኩም ንስሓ እተዉ እዩ ዝብል። ግብ ሓዋ ፫:፲፱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን እንተኾነ ንዓይ ጥራይ ንገሩኒ ኣይበለን፡ ንኣኻዋትኩም ንገሩ እዩ ዝበለ፡ "ተአመኑ በበይናቲክሙ ኃጢአተክሙ" ያዕ. ፭:፲፮። ቅዱስ ጳውሎስውን ብወገኑ ኣንታ ነዚ ነገርዚ እትሠርሕ ሰብ ካብ ፍርዲ እግዚኣብሔር ተመልቑ ደ ይመስለካ፧! ወይሲ ነዚ ናይ እግዚኣብሔር ለውሃት ክእለቱን ትዕግሥቱን ናብ ንስሓ ከምዝመርሓካ ከይፈለጥካ ናይ ለውሃቱን ናይ ክእለቱን ናይ ትዕግሥቱን ከም ጽንዓ ትካን ከምቲ ናብ ንስሓ ከምዘይምለስ ልብኻ ናይ እግዚኣብሔር ቅኑዕ ፍርዲ ብዝግለጸሉን ብዝቍጥዓሉን መዓልቲ ቍጥዓ ኣብ ልዕሌኻ ትእክብ ኣሎኻ፤ ይብል። ሮሜ ፪:፫-፭። ወንጌላዊ ዮሓንስውን ራእይ ኣብ ዝተባህለ መጽሓፉ ካበይ ከምዝወደቕካ ሕሰብ ንስሓ ከኣ እቶ። እቲ

ቀዳማይ ሥራሕካ ግበር እዚ እንተ ዘይኮይኑ ግና ብንስሓ እንተዘይተመሊስካ ኣነ ቐዊመ ቐንዴልካ ካብ ሥፍራኡ ከወስዶ እየ፣ ራእ ዮሓ ፪፡፭። ኣስዒቡውን ሕጂ ንስሓ እቶ ብንስሓ ተመለስ፣ እዚ እንተ ዘይኮይኑ ግና ቀልጢፈ ክመጸካ እየ፣ ብኣፈይ ሰይፊውን ክዋግኦም እየ ይብል።

እምበኣር ናይ ንስሓ መገዲ ነዚ እዩ ዚመስል፣ ንትምህርቲ ዚኣክልን ንመምርሒ ዚኸውንን በመጠኑ ተጠቒሱ ኣሎ እምበር ንስሓ ብብሉይን ብሓዲስን ሥሩዕ ከምዝኾነ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ። ነዚ ተጠንቂቕካ እንተ ኣንቢብካዮ ብቑዕ እዩ።

<u>ንመጠቓለሊ</u>፣ ቀንዲ ምሥጢረ ንስሓ ዝህቦ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ግና ዝረስሐ ሰብነት ወይ ዝረስሐ ክዳን ወዘተ... ብማይ ኪሕፀብ ከሎ ከምዚነጽሕ ብኃጢኣት ዝመረተን ዝተባላሸወን ሰብነትውን ክነጽሕን ክጸርን ዝኽእል፣ ሓደ ሰብ ኃጢኣቱ ፈሊጡ ዝበደሎ በደልን ዝሠርሖ ኃጢኣትን ሓደ ብሓደ ዘርዚሩ ንመምህረ ንስሓኡ ነጊሩ ክንሳሕ ከሎ እዩ። ብንስሓ ካልኣይ ምውላድ ማለት በብጊዜኡ ርእሰካ ንሥሓ እናኣቶካ ርእሰካ ንእግዚኣብሔር እናግዝኣኻካ ምሕረትን ይቕሬታን ክትልምን ምንባር እዩ። በዚ ምኽንያትዚ ከኣ ናይ እግዚኣብሔር ውልድነት ብምርካብ ሓደስቲ ኮይናም ከምዝውለዱ ሕፃናት፣ ካብ





መንፈስ ቅዱስ ሥርየተ ኃጢኣትን ንጽሕናን ምርካብ ማለት ምኻኑ ምስትውዓል የድሊ።

## <u>ምዕራፍ ፭ - በእንተ ጾም፤</u>

ብወልድ ውሉድ ብክርስቶስ ክርስቲያን ዝተባህለ ኵሉ፣ ቤተ ክርስቲያን ዝሠርዓቶም ኣጽዋማት ሙጻም ከምዝግብኦ ንገልጽ። ጾም ንምግባረ ሠናይ ኵሉ መሠረት እዩ፣ መሠረትነቱ ድማ ብብሉይ ብሓዲስ ዝተነግረን ዝተደንገገን እዩ። “ጾመ ሙሴ ፵ መዓልተ ወ፵ ሌሊተ” ዘዳግ ፱፡፱። “ጹሙ ወኢትብልዑ ወኢትስተዩ እስከ ሠሉስ መዋዕል እነኒ ወእዋልድየኒ ንጸውም” ኣስ. ፬፡፲፮። ዳዊትውን፣ “ወአሕመምክዋ በጾም ለነፍስየ” መዝ. ፴፬፡፲፫። “ወቀጻዕክዋ በጾም ለነፍስየ” መዝ. ፷፰፡፲። “ወደክመኒ ብረክየ በጾም” መዝ. ፻፰፡፳፬። “ቀድሱ ጾመ ወሰብኩ ምህላ” ኢዩ ፩፡፲፬። “ወውእቱ አሚረ አነ ዳንኤል ሀሎኩ እላሁ ፫ተ ሰናብተ መዋዕለ ኢፈተውኩ እብላዕ እክለ ወኢቦአ ውስተ አፉየ ሥጋ ወወይን፣ ወቅብዐ ኢተቀባዕኩ” ዳን ፲፡፪።

ሙሴ ፵ መዓልቲ ፵ ለይቲ ከምዝጾመ፣ ዘዳግ. ፱፡፱። ኣስቴርውን እኽለ ማይ ከይበላዕኩምን ከይሰተኹምን ጹሙ ኣነን ኣዋልደይንውን ክንጸውም ኢና ኢላ ከምዝኣዘዘት ተጻሒፉ ይርከብ። ኣስ ፬፡፲፮። ከምኡውን

ዳዊት ነዛ ሰብነተይ ብጾም ኣዋረድክዋን ኣድከምክዋን ይብል፡ መዝ. ፴፬:፲፫ ፷፰:፲። ። ነቢይ ኢዩኤልውን "ጾም ኣውጁ ኣኼባ ጸውዑ ኢሉ ኣሎ" ኢዩ ፩:፲፬። ከምኡውን ነቢይ ዳንኤል "በቲ ጊዜ እቲ ኣነ ዳንኤል ሠለስተ ሰሙን ምሉእ ኀዚነ ነበርኩ፡ እተን ሠለስተ ሰሙን ክሳዕ ዚውድኣ ጥዑም መባልዕ ኣይበላዕኩን፡ ሥጋን ወይንን ኣብ ኣፈይ ኣየእቶኹን ዘይቲውን ኣይተለኸኹን" ይብል፡ ዳን ፲:፪።

ናይ ጾም ነገር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ፶፭ ጊዜ ንላዕሊ ተጠቒሱ ከምዘሎ ይፍለጥ። ኣብ ዮናስ ፫:፭ ዳንኤል ፲:፪ እንተ ተመልከትና ብፍሩይ ቀለም ተጻሒፉ ንረኽቦ ኢና። ጾም ብኣዋጅ ዝተደንገገ ምዃኑ ክገልጽ ዕዝራውን ከምዚ ይብል፡ "ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ርእስና ከነዋርድ፡ ነኣናን ንሕፃናትናን ንኹሉ ቅንዕቲ መገዲ ካብኡ ክንልምን ኢለ ኣብ ርባ ኣሃዋ ጾም ኣወጅኩ ይብል፡ ዕዝ ፰:፳፩። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎ ብመጠኑ ነዚ ዝመስል ኪኸውን ከሎ ኣብ ሓዲስ ኪዳንውን ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ድማ ጐይታናን መድኀኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዮርዳኖስ ብኢድ ዮሓንስ ምስ ተጠምቀ ከይወዓለ ከይኃደረ ገዳመ ቆሮንቶስ ኣትዩ ፵ መዓልትን ፵ ለይትን ከምዝጾመን በዚ ከኣ መንፈሳዊ ሥርሑ ከምዝጀመረን ኣብ ቅዱስ ወንጌል ተጻሒፉ ይርከብ፡ "ወጾመ እግዚእነ ፵ መዓልተ ወ፵





ሌሊተ" ይብል፡ ማቴ ፱:፲፭። ኣብዚ ክስትውዓል ዘለዎ ንሱ ጸይሙልና እዩ እሞ ንሕና ክንጸውም ኣይግብኣናንዩ፡ ጹሙውን ኢሉ ኣይኣዘዘናን ዝብሉ ሰባት እንተደኣ ኣልዮም፡ ከምዚ ዝብሉ ሰባት ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ስለ ዘየንበብዎን ስለ ዘይተረድእዎን እምበር ቅዱስ ወንጌልሲ "ምእንቲ ጽድቂ ኢሎም ዝጠምዩን ዝጸሙን ብፁዓን ኢዮም" እዩ ዝብል። "ብፁዓን እለ ይርኅቡ ወይጸምኡ በእንተ ጽድቅ" ማቴ ፭:፮። ቀጺሉ "ክትጸሙ ከሎኹም ከምዞም ግቡዛት ኣይትኹኑ" "ወሶበ ትጸውሙ ኢትኩኑ ከመ መደልዋን" ይብል፡ ማቴ ፮:፲፮። ጾም እንድኣሎ ዘየልዩን ንሱ እንተጸይሙልና ደኣ ንምንታይ ክትጸሙ ከሎኹም ከምዞም ግቡዛት ኣይትኹኑ ክብል ከኣለ! ብተወሳኺውን እቲ መርዓዊ (ጐይታናን መድኀኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ) ካብ ማእከሎም ዝውሰደሉ ጊዜ ኪመጽእ እዩ ሽዑ ክጸሙ እዮም ዝብልውን ተጻሒፉ ኣሎ፡ ወባሕቱ ይወጽእ መዋዕል አመ ይነሥእዎ ለመርዓዊ እምኔሆሙ ወአሜሃ ይጸውሙ፡ ማቴ ፱:፲፭። ከምኡውን ሓደ መዓልቲ ከኣ ወዱ ዝሓመሞ ሰብ መጺኡ እንተ ለመኖ ነቲ ወዱ ካብ ሕማሙ ምስ ኣሕወየሉ "እዚ ከምዚ ዝበለ ዓሌት ብዘይ ጾምን ጸሎትን ዘወፅእ ኣይኮነን እዩ ዝበሎ" "ወይቤሎሙ ዝንቱ ዘመድ ኢይክል አውፅኦቶ ዘእንበለ በጾም ወበጸሎት" ማቴ ፲፯:፳፩።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን መንግሥተ ሰማያት ድላይካ እናበላዕካን እናሰቴኻን ከይጸምካን ከይጸሌኻን ከምዘይትውረስ ብምምልካት "መንግሥቲ ኣምላኽ ብመብልዕን ብመስተን ኣይትውረስን እያ ኢሉ ኣሎ" "እስመ ኢኮነ መንግሥተ እግዚአብሔር በመብልዕ ወበመስቴ ዘእንበለ ጽድቅ ወሰላም" ሮሜ ፲፬:፲፯። ተወሳኺ ኣብ ግብረ ሓዋርያትውን ምምልካት እዩ፡ ግብ ሓዋ ፲፫:፫፣ ፲፬:፳፫። ነዚም ጾም ዘቃልሉ ኣይትቕረብዎም ካብኣቶም ረሓቑ ምኽንያቱ ድማ ንኸብዶም እምበር ንጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዘገልግሉ ኣይኮኑን ይብል። "ወተገኀሥዎሙ እስመ ለከርሦሙ ይትቀነዩ ወአኮ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ" ሮሜ ፲፮:፲፰። "ኣጎዋትና ጽባሕ ክንመውት ኢና ንብላዕ ንስተ ዝብሉ ከይስሕትኹም ተጠንቀቑ፡ ንብላዕ ወንስተይ ጌሠመ ንመውት ኢያስሕቱክሙ ኣጋዊን እስመ ነገር እኩይ ግዕዘ ሠናየ ያማስን" ፩ይ ቆሮ ፲፭:፴፫፡ እወ ከምዚ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ ምጥንቃቕ እዩ ዜድሊ። ጾም ዝህቦ ጥቕሚ የብሉን፡ ኣይረብሕንዩ እናበሉ ንኸብዶም ከግዝኡ ዝነብሩ፡ ዓርበ ረቡዕ ዝሰዕሩ ሰባት ኣብ ጥቓኹም ኣይቕረቡ፡ በቲ ክፉእ ግብሮም ከይስሕቱኹም ቀደምውን እንተኾነ ናይ ኃጢኣት መሠረቱ መብልዕ ምኳኑ ፍሉጥ እዩ። ምኽንያቱ እግዚአብሔር ንኣዳም ምስ ፈጠሮ ካብዚ ፍሬ በለስ ምስ ትበልዕ ክትመውት ኢኻ ንዝበሎ ትእዛዝ ምስ ኣፍረሰ እዩ ኃጢኣት ክመጽእ ዝኸኣለ።





ነዚ ነገርዚ ኣመልኪቱውን ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብሓደ ብኣዳም ምኽንያት ሞት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሰብ ከምዝመጸ ሕይወት ከኣ ብሓደ ብኢየሱስ ክርስቶስ መጸ ይብል፡ ሮሜ ፭:፲፪። እምበኣር መብልዕ ንኃጢኣት መሠረቱ ከምዝኾነ፡ ጾም ከኣ ንምግባረ ሠናይ ኩሉ መሠረት እዩ።

መጻሕፍትና እንተ ተመልኪትናን ታሪኽውን እንተደኣ ርኢናስ ነቢያት፡ ሓዋርያት፡ ጻድቃን፡ ሰማዕታት፡ ቅዱሳን ኩሎም ርስቲ መንግሥተ ሰማያት ብጾም፡ ብጸሎት፡ ብስግደት እምበር ብኻልእ ከምዘይትውረስ ብግብሪ ኣመልኪቶም እዮም። ዳዊትውን ኣብዚ ዓለምዚ ዝደኸመ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምዝረክብ ገሊጹ ኣሎ። ዘፃመወ በዓለም የሐዩ ለዝሉፉ፡ መዝ ፵፰:፱። ንመንግሥተ ሰማያት ብብዙኅ ድኻም እምበር ብዘይድኻም ትውረስ እያ ማለት ናይ ሰነፋት ቅኔ እዩ፡ እስመ በብዙኅ ሕማም ሀለወነ ንባእ ለመንግሥተ ሰማያት፡ ግብ. ሓዋ. ፲፬:፳፪። ሙጻም ዚኽእል ኣብዚጉ እንተጸመ ዓቢይ በረኸት ኣለዎ። ኣብዚጉ ሙጻም ዘይክእል ግና ነዘን ፲ ናይ ኣዋጅ ኣጽዋማት ተጠንቂቑ ሙጻም ይግብኦ። ሕጊ ጾም ዓቢይን ንእሽቶን ሰብኣይን ሰበይትን ወድን ጓልን ካህንን ምእመንን ኢሉ ዚፈሊ ኣይኮነን እሞ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንና ንሓሉ።

## ምዕራፍ ፮ - በእንተ ጸሎት፤

ሰብ ብመልክዕን ምስልን እግዚኣብሔር ስለ ዝተፈጥረ ምስ እግዚኣብሔር ንምርኻብ ይደሊ፣ መራኸቢኡ ኸኣ ጸሎት ስለዝኾነ ተጊሁን ነቒሑን ኢዱ ዘርጊሑ ብኣንቃዕድዎ ሕሊና ንላዕሊ ኣንቃዕሪሩ ይጽሊ። ጸሎት ኪብሃል ከሎ ሃይማኖት ኣሎኒ ዝብል ሰብ ኵሉ በብናቱ ይጽሊ እዩ። ሕጂ ጸሎት ዘይብሉ ሰብኣዊ ፍጡር ኣይርከብንዩ፣ ግና ናይ ክርስቲያን ጸሎት ብክርስቶስ ምኽንያት ስለ ዝኾነ ፍሉይ እዩ።

ጸሎት ምስ እግዚኣብሔር ንራኸበሉ መንፈሳዊ ስልኪ (ቴሌፎን) እዩ ንማለት የድፍር። ጸሎት ብ፯ ጊዜያት፡ ብ፲፪ ጊዜያት፡ ብ፳፬ ጊዜያት ምጽላይ ይግባእ። ብ፯ ጊዜያት ምጽላይ ከምዝግባእ ቅዱስ ዳዊት "ሰብዐ ለዕለትየ እሴብሐከ" ይብል፡ መዝ ፻፲፰፡፻፷፬። ኩሉሳዕ ምጽላይ ከምዝግባእውን ክገልጽ ከሎ፣ "እባርኮ ለእግዚአብሔር በኵሉ ጊዜ" ኵልሳዕ ንእግዚኣብሔር ኣመስግኖ እየ ይብል። መዝ ፴፫፡፩፤ ሉቃ ፲፰፡፩። ጴጥሮስን ዮሓንስን ድማ ሰዓት ፱ ኪጽልዩ ናብ ቤተ እግዚኣብሔር ከዱ፣ "ወዓርጉ ምኵራበ ጴጥሮስ ወዮሐንስ ጊዜ ተሱዓት ለጸሎት" ይብል። ግብ ሓዋ ፫፡፩። "ወእንዘ ንሑውር ጊዜ ተሱዓት ለጸሎት ረከበተነ፣ ሓደ መዓልቲ ናብ ቤት ጸሎት ኣቢልና ክንከይድ ከሎና ሓንቲ ጓል





ረኸበትና" ግብ ሓዋ ፲፮፡፲፮። "ወጊዜ መንፈቀ ሌሊት ጸለዩ ጳውሎስ ወሲላስ ወሰብሕዎ ለእግዚአብሔር፣ ሓደ ጊዜ ድማ ፍርቂ ለይቲ ኪኸውን ከሎ ጳውሎስን ሲላስን ንእግዚኣብሔር እናመስገኑ ጸለዩ" ቍ. ፳፭። ንቶም ኣብ ሮማ ዝነበሩ ምእመናንውን፣ "ከመ እዜክረክሙ በጸሎትየ ዘልፈ፣ ኵልሳዕ ብጸሎተይ እዝክረኩምየ ይብል" ሮሜ ፩፡፱-፲። ኣብ ፊልጵስዩስ መልእኽቱውን፣ "ወእጼሊ በኵሉ ጊዜ በእንቲአከሙ ወእገብር ጸሎተ፣ ኵልሳዕ ምእንታኹም ብሓጎስ እጽሊ ኣሎኹ ይብል" ፊል ፩፡፬። "ወንዜከረክሙ ወትረ በጸሎትነ፣ ኣብ ጸሎትና ኵልሳዕ ኢና እንሓስበኩምን ንዝክረኩምን" ፩ይ ተሰ ፩፡፪። ኣብ ናይ ጢሞቴዎስ መልእኽቱውን ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ እናበለ የማኅፅን። "አስተበቍዓከ ቀዳሜ ኵሉ ትግበር ጸሎተ ወስኢለ ወተጋንዮ ወበእንተዝ ጸልዩ ላዕለ ኵሉ ሰብእ፣ እምበኣርከስ ምእንቲ ኵሉ ሰብ ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእናን ብዘይ ሁከት ምእንቲ ክንነብርሲ ምእንቲ ነገሥታትን ምእንቲ ኵሎም መኳንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር ቅድሚ ኵሉ እምዕድ ኣሎኹ" ፩ ጢሞ. ፪፡፩-፪። "ወጸልዩ ላዕለ ቢጽክሙ ከመ ትሕየዉ ብዙኀ ትረድእ ጸሎቱ ለጻድቅ ትክል ወታሠልጥ፣ ምእንቲ ብጻይኩም ጸልዩ፣ ናይ ጻድቅ ጸሎት ብዙኅ እያ እትረድእ" ያዕ ፭፡፲፮። ሉቃስውን ከምዚ ይብል፣ "ትግሁ እንከ በኵሉ ጊዜ ከመ ትክሀሉ አምስጠ በጸሎትክሙ እምነ ኵሉ፣ ስለዚ ካብዚ ዝመጽእ ነገር ንምምላቕን ኣብ

ቅድሚ ወዲ ሰብ ደው ንምባልን ኃይሊ ምእንቲ ክትረኽቡሲ ኩልሳዕ እናጸለኹም ንቕሑ" ይብል። ሉቃ ፳፩፡፴፮ ዘፍ ፳፡፲፯ ዘኍ ፲፩፡፪ ዘዳግ ፱፡፲፰። ጐይታውን፣ "ትግሁ ወጸልዩ ከመ ኢትባኡ ውስተ መንሱት እስመ መንፈስ ይፈቱ ወሥጋ ይደክም፣ ኣብ ፈተና ከይትኣትዉስ ጸልዩ ንቕሑ" ኢሉና እዩ። ማቴ ፳፮፡፵፩፤ ማር ፲፬፡፴፰፤ ሉቃ ፳፪፡፵።

## ምዕራፍ ፯ - በእንተ ቤተ ክርስቲያን፤

ንቤተ ክርስቲያን ብጸጋ ምስጋድ ከምዝግባእ ቅዱሳት መጻሕፍትና ይእዝዙ እዮም። ቤተ ክርስቲያን ማለት ብ፫ ዓበይቲ ክፍልታት ይኽፈል። እዚ ድማ ቀዳማይ፣ "ስግዱ ለእግዚአብሔር በዓፀደ መቅደሱ፣ ኣብ ዓ ፀድ ቤተ ክርስቲያን ኮይንኩም ንእግዚኣብሔር ስገዱ" መዝ ፳፱፡፱፣ ብዝበሎ መሠረት ክርስቲያናት ተኣኪቦም እናሰገዱ ኣምልኮቶም ዝፍጽሙሉ ቅዱስ ስፍራ (ቤት) ቤተ ክርስቲያን ይበሃል። ካልኣይ ናይ እግዚኣብሔር ቤተ መቕደስ ንሰኻትኩም ኢኹም ብዝተበሃልናዮ መሠረት ነፍስ ወከፍ ምእመን ቤተ ክርስቲያን ይበሃል። ፩ይ ቆሮ ፫፡፲፮። ብሓልሳይ ከኣ ማኅበረ ምእመናን ቤተ ክርስቲያን ይበሃል። እዚውን ናይ ግብጺ ቤተክርስቲያን ፡ ናይ ኤርትራ ቤተ ክርስቲያን ከም ምባል እዩ፣ ፩ይ ጴጥ





፭፡፲፫። ብዛዕባ ሕንፃ ቤተ መቕደስ መብርሂ ስዒቡ ተጻሒፉ ኣሎ።

"ወንሰግድ ውስተ ጽርሐ መቅደስከ በፈሪሆትከ፡ ስለ ንዓኻ ብምፍራህ ኣብ ቅድሚ ቤተ መቕደስካ እሰግድ" መዝ ፭፡፯ ፩ይ ነገ ፰፡፳፱። ከምኡውን "ወንሰግድ ውስተ መካን ኀበ ቆመ እግረ እግዚእነ፣ ኣብቲ እግሪ ጐይታ ዝቖመሉ ንሰግድ ይብል" መዝ ፻፴፪፡፯። ነቢይ ኤርምያስውን፣ "ወከመዝ ይቤ እግዚአብሔር ቁሙ ውስተ ዓፀደ ቤተ እግዚአብሔር ወርእዮሙ ለኵሉ ኣይሁድ እለ ይመጽኡ ይሰግዱ ውስተ ቤተ እግዚአብሔር፣ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ ኣብቲ ኣደባባይ እግዚኣብሔር ጠጠው በል፣ ኣብቲ ውሽጢ ቤተ እግዚኣብሔር ክሰግዱ ንዝመጹ ኑቶም ናይ ይሁዳ ከተማታት ኵሎም ንኽትነግሮም ዝኣዘዝኩኻ ትእዛዘውን ኵሉ ንገሮም" ይብል። ኤር. ፳፮፡፪፤ ዘዳግ ፲፪፡፭። ከምኡውን ባዕሉ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ "ናብ ቤተ መቕደስ ኣትዩ ኸኣ ኑቶም ዚሸጡን ዝዓየጡን ቤተይ ቤት ጸሎት እያ፣ ንስኻትኩም ግና በዓቲ ጐሓሉት ገበርኩምዋ" እናበሎም ኬውፅእ ከምዝጀመረን ኣብ ጸጽባሕ ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ይምህር ከምዝነበረ ቅዱስ መጽሓፍ ይነግረና። ሉቃ ፲፱፡፵፭-፵፯ ዮሓ ፰፡፪።



ስገዱ ለእግዚአብሔር በዓፀደ መቅደሱ።
"ንእግዚአብሔር ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ስገዱ" መዝ. ፺፰:፱።





እዚ መንፈሳዊ ባህሊ እዚ ካብ ቅድም ዘመን ብሉይ ጀሚሩ ተተኃኒዙ ዝመጸ እምበር ሎሚ ኣብ ቀረባ ጊዜ ዝመጸ ከምዘይኮነ ኣስተውዕሉ። እዚ ኸኣ ቀደም እግዚኣብሔር ንሙሴ ደብተራ ኦሪት ሥራሕ ኢልዎ (ዘፀአ ፳፭) ብድኅርዚ ድማ ሰሎሞን ቤት መቕደስ ኣሕነፀ (፩ይ ነገ ፳) እዛ ብሰሎሞን ዝተሠርሐት ቤተ መቕደስ ብናቡከደነፆር ምስ ፈረሰት ከኣ እግዚኣብሔር ቤተይ ሥርሑ ኢሉ ብዝኣዘዞ መሠረት ዘሩባቤል ቤተ መቕደስ ሠርሐ( ሓጌ ፩)። ኣብኡ መሥዋዕትን ስግደትን እናቕረቡ ንእግዚኣብሔር ብምምላኽ መንፈሳዊ ኣገልግሎቶም ይፍጽሙ ነይሮም። እምበኣር ብዘመነ ብሉይ ሙሴ ዝሠርሖ ደብተራ ኦሪት፡ ሰሎሞንን ዘሩባቢልን ዝሓነፅዎ ቤተ መቕደስ ናይ ቤተ ክርስቲያን ምሳሌ እዮም ዝነበሩ። ተወሳኺ ኣብነት ከኣ፡ "ወቦ እምሰብአ ጽርእ እለ ዓርጉ ይስግዱ ለበዓል፡ ካብቶም በቲ በዓል ኪሰግዱ ዝደየቡ ኸኣ ኃያሎ ጽርኣውያን ነበሩ" ይብል ዮሓ ፲፪:፳። በል ኣስተውዕል እዞም ከሰግዱን መስዋዕቲ ከቕርቡን ናብ ኢየሩሳሌም ዝወፁ ዝነበሩ ጽርኣውያን ኣብ ዓዶም ኣምላኽ ዘየልቦ ኮይኑዶ እዩ፧ እዚ መሥዋዕትን ስግደትን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኮይንካ ዝፍጸም ምኳኑ ኘከረድእ እዩ። ሓናን ኤልሳቤጥን ዝተባህላ ቅዱሳት ኣንስቲውን ናብ ቤተ እግዚኣብሔር ኣትየን ብምጽላየንን ብምስጋደንን ናይ እግዚኣብሔር ፈተውቲ ተባህላ እምበር ኣይተነኽፋን።





ቀንዲ ነገር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እግዚአብሔርን ሰብን ዝራኸበላ መንፈሳዊት ዓውደ ምሕረት እያ። ኣብዚውን ክርሳዕ ዘይብሉ ቓል ኣሎ እዚ ኸኣ ቤተ ክርስቲያን ፍሉይ ኪዳን ዘለዋ ምኺኑ እዩ። እግዚአብሔር ንሰሎሞን ከምቲ ኣብ ገባኦን እተገልጸሉ፡ ካልኣይ ጊዜ ተገልጸሉ፡ እግዚአብሔር ድማ በሎ እቲ ኣብ ቅድመይ እተማህለልካዮ ጸሎትካን ምህልላኻን ሰሚዔዮ ኣሎኹ፡ ነዛ ዝሠራሕካያ ቤት ስመይ ክሳዕ ዘለዓለም ኣብኣ ኪነብር ቀዲሰያ ኣሎኹ፡ ዓይነይን ልበይን ከኣ ንሓዋሩ ኣብኣ ኪነብራ እየን ብማለት ንዝሃቦ ቓል ምስትውዓል ይግባእ። ዋና ፍረ ነገር ዓይነይን ልበይን ንሓዋሩ ኣብኣ ኪነብራ እየን ዝበሎ ቓል ንርእሱ ሓናፂ ቓል እዩ፡ ፩ይ ነገ ፱፡፪-፫።

## ምዕራፍ ፳ - ብእንተ ታቦት፤

ታቦት ብፍቓድ እግዚአብሔር ንክርስቲያን ናይ ኣምልኾቱ ምስክር ኮይኑ ንኽነብር ዝተፈቕደ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ካብ ዝነብሩ ንዋያተ ቅዱሳት ላዕለዋይ ደረጃ ሒዙ ዝርከብ ዝተፈልየ ክብርን ታሪኽን ዘለዎ ናይ ኣምልኮተ እግዚአብሔር ምልክት እዩ። እዚ ድማ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ማለት ካብ ሙሴ ተተሓሒዙ ዝመጸ እምበር ንሕና ብፍልስፍናና ዘምጻእናዮ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ቀደም እግዚአብሔር ንሙሴ ጸዊዑ ኣብ ደብረ ሲና ጽላት ድኅሪ ምሃቡ ከም ብሓድሽ ነቲ ዝሃቦ ጽላት ማኅደር

ንክሽውን ካብ ዘይነቅዝ ዕንጨይቲ ታቦት ንኽሠርሕ ኣዘዞ፡ "ግበር ታቦተ እምዕፀ ዘኢይነቅዝ" ዘፀአ ፴፭:፲። እቲ ታቦት ስም እግዚአብሔር ዝተጻሕፎ ስለ ዝነበረ ደቂ እስራኤል ይሰግዱሉ ነበሩ። ኢያሱን እቶም ዓበይቲ እስራኤልን ድማ ክዳውንቶም ቀዲዶም ኣብ ኣርእስቶምውን ሓመድ ነስኒሶም ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚአብሔር ክሳዕ ምሸት ብገጾም ኣብ ምድሪ ተደፍኡ ይብል፡ ወሠጠጠ አልባሲሁ ኢያሱ ወወድቀ በገጹ ውስተ ምድር ወሰገዱ ቅድመ ታቦቱ ለእግዚአብሔር እስከ ሠርክ ውእቱ ወሊቃናቲሆሙ ለእስራኤል፡ ኢያ. ፯:፮። እምበኣር ሙሴ፡ ኢያሱ፡ ዳዊት ኵሎም እስራኤላውያን ንታቦት ይሰግዱ ነበሩ፡ ግና ንታቦት ብምስጋዶም ፈተውቲ እግዚአብሔር ደኣ ተባህሉ እምበር መምለኽቲ ጣኦት ኣይተባህሉን፡ ሕጅውን እንተ ኾነ ስም እግዚአብሔር ዝተጻሕፎ ብምዃኑ ማኅደር እግዚአብሔር እዩ ኢልና ናይ ጸጋ ሰግደት ንሰግደሉ እምበር ታቦት ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ ኢልና ኣይንሰግድን ኢና። እግዚአብሔርውን ታቦት ክህብ ከሎ ንዓይ ሓዲግካ ንጣኦት ስገድ ኣይበሎን፡ እንታይ ደኣሲ ኣብኡ ኃዲረ ኣምልኾተይ ክገልጸልካ እየ ንኽብሎ ኢሉ እዩ። ፈለማ እቲ ጽላት ምስተሰብረውን ከምኡ ጌርካ ሥራሕ ተባሂሉ ደኣ ተኣዘዘ እምበር ካብ ተሰብረስ ይትረፍ ኣይተባህለን፡ "ወወቀረ ሙሴ ፪ኤ ጽላተ ዘዕብን በከመ ቀዳሚ፡ ወጌሠ በጽባሕ ወዐርገ ውስተ ደብረ





ሲና በከመ አዘዘ እግዚአብሔር ወጸሐፈ ውስቴቱ ፲ተ ቃላተ" ዘፀአ ፴፬:፬።

ታቦት ምኽባር ከምዝግባእውን፡ "ወሶበ በጽሐት ታቦተ እግዚአብሔር ውስተ ትዕይንት ወውዑ ሕዝብ በቃል ዓቢይ፤ እታ ታቦት ኪዳን እግዚአብሔር ናብ ሰፈር ምስ ኣተወት ብዘለዉ እስራኤል ምድሪ ክሳዕ እትንድቕደቕ ብዙኅ ሳዕ ዕልል በሉ" ፩ ሳሙ ፬:፭። እዚ ኸኣ እስራኤላውያን ነታ ታቦት ክንደይ ዚኣክል የኽብርዋ ከምዝነበሩ ዜመልክት እዩ። "ንንሥእ ለታቦተ አምላክነ እምነ ሴሎ ወትሑር ቅድሜነ ወታድኅነነ እምነ እዴሆሙ ለፀርነ" ይብል፡ ፩ይ ሳሙ ፬:፫። ቀደምውን ነገሥታት እስራኤል ናብ ኲናት ክከዱ ከለዉ ታቦት ሒዞም ምኻዶም ትረድኣና ካብ ጸላኢ ተድኅንና ኢሎም እዮም እምበር ንብላሽ ኣይኮነን። ታቦትውን መዓት ከምተምጽእ፡ ተኣምራት ከምትገብር ኣሕዛብ ከይተረፉ ዝመስከሩላ እዮም፡ "ለምንት አግባእክምዋ ኀቤነ ለታቦተ አምላከ እስራኤል ከመ ትቅትሉነ ምስለ ሕዝብነ ። ፩ይ ሳሙ ፭:፲ ኣብነት ክኾነና ፍልስጥኤማውያን ነታ ታቦት ኣምላኽ ወሲዶም ናብ ቤት ዳጎን ኣእተውዋ፤ ኣብ ጥቓ ዳጎን ከኣ ኣቐመጥዋ፡ ኣስቀሎናውያን ድማ ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ምስተንሥኡ ኣንሆ ዳጎን ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚአብሔር ብግንባሩ ናብ ምድሪ ወዲቑ ነበረ። ርእሲ ዳጎንን ክልቲኤን ኣእዳዉን ከኣ ተቖሪጸን ኣብ ልዳት ወዲቐን

ነበራ፡ ዳጎን ግና እቲ ማእከሉ ጥራይ ተሪፍዎ ነበረ ይብል፡ "ወነሥእዋ ኢሎፍሊ ለታቦተ እግዚአብሔር ወአብእዋ ቤተ ዳጎን ወጌሡ ሰብአ አዛጦን ወቦኡ ቤቶ ለዳጎን ወረከብዎ ውዱቀ በገጹ ቅድመ ታቦተ እግዚአብሔር .. ወእምዝ ሶበ ጌሡ በጽባሕ ወናሁ ረከብዎ ለዳጎን ውዱቀ በገጹ ቅድመ ታቦተ ሕጉ ለእግዚአብሔር ወርእሱ ለዳጎን ወክልኤሆን እደዊሁ ምቱር ወግዱፍ ኀበ መድረከ ወአልቦ ዘተርፈ እምኔሁ ዘእንበለ ማእከሉ" ፩ይ ሳሙ ፭:፪-፬። ስለዚውን ንታቦት ኣብቲ ዝግብኦን ንጹሕን ሥፍራ ቤተ ክርስቲያን ምቕማጥ ይግባእ እምበር ኣብ ዘይኮነ ሥፍራ ምቕማጥ ግቡእ ኣይኮነን። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን ታቦትን ጣኦትን ነንበይኑ ከምዝኾነ ኪገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል። ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ ንጽድቅን ኃጢኣትን እንታይ ኣራኺብዎ ወይሲ ንብርሃን ምስ ጸልማት እንታይ ኅብረት ኣልይዎ፡ ክርስቶስሲ ምስ ቤልሆር እንታይ ዓይነት ምስምማዕ ኣለዎ፡ ንኣማኒኸ ምስ ዘይኣማኒ እንታይ ግደ ኣለዎ፡ ድኀሪ ምባሉ ወመኑ ይዴምር ታቦተ እግዚአብሔር ውስተ ቤተ ጣኦት፡ ንታቦት ምስ ጣኦት እንታይ ስምምዕ ኣለዎ ይብል ፪ይ ቆሮ ፮:፲፬-፲፮።

ታቦት ኣይሸንኳይዶ ኣብ ምድርስ፡ ኣብቲ ላዕለዋይ ሰማይኳ ከምዘላ ኪገልጽ ከሎ "ወአስተርአየት ታቦተ ሕጉ ለእግዚአብሔር እንተ ውስተ መቅደሱ፡ እንሆ እታ ኣብ





ሰማይ ዘላ ናይ እግዚአብሔር ታቦት ሕጊ ተራእየት ተገልጸት" ይብል። ራእ ዮሓ ፲፩:፲፱። ናይ ታቦት ክብሪ ዝነግር እዚ ጥራይ ከምዘይኮነ ኣስተውዕል፡ እዚ ቐሪቡ ዘሎ ጥቕሲ ንምልክት ዚኣክል እዩ።

## ምዕራፍ ፱ - በእንተ ሰብእ፤

ሰብ ብተፈጥሮ ብመልክዕን ኣምሳልን እግዚአብሔር ስለ ዝተፈጥረ መትሕተ ፈጣሪ መልዕልተ ፍጡራን እዩ። ካብ ዝተፈጥሩ ሥነ ፍጥረታት ንሰብ ዝበልጽ ወይ ምስ ሰብ ዝመዓራረ ፍጡር ከምዘየልቦ ምፍላጥ ይግባእ።

በዚ ክቡር ተፈጥሮኡ ድማ ናይ ጸጋ ስግደት ከምዝስገደሉ ኣብ መጸሕፍቲ ተጻሒፉ ኣሎ። ደቂ ያዕቆብ ንኃዎም ብገጾም ፍግም ኢሎም ከምዝሰገዱሉ ኣብ ዘፍጥ ፵፪:፮ ንንብብ፡ "ሶበ መጽኡ አኃዊሁ ለዮሴፍ ሰገዱ ሎቱ በገጾሙ ውስተ ምድር" ዘፍ ፵፪:፮። "ይትቀነዩ ለከ አሕዛብ ወይሰግዱ ለከ መላእክት" ዘፍጥ ፳፯:፳፱። "ወወጽአ ኦርና እምውእቱ ጎርን ወተቀበሎ ለዳዊት ወሰገደ ሎቱ በገጹ ውስተ ምድር" ፩ይ ዜና መዋ. ፳፩:፳፩። "ወበዊኦ ጴጥሮስ ወተቀበሎ ቆርኖሌዎስ ወሰገደ ሎቱ ታሕተ እገሪሁ" ግብ ሓዋ ፲:፳፭። "ወአምጽአ ማኅቶተ ወሖረ እንዘ ይርዕድ እንተ ውስጥ ወሰገደ ኀበ ጳውሎስ ወሲላስ" ግብ ሓዋ ፲፮:፳፱። ናብ መልኣኽ(ሓለቓ) ቤተ

ነቢይ ይቕበል፣ ብስም ጻድቕውን ጻድቕ ዝተቐበለ ዓስቢ ጻድቕ ይቕበል፣ ካብዞም ነኣሽቱ ንሓደ እኳ ዝሑል ማይ እንተ ደኣ ኣስተዩ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ዋጋኡ ኣይተርፎን" ማለት እዩ። ማቴ. ፲፥፵። "እስመ ርኀብኩ ወኣብላዕክሙኒ ጸማእኩ ወኣስተይክሙኒ፣ ጠምየ ኣብሊዕኩሙኒ ጸሚኤ ኣስቲኹሙኒ" ማቴ ፳፭፥፴፭። "ክሉ ዘገበርክሙ ለ፩ዱ እምእሉ ንኡሳን ኣኀውየ እለ የኣምኑ ብየ ሊተ ገበርክሙ፣ እዚ ኹሉ ጌርኩምዎ ዘሎኹም ንዓይ ኢኹም ጌርኩሞ ዘሎኹም፣ ቍ. ፵ ዕብ. ፮፥፲። ወኣነሂ እብለክሙ ግበሩ ለክሙ ኣዕርክተ እምንዋየ ዓመፃ ከመ ኣመ የኀልቅ ንዋየክሙ ይትዌከፉክሙ እሙንቱሂ ውስተ ኣብያቲሆሙ ዘለዓለም፣ ኣነ ከኣ ምስተወድኣኩም ኣብ ናይ ዘለዓለም ኣባይቶም ምእንቲ ኪቕበሉኹምሲ በገንዘብ ዓመጻ ንርእስኩም ኣዕሩኽ ግበሩ እብለኩም ኣሎኹ፣ ሉቃ ፲፮፥፱። ወሶበ ትገብር በዓለ ወምሳሐ ጸውዕ ነዳያን ወምስኪናን ዕዉራነ ወስቡራነ ወብፁዕ አንተ እስመ አልቦሙ ዘይፈድዩከ፣ ወባሕቱ ትትዓሠይ ኣመ ይትነሥኡ ጻድቃን፣ ብዓል ብእትገብሩሉ ጊዜ ኣካለ ስንኩላን ጸውዕ ከምዚ እንተ ደኣ ጌርካ ዝፈድዩኻ ስለዘይብሎም ብፁዕ ኢኻ፣ ሉቃ ፲፬፥፲፫ ነህ ፰፥፲-፲፪።





## ምዕራፍ ፲፮ - በእንተ ተዝካር፤

ተዝካር ማለት "መሐራ እግዚኦ ለነፍሰ ገብርከ እገሌ" እናበልካ ስም እቲ ዝሞተ ሰብ ምዝካር ማለት እዩ፣ ተዝካር ኪግበረሉ ዝግባእ ከኣ ሕጊ እግዚኣብሔር ኺዙ ብትእዛዝ ፀኒዑ ብምኽሪ ካህን ዝነበረ ካብ ኃጢኣት ናብ ንስሓ ዝተመልሰ እዩ እምበር ሕጊ እግዚኣብሔር ኣፍሪሱ ትእዛዙውን ጥሒሱ ብንስሓ ካብ ኃጢኣቱ ንዘይተመልሰ ሰብ ተዝካር ኪወጸሉ ግቡእ ኣይኮነን። ግና ክፉእ ሥራሕ ኪሠርሕ ድኅሪ ምጽንሑ ብንስሓ እንተ ደኣ ተመሊሱ ክንጽልየሉን ተዝካር ክነውጽኣሉን ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን እዙዝ እዩ፣ እዚ ኸኣ "ዝሞተስ አዕረፈ፣ ወባሕቱ ግበር ተዝካሮ በግዕዘ ብሔሩ፣ እቲ ዝሞተስ ሓደ ጊዜ ሞይቱ እዩ፣ ነገር ግን ብቲ ልማድ ሃገሩ ተዝካር ኣውፅኣሉ፣ ይብል፣ ሲራክ ፴፰፥፳፫። "ወእመሰ ነገርነ ወአመነ ኃጢአተነ ምእመን ውእቱ ወጻድቅ ከመ ይኅድግ ለነ ኃጣውኢነ ወያነጽሐነ እምኵሉ አበሳነ" ፩ይ ዮሓ ፩፥፱። "ወእመቦ ዘርእዮ ለካልኡ እንዘ ይኤብስ አበሳ ዘኢኮነ ለሞት ለይስአሎ ለእግዚአብሔር ከመ ያሕይዎ ለዘይኤብስ አበሳ ዘኢኮነ ለሞት፣ እስመቦ አበሳ ዘለሞት ወኢኮነ በእንቲአሁ ዘእብል ከመ ይስአሉ ሎቱ፣ ለይስአሎ ለእግዚአብሔር" ፩ይ ዮሓ ፭፥፲፮። ወንጌላዊ ዮሓንስውን ኃጢኣትና እንተ ተናዘዝና ንኃጢኣትና ይቕረ ኪብለልና ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኪንጽሓና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

፩ይ ዮሓ ፩:፱። ከምኡውን ሓደ ንኃዉ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ኃጢኣት ኪገብር እንተ ረኣየ ይለምን፡ ኣምላኽውን ነቶም ናብ ሞት ዘየብጽሕ ኃጢኣት ዝገበሩስ ሕይወት ኪህቦም እዩ፥ ናብ ሞት ዘብጽሕ ኃጢኣት ኣሎ ፩ይ ዮሓ ፭:፲፮። እምበኣር ኣበሳ ዘለሞት ዝበሎ ኣብ ርእሲ ክሕደት ውግዘት ንዘለዎ እዩ፥ እዚ ኸምዚ ዝበለ ሰብ ተዘካር ኣይግብኦን እዩ። ሓደ ሰብ ኣብዚ ምድራዊ ዓለም ከሎ ንሥሓ እንተ ኣተወ ይቕረ ዝብለሉ እንተ ኮይኑ በቲ ኪነዋይ ዓለምውን ክትጽልየሉ ከሎኻ ይቕረ ከምዝብለሉ ዝተፈልጠ እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ በዚ ዓለም ኮነ ወይ በቲ ዝመጽእ ዓለም እዩ ዝብል፥ ማቴ ፲፪:፴፩። ሓዋርያ ያዕቆብውን፥ *ብዙኅ ትረድእ ጸሎቱ ለጻድቅ* ትክል ወታሠልጥ፡ **ጸሎት ጻድቕ** ብግብራ ብዙሕ ተሰልጥ እያ፥ ያዕ ፭:፲፮። **ነቢየ እግዚኣብሔር** ሙሴውን ንደቂ እሥራኤል ክባርኾም ከሎ ንኹሎም ሓደ ብሓደ ዝግብኦም በረኸት ክሕድረሎም ከሎ ሮቤል ብሕይወት ይንበር እምበር ኣይሙት፥ *ኣኃሥሥ* **ለሮቤል** *ወኢይሙተኒ*፥ ክብል ከሎ ሮቤል ሞይቱ እዩ ዝነበረ ብሕይወት ይንበር እምበር ኣይሙት ማለት ብነፍሱ ኣይሙት ማለት ከምዝኾነ ኣስተውዕል፥ ዘዳግ ፴፫:፮።

ሓለቓ ፻ ቆርኖሌዎስውን **ብጸሎትን ምጽዋትን ንእግዚኣብሔር** ከገልግል ድኅሪ ምጽንሑ ኣገልግሎቱ **ብእግዚኣብሔር** ተቐባልነት ምስረኸበ **ጸሎትካን ምጽዋትካን**





ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ በጺሑ ዝብል ቃል ከምዝሰምዐ፡ "*ጸሎትክ ወምጽዋትክ ዓርገ* ***ቅድመ እግዚአብሔር*** *ተዝካረ ሠናየ*" **ግብ ሓዋ ፲:፬** ተጻሒፉ ኣሎ። **ምጽዋት** ምስ ተዝካር ከምዝቀጸር ከኣ ኣብዚ ምስትውዓል ይግባእ።

ሕጂውን እንተኾነ ተዝካር ማለት መዘከርታ፡ ምጽዋት ስለዝኾነ ካህናት ዲያቆናት ከምኡውን ዝተሸገሩ ነዳያን ኵሎም በሊዖም ሰትዮም ነፍሲ እገለ ይምሓር እናበሉ ክጽልዩሉ ከለዉ ጕይታ ጸሎቶምን ልመናኦምን ሰሚዑ ነቲ ዝዓረፈ ዕረፍተ ነፍስ ከምዝህቦ ኢና እንኣምን።

## ምዕራፍ ፲፯ - ብእንተ ምጽዋት፤

**ምጽዋት ብብሉያት መጻሕፍቲ ኮነ ብመጻሕፍተ ሓዲሳት እዙዝን ሥሩዕን እዩ፥ ምጽዋት** ካብ ዓሚቝ ርኅራኄ ዝፍልፍል ባሕሪ ምሕረት እዩ ንማለት ይከኣል። ምጽዋት ከም ምድራዊ ለቓሒ ዘይኮነስ ሰማያዊ ለቓሒ እዩ። ምድራዊ ለቓሒ ኩተለቅሕ ከሎኻ ምድራዊ ለቓሒኻ እዩ ዝምለሰልካ **ንድኻ ምጽዋት** ክትምጽውት ከሎኻ ግና ኣብ ሰማይ ከምእትክፈሎ ፈሊጥካ ኢኻ ትምጽውቶ እምበር ካብቲ ዝመጽወትካሉ ከምለሰለይ እዩ ኢልካ ስለዘይትምጽውቶ እዚ ሰማያዊ ለቓሒ እዩ ዚበሃል፤ ስለዚ እዚ ከምዚ ዝበለ ንድኻ **ምምጽዋት ንእግዚኣብሔር ምልቃሕ** ማለት ምዃኑ ፍለጥ።

ምጽዋት ካብ ሞት ከም ዜድኅን ከኣ ኣብ መጽሓፈ ጦቢት ብጾም ዝተሠነየ ጸሎትን፣ ብቕንዕና ካብ ዝረኸብካዮ ምጽዋትን ጽቡቕ እዩ፣ ጦቢያ ፲፪:፰። ካብ ገንዘብካ ነቲ ንእግዚኣብሔር እሙን ከይኑ ዚእዘዝ ሰብ መጽውት ክትምጽውት ከሎኻ ድማ ብንፍገት ኣይትሃብ ይብል፣ ጦቢያ ፬:፯።

"ንድኻ ዝኀዝንን ዝምጽውትን ክቡር እዩ፣ እግዚኣብሔርውን ካብ ዝኾነ ሓደጋ የድኅኖ እዩ፣ ብፁዕ ዘይሌቡ ኣዕለ ነዳያን ወምስኪን እምዕለት እኪት ያድኅኖ እግዚኣብሔር" መዝ ፵:፩። "ገንዘቡ ንድኻታት ዚዕድል ጽድቁ ንዘለዓለም እዩ ፀኒዑ ዝነብር፣ ዘረወ ወወሀበ ለነዳይ፣ ወጽድቁሰ ይነብር ለዓለም" መዝ ፻፲፩:፭። ክትምጽውት ከሎኻውን ሰብ ምእንቲ ክርእዩኻ፣ ከመስግኑኻ ኢልካ ዘይኮነስ ምእንቲ እግዚኣብሔር ኢልካ እዩ ዝምጽወት። ምኽንያቱ ምጽዋትኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ከይከውን እሞ ብተወድሶ ክንቱ ከይጠፍኣኩም ተጠንቀቑ፣ "ወባሕቱ ዑቁ ምጽዋተክሙ ኢትግበሩ ለዓይነ ሰብ ከመ ያስተርእዩ ሎሙ ወእመ አኮሰ ዓስብ አልብክሙ በኀበ አቡክሙ ዘበሰማያት" ማቴ ፮:፩ እዩ ዝብል። ንዝለመነካ ሃብ ኣይትኸልኣዮ፣ ለኵሉ ዘሰአለከ ሀብ፣ ሉቃ ፮:፴ ዘዳ ፲፭:፯። ሰሎሞንውን ዚከኣለካ እንተኾይኑስ ነቲ ዚግብኦ ሰብ ሠናይ ግበረሉ፣ ጽባሕ ክህበካ እየ ኣይትበሎ ይብል፣ ወለቅሖ እንዘ ኢትሴፈዉ ትትፈደዩ ወይከውን ብዙኀ





ዕሤትክሙ ወትከውኑ ውሉደ ለልዑል እስመ ውእቱ ኄር ላዕለ ኄራን ወላዕለ እኩያን ወኩኑ መሐርያነ ከመ አቡክሙ መሐሪ፣ ምሳ ፫:፳፯-፳፰ ሉቃ ፮:፴፰። "ንድኻታት ኣይትረስዕዎም፣ ምኽንያቱ ንእግዚኣብሔር ባህ ዘብሎ ከምዚ ዝበለ መሥዋዕት እዩ፣ ኢትርስዑ ምሒረ ነዳያን ወተሳትፎቶሙ እስመ ከመዝ መሥዋዕት ይኤድሞ ለእግዚአብሔር" ዕብ ፲፫:፲፮ ሉቃ ፯:፴፰። ሓደ ሰብ ናብኻ መጺኡ ስም እግዚኣብሔር ጸዊዑ እንተ ለሚኑኳ ክርስቲያን ድዩ ካልእ ኢልካ ከይፈሌኻ ምሃብ ክርስቲያናዊ ግብሪ እዩ። ስለዚ ከየዳሎኻ ንኵሉ ምሃብ እዩ ዚግባእ።

ምጽዋት ኣይጠቅምንዩ እናበሉ ኣእካሎም ኣብ ቆፎ፣ ገንዘቦም ኣብ ሣጹን ዚእክቡን ካብኡ ከፊሎም ንዝተሸገሩ ዘይምጽውቱን ግና፣ ኣብዚ ምድራዊ ዓለም ከይተጠቕሙሉ እዮም ዝሞቱ። እቲ ኃዲኃምዎ ዝኸዱ ገንዘብ ከኣ ነዳያን ክንዲ ዝበልዕዎ ብነቐዝ ስለዝበላኞ ቀንዲ ዝኸሶምን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ጠጠው ኣቢሉ ስለ ዘውቅሶምን ፍዳኦም ጽኑዕ እዩ። ናብቲ ሃልሃልታኡን ልሳኑን በሊሕ ዝኾነ ነበልባላዊ ገሃነም እዮም ዝነብሩ። ሓዋርያ ያዕቆብውን ነዚ ብምምልካት ከምዚ ኪብል ስምዕ ታኡ የቕርብ፤ ሕጂ ኸኣ ኣቱም ሃብታማት ስምዑ በቲ ዝመጸኩም ዘሎ መከራ ዋይ! ዋይ! እናበልኩም ዓው ኢልኩም ብኸዩ፣ ሃብትኹም መሸምሹ ንክዳውንትኹምውን ብልዒ በሊዕዎ ወርቅኹምን ብሩርኩምን መሪቱ እቲ

ምምራቱ ከኣ ኪኸሰኩምዩ ይብል፡ "ንው ይእዜ ኣብልዕት ወብክዩ እንዘ ትግዕሩ ላዕለ ሕርትምናክሙ እንተ ሀለወት ትምጻእክሙ፡ ብዕልክሙኒ ነቅዘ፡ ወአልባሲክሙኒ ቈንቈነ፡ ወርቅክሙኒ ወብሩርክሙኒ ዝሕለ ወዛሕሉኒ ስምዐ ይከውን ላዕሌክሙ ወይበልዖ ለሥጋክሙ ከመ እሳት ዛቲ እንተ ገበርክሙ ለደኃሪ መዋዕል" ያዕ ፭፥፩-፮። ሓዋርያ ጳውሎስውን ንዕብራውያን ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ንዝተሸገሩ ሰባት ኣይትረስዕዎም ምኽንያቱ ድማ ጋሻታት ንቕበል ኢሎና፡ ክብሉ ከይፈለጡ መላእኽቲ ንምቕባል ዝተዓደሉ ሰባት ኣለዉ" ይብል። ዕብ ፲፫፥፪።

## ምዕራፍ ፲፰ - በእንተ ምግባር፤

ሓዋርያ ቅዱስ ያዕቆብ፡ "ሃይማኖት እንተ አልባቲ ምግባረ ሠናይ ምውት ይእቲ፡ ጽቡቕ ግብሪ ዘይብላ ሃይማኖት ነፍሲ ከምዝተፈልየቶ ሥጋ እያ፡ ፈጺማ ዝሞተትን ዘይተጠቅምንያ" ብዝበሎ መሠረት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ሃይማኖት ጽቡቕ ግብሪ ካብ ሃይማኖት ከምኡውን ሃይማኖት ካብ ጽቡቕ ግብሪ ፈላልያ ኣይትርእዮን እያ።

እዚ ማለት ከኣ ሃይማኖት ብዘይ ጽቡቕ ግብሪ መንግሥተ ሰማያት ከምዘይተእቱ፡ ጽቡቕ ግብርውን ብዘይ ሃይማኖት ምስ እግዚኣብሔር ከምዘየቀራርብ እዩ





ዝፍለጥ። ሓደ ሓደ ሰባት ሃይማኖት እንተ ደኣ ኂዝካ ጽቡቕ ምግባር ዝፍጽሞ ተግባር ከምዘይብሉ ንድኅነትውን ከምዘየብቅዕ ጌሮም እዮም ዝርእይዎ። ነዚ ሓሳብ እዚ ግና ያዕቆብ ኣይተቐበሎን፡ ከምዘይተቐበሎ ኸኣ እንሆ "ሃይማኖት ብዘይ ግብሪ ዋጋ ከምዘይብላ ምግባረ ሠናይውን ብዘይ ሃይማኖት ኣብ ግብሪ ከምዘይውዕል ብምሕሳብ ክልቲኤን እንተ ደኣ ተፈላልየን ምውታት ከምዝኾና እዩ ገሊጹ ዘሎ" ያዕ ፪፥፲፬-፲፯።

ጐይታውን እንተቾነ ንኹሉ ከከም ግብሩ ኪፈድዮ እዩ ዝበለ፡ እስመ አንተ ትፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ፡ መዝ ፷፪፥፲፪ ፩ይ ጴጥ ፩፥፲፯። ኵሉ ከም ሥርሑ ከምዚኸፈል ድማ ንምርግጋጽ ከምዚ ይብል፡ ሽዑ እቶም ሠናይ ዝገበሩ ናብ ትንሣኤ ሕይወት እቶም ክፉእ ዝገበሩ ድማ ናብ ትንሣኤ ኵነኔ ኪኸዱ እዮም፡ ወይወፅኡ እለ ሠናየ ገብሩ ውስተ ትንሣኤ ዘለሕይወት ወእለሰ እኩየ ገብሩ ውስተ ትንሣኤ ዘለደይን ዮሓ ፭፥፳፱። እምበኣር ጊዜ ከሎና ንኹሉ ሰብ ምናዳ ምናዳ ግና ነቶም ብእምነት ኣኅዋትና ዝኾኑ ሠናይ ንግበረሎም፡ ወኢንትሀከይ ገቢረ ሠናይ እስመ በዕድሜሁ ነዓርሮ አምጣነ ብነ ዕለት ንግበር ሠናየ ለኵሉ ወፈድፋድሰ ለሰብአ ሃይማኖት፡ ገላ ፮፥፱ ፪ይ ተሰ ፪፥፫-፲፫። "ኢትርስዑ ተቀብሎ ነግድ እስመ በእንቲአሁ ቦ እለ ከፈሎሙ ከመ ይትቀበሉ ነግደ መላእክት እንዘ

ኢየአምሩ” ዕብ ፲፫:፪-፫። ዘፍጥ ፲፱:፪ ፩ይ ጢሞ ፩:፲፰። “ምንተ እንከ ይበቍዕ አኃዊነ ለእመቦ ዘይብል ሃይማኖት ብየ ወምግባረ ሠናይ አልብየ ቦኑ ትክል ሃይማኖቱ አድኅኖቶ” ያዕ ፪:፲፬። ኣቦና ኣብርሃም ብግብሩዶ ኣይጸደቐን እዩ፧ ትፈቅድኑ ታእምር ኦ ብእሲ ዓብድ ከመ ሃይማኖት ዘእንበለ ምግባር ምውት ይእቲ፣ አብርሃም አቡነ አኮኑ በምግባሩ ጸድቀ፣ ያዕ ፪:፳፩። ረኣብውን ብግብራ ከምዝጸደቐት ረኣ፣ ትሬኢኑ ከመ ብምግባሩ ይጸድቅ ሰብእ ወአኮ በሃይማኖት ባሕቲታ፣ ወከማሁ ረዓብኒ ዘማ በምግባሪሃ ጸድቀት፣ ያዕ ፫:፳፫።

## ምዕራፍ ፲፱ - በእንተ በዓላት(ሰንበት)፤

በዓል ምክባር ትእዛዝ ሰብ ዘይኮነስ ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝ እዩ። ናይ ጐይታናን እግዝእትነ ማርያምን በዓላት ከምኡውን ሰንበታት ምኽባር ይግባእ። እዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ፯ ዕለታት ምሉእ ኪፈጥር ድኅሪ ምቕናዩ ብዕለተ ቀዳሚት ሰንበት ኣይፈጠረላን። ኣምላኽ ከኣ ካብቲ ዝገበሮን ዝፈጠሮን ኵሉ ግብሩ በታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ስለዘዕረፈን ንሕናውን ከኽብራ ስለዝኣዘዘና እዩ። “ወአዕረፈ እግዚአብሔር በሳብዕት ዕለት እምኵሉ ግብሩ፤ ወባረካ እግዚአብሔር ለዕለት ሳብዕት ወቀደሳ እስመ ባቲ አዕረፈ እምኵሉ ግብሩ ዘአኃዘ ይግበር” ዘፍጥ ፪:፪። ሰዱስ ዕለተ ተገበር ኵሎ ግብረከ





ወበሳብዕት ዕለት ሰንበቱ ለእግዚአብሔር አምላክከ፡ ዘፀአ ፳:፱-፲፩። ተዘከር ዕለተ ሰንበት አጽድቆታ ወዕቀብ ዕለተ ሰንበት ወቀድሳ በከመ አዘዘከ እግዚአብሔር አምላክከ፡ ዘዳግ ፭:፲፩-፲፪ ነህ ፲፫:፲፯-፲፱። ወለኵሎሙ እለ የዓቅቡ ሰንበታትየ ወኢያረኵሱ ወይትዔገሡ በሥርዓትየ አበውኦሙ ውስተ ደብረ መቅደስየ አስተፌሥሖሙ በቤተ ጸሎትየ ወይከውኑ ኅሩየ መሥዋዕትየ ወቍርባንየ፣ ኢሳ ፶፰:፲፫። ከመዝ ይቤ እግዚአብሔር ዕቀቡአ ነፍስከሙ ምንተኒአ ኢትንሥኡ ፆረ በዕለተ ሰንበት ወኢትፃኡ እንተ አናቅጺሃ ለኢየሩሳሌም ወኢታውፅኡ ፆረ እምአብያቲከሙ በዕለተ ሰንበት፣ ኤር ፲፯:፳፬።

ኣምላኽ ከኣ ካብቲ ዝገበሮን ዝፈጠሮን ኵሉ ግብሩ በታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ስለ ዘዕረፈ ንዓኣ ባረኻን ቀደሳን፣ ዘፍጥ ፪:፪። ፯ መዓልቲ ሥራሕካ ሥራሕ እታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ግና ናይ ኣምላኽካ ናይ እግዚኣብሔር ሰንበት እያ፣ ዘፀአ ፳:፱-፲፩ ዕብ ፬:፬ ዘዳግ ፭:፲፪ ነህ ፲፫:፲፯-፲፱። ንቶም ሰናብተይ ዚሕልዉ ንኣይ ዜሕጉስ ዚኃርዩ ኪዳነይ ድማ ዜፅንዑ ስሉባት ንኣታቶም ኣብ ቤተይን ኣብ ውሽጢ ደምበይን ስፍራ ካብ ኣወዳትን ኣዋልድን ዚበልጽ ስም ኪህቦም እየ ዘይጠፍእ ዘለዓለማዊ ስም ከኣ ክህቦም እየ። ነቶም ዜፍቅርዎን ዜገልግልዎን ንሰንበት ዜፍቅርዋን ንኪዳኑ ከኣ ተጠንቂቖም ዚሕልዉዎን ምስ ሕዝቡ ማኅበር

ዝኣተዉን ኣብቲ ቅዱስ እምባይ ከምጽኣኩም እየ፡ ኢሳ ፶፰:፲፫-፲፬።

**ብመዓልቲ ሰንበት** ብኣፍ ደጌታት እዛ ከተማ እዚኣ ያር ያይሮም ኣይእተዉ መዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ እያ እሞ የኽብርዋ ብእኣ ገለ ዕዮኳ ኣይዕየዩ፡ ኤር ፲፯:፳፬። ርግጽ እዩ ቀደም ብዘመነ ኦሪትሲ ቀዳም ብሕዝቢ እስራኤል ብዓቢይ ኽብሪ ትኽብር ነይራ፡ ሎሚውን እንተኾነ ብእስራኤል ዕለተ ቀዳሚት ዝተዓፀወ ኣይርሐን፡ ዝተራሕወን ኣይዕያን እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ብዘመነ ሓዲስ ተሳዒራ እያ ዝብል ሰብ እንተደኣ ኣልዩ፡ ግና ናትና መልሲ ካብዚ ዝተፈልየ እዩ፡ ቀዳሚት ሰንበት ብዘላቶን ብዝነበረቶን ደኣ ኣጽንዓ እምበር ኣይሠዓራን፡ እንተ ዝሥዕራ ደኣ እዞም ነፍሲ ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትስረቕ ወዘተ... ዚብሉ ፲ ዝተረፉ ትእዛዛት ንምንታይ ምስኣ ዘይተሣዕሩን ዘይኃለፉን፡ ሥርሓም ይሠርሑ ኣየለዉንዶ፡ ብቫልኣይ ደረጃ ኽኣ ንቐዳም ከምዘይሠዓራ **ብኣምላኻዊ ቃሉ** ኣነ ንሕጊ ሙሴ ኾነ ንነቢያት ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክሥዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም፡ ሰማይን ምድርን ክሳዕ ዚኃልፍ ኵሉ ሕጊውን ክሳዕ ዚፍጸም ካብ ሕጊ የውጣ ወይ ሓንቲ ሕንጻጽ ከም ዘይተኃልፍ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ኢይምሰልክሙ ዘመጻእኩ እስዓሮሙ ለኦሪት ወለነቢያት ኣላ ከመ እፈጽሞሙ" ማቴ ፭:፲፯። ካብዚ ንላዕሊ ከኣ ኣጸቢቑ ንምጽናዕን ንዕኣ ዝሠዓረ ከም





ዚቕጻዕን ከረድእ፡ እምበኣርሲ ካብዘን ንኣሽቱ ትእዛዛት ሓንቲ ዘፍረሰ ከምኡውን ንሰብ ዝመሃረ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ንእሽቶ ኪበሃል እዩ፡ ሕጉ ሓልዩ ዚምህር ግና ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዓቢይ ኪበሃል እዩ፡ ማቴ ፲፱:፳። እምበኣር ኣብ ልዕሊ ኦሪት ወንጌል ከምዝሠርዔ ከምኡ ከኣ ኣብ ልዕሊ ቀዳም ሰንበት ሠርዐ እምበር ንቐዳም ከምዘይሠዓራስ በዚ ቀሪቡ ዘሎ ጥቕሲ ኣረጋጊጹ ኣሎ። ብተወሳኺ ቅዱስ ጳውሎስውን፡ "*ሠዐርነሁ እንከ ሕገገ ኦሪት በእንተ አሚን ሐሰ፡ አኮ ዘንሥዕር ሕገ አላ ንሠርዕ፡* እምበኣር ንሕጊዶ ብእምነት ነፍርስ ኣሎና፡ ያእ ኣይፋልናን ንሕግስ እባ ደኣ ነደልድሎ ኣሎና" ብምባል ሕጊ ብእምነት ከምዝፀንዐ ይገልጽ፡ ሮሜ ፫:፴፩።

እዚ ካብ ዚኸውን ንሰንበት ንምንታይ ኢና ነኽብራ ዘሎና ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ኣልዩ ብሰንበት ፳፱ መጋቢት ስለዝተጸንሰላ፤ ፳፱ መጋቢት ካብ ሙታን ተፈልዩ ስለዝተንሥኣላ ኢና እነኽብራ ዘሎና፡ ዳዊትውን ክብራ ስለዝተረድአ "ነዛ ዕለት እዚኣ እግዚኣብሔር ስለዝፈጠረልና ብኣኣ ንተሓጎስ ደስ ይበለና፡ *ንትፈሣሕ ወንትኃሠይ ባቲ*" ይብል። **መዝ. ፻፲፯:፳፬። ሰንበት** ማለት ዕረፍቲ ማለት እዩ፡ ሓዋርያ ጳውሎስውን "ኣነ ምስ መጻእኩ ምእንቲ ኪኸውን ኣብ ሰሰሙን በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ነፍስ ወከፍኩም ከከም ክዕለቱ ኣዋህሊሉ የቐምጥ" ይብል፡ ፩ይ ቆሮ. ፲፮:፪።

ቀዳመይቲ መዓልቲ ዝበላ ሰንበት ምኳና ኣስተውዕል። ብተወሳኺ ድማ ሰንበተ ክርስቲያን መዓልቲ ጕይታ ተባሂላ ተጸዊዓ ኣላ። ራእ ዮሓ ፩፡፲።

## ምዕራፍ ፭ - በእንተ መቃብር፤

ኣዕፅምቲ ክርስቲያን ኣብ ቤተ ክርስቲይን ክባቢ እምበር ኣብ ዝረኸብካዮ ቦታ ምቕባር ግቡእ ኣይኮነን። እዚውን ብቅዱስ መጽሓፍ ዝተጻሕፈ እዩ። ካልእ ይትረፍሲ ዋላ ብሓደ ድንገተኛ ሞት እንተ ሞተውን ኣብ በረኻ እንተ ተቐብረ ነቲ ኣብ በረኻ ተቐቢሩ ዝነበረ ካብቲ ዝተቐብሮ ኣፍሊስካ ኣብ ክባቢ ቤተ ክርስቲያን ምቕባር ከምዝግባእ ኪገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፡ ያዕቆብ ንወዱ ዮሴፍ "ብጃኻ ምሕረትን እምነትን ግበረለይ፡ ምስ ኣቦታተይ ምስ ዝዓርፍ ካብ ግብጺ ተሰኪምካ ኣብ መቓብሮም ቅበረኒ ደኣ" በሎ። ዘፍጥ ፵፯፡፴። ከምኡውን ዮሴፍ ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ሓዲጎምዎ ከይከዱን ጎዞምዎ ከምዝከዱን ድማ ኣምሓሎም፡ ዘፍጥ ፶፡፳፭፡፴። ወግበር ምሕረተ ወጽድቀ ላዕሌየ ከመ ኢትቅብረኒ ውስተ ግብጽ ዳዕሙ ከመ እኑም ምስለ አበውየ ወአውፅአኒ እምነ ብሔረ ግብጽ ወቅብረኒ ውስተ መቃብሪሆሙ ለአበውየ፡ ዘፍጥ ፵፯፡፴ ፪ይ ሳሙ ፲፱፡፴፱።

ወአምሐሎሙ ዮሴፍ ለደቂቀ እስራኤል ወይቤሎሙ ኣመ ይሔውፅክሙ **እግዚአብሔር** አውፅኡ አዕፅምትየ እምዝየ





ሰብሕዎ በከበሮ ወበትፍሥሕት፡ ሰብሕዎ በአውታር ወበዕንዚራ፡ ሰብሕዎ በጸናጽል ዘሠናይ ቃሉ፤
ብኸበሮን ብማኅሌትን(መዝሙር) ኣመስግንዎ፤ ብቓና ኣውታርን እምብልታን ኣመስግንዎ፤ ጭልጭል ብዚብል ብጥዑም ዝደሃዩ ጸናጽል ኣመስግንዎ። መዝ. ፻፶፡፬-፭።

ምስሌክሙ፡ ዘፍጥ ፶፡፳፤ ፳፭፡፱። ወነሥአ ሙሴ አዕፅምቲሁ ለዮሴፍ ምስሌሆሙ እስመ መሐላ አምሐሎሙ ለደቂቀ እሥራኤል ወይቤሎሙ አመ ሐውፆ ይሔውጸክሙ ንሥኡ አዕፅምትየ ወአውፅኡ ምስሌክሙ እምዝየ። ዘፀአ ፲፫፡፲፱ ኢያ ፳፬፡፴፪።

በዚ መሠረት ድማ ሙሴ ካብ ግብጺ ኪወጽእ ከሎ ነቲ ኣዕፅምቲ ዮሴፍ ሒዝዎ ወጸ። ዘፀአ ፲፫፡፲፱ ኢያ ፳፬፡፴፪። ግና ኣብዚ ኪስተውዓል ዘለዎ ኣብ ግብጺ እግዚኣብሔር ዘየሎ ኮይኑ ኣብ ከነዓን ግና ዘሎ ኮይኑ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣሲ ግብጽ ናይ በረኻ ከነዓን፡ ወይ ኢየሩሳሌም ከኣ ናይ ቤተ ክርስቲያን ምሳሌ፡ ስለ ዝኾነ እዩ። ሕጂውን እንተ ኾነ ንኸሎም ደቂ ቤተ ክርስቲያን ሥጋኡን ደሙን ኣብ ዝፍተተሉ ስም እግዚኣብሔር ኣብ ዝጽወዓሉ ቃለ እግዚኣብሔር ኣብ ዝንገረሉ ኣብ ከባቢ ቤተ ክርስቲያን ምቕባር እዩ ዚግባእ እምበር፡ ከም እንስሳ ኣብዝረኸብካ ምቕባር ግቡእ ኣይኮነን።

## ምዕራፍ ፳፩ - በእንተ ማኅሌት፤

ማኅሌት ማለት ንእግዚኣብሔር ዝቐርብ ምስጋና እዩ፡ እዚ ኸኣ ኃለየ፡ ኣመስገነ፡ ካብ ዝብል ግሢ ዝወጸ እዩ። በዚ መሠረትዚ ብበዓለ እግዚኣብሔርን፡ ብበዓል ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያምን፡ ብበዓል መላእኽትን፡





ብበዓል ነቢያትን፡ ሓዋርያትን፡ ጻድቃንን፡ ሰማዕታትን፡ ክብ ብዝበለ ማኅሌትን ምስጋናን ምኽባር ከምዝግባእ፡ ቅዱስ መጽሓፍ ከምዚ እናበለ ይነግረና። "በጽሑ መላእክት ወበሙ መዘምራን፡ ማእከለ ደናግል ዘባጥያተ ከበሮ" መዝ ፷፰፡፳፭። "ንሥኡ መዝሙረ ወሀቡ ከበሮ መዝሙር ሐዋዝ ዘምስለ መሰንቆ" መዝ ፹፩፡፪። ሰብሕዎ በከበሮ ወበትፍሥሕት ሰብሕዎ በአውታር ወበዕንዚራ ሰብሕዎ በጸናጽል ዘሠናይ ቃሉ፡ መዝ ፻፶፡፬። ወየኀልዩ ማኅሌተ ሓዲሰ ቅድመ መንበሩ ወቅድመ እልክቱ ፬ቱ እንስሳሁ ወአልቦ ዘይክል አእምሮታ ለይእቲ ማኅሌት ዘእንበለ እልክቱ ፲ቱ ወ፻፻፻ ወ፹፻ እለ ተቤዘዉ እምነ ምድረ ግብጽ፡ ራእ ዮሓ ፲፬፡፫። መዘምራን ከበሮ ዝወቕዑ መላእኽቲ መጹ ይብል፡ መዝ ፷፰፡፳፭። ከምኡውን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ናይ ማኅሌት ከበሮ ምውቃዕ ከምዚግባእ መዝሙር ሓዙ ከበሮውን ኣምጽኡ እቲ መዝሙር ከኣ ምስ መሰንቆ ጽቡቕ ይኹን፡ መዝ ፹፩፡፪። ከምኡውን ብሓጐስ ኮይንኩም ብኸበሮ ኣመስግንዎ። ብበገናን ብእንዚራን ኣመስግንዎ፡ ጥዑም ደሃይ ብዘለዎ ጸናጽል ኣመስግንዎ ይብል፡ መዝ ፻፶፡፬ ዘፀአ ፲፭፡፳ ኢሳ ፴፰፡፳። ዳዊትን ብዘለዉ እስራኤልን ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብኹሉ ኃይሎም ብመዝሙራትን ብበገናን ብመሰንቆን ብኸበሮን ብጸናጽልን ብመለኸታትን ይዝምሩ ነበሩ ይብል፡ ዳዊትኒ ወኵሉ እስራኤል እንዘ ይትቀነዩ ወይትፌሥሑ በቅድመ እግዚአብሔር በኵሉ ኃይል ወምስሌሁ መዘምራን

እለኒ በጸናጽል፡ ፩ይ ዜና መዋ ፲፫፡፰። ወንጌላ
ዮሓንስውን ራእይ ብዝተባህለ መጽሓፉ ከምዚ ዚስዕ
ጽሒፉ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋንን ኣብ ቅድ
እቶም እንስሳትን ኣብ ቅድሚ እቶም ሸማግሌታት
ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ፡ ራእ ዮሓ ፲፬፡፫።

ማኅሌት ካብ ቅዱሳን መላእኽቲ ዝተረኽበ ምስጋ
እዩ፡ እዚ ኸኣ ቅዱስ ያሬድ ብተመስጦ ካብ መላእኽ
ዝቐሰሞ ኪኸውን ከሎ ቤተ ክርስቲያን ትግልገለ
መንፈሳዊ ፍረ መላእኽቲ እዩ። ስለዚ ደቂ እዛ ቤ
ክርስቲያን ዝኾንና ነዚ መንፈሳዊ ሃብቲ ከነጽንዮን በቲ
ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ንዋያት ጥራይ ድማ ክንጥቀመሉ
ይግባእ።

## ምዕራፍ ፳፪ - በእንተ ንጽሕና ወምንኩስና

ብንጽሕና፡ ብድንግልና፡ ብምንኩስና ምንባ
ከምዚግባእ ይገልጽ፡ እዚ ኸኣ ኣብ ብሉይን ኣብ ሓዲስ
ዘሎ እዩ፡ "ወቦ ሕፅዋን እለ ሐፀዉ ርእሶሙ በእን
መንግሥተ ሰማያት" ማቴ ፲፱፡፲፪። "ይኄይሶ ለብእ
ኢቀሪበ አንስት" ፩ይ ቆሮ ፯፡፩። "እስመ እፈቅድ ኵ
ሰብእ ይኩን ከማየ፡ ወባሕቱ እብሎሙ ለእለ ኢያውሰ
ወለመዓስብኒ ይኄይሶሙ ለእመ ነበሩ ከማየ" ቀ. ፯-፱።
"እስመ ዘኢያውሰበ ይሔልዮ ለእግዚአብሔር በዘያሠም





ለእግዚአብሔር፡ ወዘሰ አውሰበ ይሔሊ ንብረተ ዝንቱ ዓ
ለም በዘያሠምራ ለብእሲቱ።" ቀ. ፡፴፪። "ዘሰ አውሰበ
ሠናየ ገብረ ወዘሰ ኢያውሰበ እንተ ትኄይስ ገብረ" ቀ.
፴፰። ፪ይ ቆሮ ፲፩፡፪ እለ ንጹሐን እሙንቱ እምአንስት
በከመ ተወልዱ።

ብዘመነ ብሉይ እኒ ኤልያስ ብንጽሕና፡ ብድንግልና
እንተ ነበሩ ንጽሕንኦም ድንግልናኦምን ርእዩ ብኣፍራስ
እሳት ብሠረገላ እሳት ናብ ሰማይ ኣውፅእዎም፡ ወመጽአ
ሠረገላ እሳት ወአፍራሰ እሳት ወቦአ ማእከለ ክልኤሆሙ
ወአስተራትቆሙ ወዓርገ ኤልያስ ከመዝ ውስተ ሰማይ፡
፪ይ ነገ ፪፡፲፩። መጥምቀ መለኮት ዮሓንስውን ብንጽሕና
ብድንግልና ብምንባሩ ተመስጊኑ እምበር ኣይተነቕፈሉን፤
ካብዚ ንላዕሊ እኳ ደኣ ኣንስቲ ካብ ዝወለድኦም ካብ
መጥመቀ መለኮት ዝዓቢ የልቦን ኢሉ እዩ ጐይታ ዓለም
ክርስቶስ ዝመስከረሉ፡ "አማን እብለክሙ ኢተንሥአ
እምትውልደ አንስት ዘየዓብዮ ለዮሐንስ መጥምቅ" ማቴ
፲፩፡፲፩። ብዘመነ ሓዲስውን እኒ ዮሓንስ ወንጌላዊ እኒ
ሓዋርያ ጳውሎስ ንሳቶም ጥራይ ዘይኮኑ ካልኦት
ቅዱሳንውን ብንጽሕናን ብድንግልናን ፀኒዮም
ንእግዚኣብሔር ብምግልጋሎም ገነት መንግሥተ ሰማያት
ኣተዉ እምበር ሕጊ እግዚኣብሔር ኣፍሪሶም፡ ትእዛዝ
እግዚኣብሔር ጥሒሶም ተባሂሎም ክፍረዶም ኣይተራእየን፡
ኣይተሰምዐንውን።

ጐይታውን ድንግልናን ምንኵስናን ክቡር ምዃኑ ከረድእ ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ኢሎም ባዕሎም እተሰልቡ ስሉባትውን ኣለዉ ይብል፡ ማቴ ፲፱:፲፪። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን ሰብ ኵሉ ከማይ ካብ ሰበይቲ ርሒቑ እንተ ዝነብር ምፈቶኹ ይብል፡ ፩ይ ቆሮ ፯:፩-፯። ምኽንያቱ ከኣ ኪገልጽ ከሎ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ሰበይቲ ዘእተወ ፍቓድ ሰበይቱ ንከፍጽም እዩ ዚሓስብ፡ ሰበይቲ ዘየእተወ ግና ንእግዚኣብሔር ዘሥምረሉ ሓሳብ ጥራይ እዩ ዚሓስብ፡ ርግጽ ሓደ ሰብ እንተ ተመርዓወን ብሕጊ ሰበይቲ እንተ ኣእተወን ጽቡቕ እዩ ዝገብር፡ ግና ዘይተመርዓወን ብድንግልና ዝነብርን ይበልጽ ይብል፡ ፩ይ ቆሮ ፯:፴፰። ዮሓንስውን ብራእዩ ናይ ዝረኣዮም ክብሪ ኪገልጽ ከሎ እዚኣቶም ደናግል ስለዝኾኑ ምስ ኣንስቲ ኣይረኸሱን ይብል፡ ራእ ዮሓ ፲፬:፬።

ሕጂውን እንተኾነ ብንጽሕና ብድንግልና ብምንኵስና ምንባር ኣይጠቅምን እዩ ዚብል ሰብ ኵሉ ክርስቲያን እዩ ንማለት ዘድፍር ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ካብቲ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ መገዲ ተኣልዩ ስለዘሎ እዩ። ምንኵስና ዝጀመረ መን እዩ ኢልና እንተ ሓተትና ታሪኽ ቤተ ክርስቲያንና ከምዘረድኣና ኣቡነ እንጦንስ እዮም። ኣቡነ እንጦንስ ቅድሚኡ ዘይነበረ ንሶም ከመይ ኢሎም ክጅምርዎ ከኣሉ እንተ ተባህለ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓደ ሃብታም ፍጹም ክትከውን እንተ ደኣ





ደሊኻስ ኪድሞ ዘሎካ ሃብቲ ሸጥካ ንድኻታት ሃብ፡ ኣብ ሰማይ ድማ ሃብቲ ክትረክብ ኢኻ እሞ ነዓ ሰዓበኒ ንዝበሎ ቃል ሰሚዖም እዮም፡ "እመሰ ትፈቅድ ትኩን ፍጹመ አሐቲ ተርፈተከ ሑር ወሢጥ ኵሎ ዘብከ ወሀብ ለነዳያን ወለምስኪናን ወትረክብ መዝገበ በሰማያት ወነዓ ትልወኒ" ማቴ ፲፱:፳፩ ማር ፲:፳፩ ሉቃ ፲፰:፳፪ ግብ ሓዋ ፪:፵፭ ፬:፴፬። ስለዚ እዞም ኣቦውን ሃብታም ስለዝነበሩ ዘሎ ገንዘቦም ሸይጦም ንነዳያን ሂቦም ብገዳመ ቆሮንቶስ ናይ ዝጸመ ጐይታ ኣብነት ተኸቲሎም ንጐይታ ብግብሪ ክመስልዎ ከኣሉ። በዚ መሠረት ድማ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ካልኣይ ብንስሓ ዝውለደሉ ምንኵስና ሃቦም፡ እዚ ከኣ እዚ ሎሚ ንገብሮ ዘሎና ቆብዓ ምንኵስና ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዕለተ ዓርብ ዝተቐበሎ ጸዋትወ መከራን ናይ ኣክሊለ ሦክ ምሳሌ እዩ። እቲ ቅናት ዝበሃልውን ጐይታ ናይ ዝተኣሠረሉ ምሳሌ እዩ። ዮሓንስ መጥምቕ ኣብ ገዳመ ቆሮንቶስ ከሎ ዝዕጠቖ ዝነበረ ኣዲምውን እዩ፡ "ወቅናቱ ዘአዲም ውስተ ሐቌሁ" ማቴ ፫:፬። እቲ ኣስኬማኡ ከኣ መስቀለይ ዘይሸከም ንዓይ ኪኸውን ኣይከእልን እዩ ናይ ዝበሎ ምሳሌ እዩ፡ ዘኢያፀረ መስቀለ ሞትየ ኢይክል ይፀመደኒ፡ ማቴ ፲:፴፰። ስለዚ ምንኵስና ከምዚ ዝበለ ኃይለ ቃል ከለዎ ምንቃፍ ነቲ ነዓ ሰዓበኒ ኢሉ ናይ ዝተዛረበ ጐይታ ቃል ምንቃፍ ምዃኑ ይፍለጥ። ናይ ድኅነት ተስፋ ዘለዎ ቆብዕ ንሸለም፡



እምነ ጽዮን ይብል ሰብእ፤
ኵሉ ሰብ ኣዴና ጽዮን ይብል። መዝ. ፹፮፡፭



"ወንትቈጸል ጌራ መድኃኒት ዘተሰፋ" ፩ይ ተሰ ፭፡፰ ኢሳ ፶፱፡፲፯።

ኣብዚ ግዳ ክስተውዓል ዘለዎ ምንኵስና ማለት ካብ ገዳም ወፂእካ ሃገር ንሃገር ከተማ ንከተማ ሙዛር ኃዲግካ ኣብቲ ዝመንኰስካሉ ገዳም በአፅንዖ በዓት ብጾም ብጸሎት ተወሲንካ ምንባር እዩ። ካብዚ ንላዕሊውን ዝጠዓመ መብልዕን መስተን ኃዲግካ ዋይባ፡ ኣጕዛ ኣባጊዕ ተኸዲንካ ድምፂ ኣራዊትን ግርማ ለይትን ፀብዓ ኣጋንንቲ ተዓጊሥካ ምንባር እዩ ዜድሊ። ሓዋርያ ጳውሎስውን ነዚ ብምምልካት ኣጕዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ፡ ሰኣኑ፡ ጸበቦም፡ ሓሳረ መከራ ጸገቡ፡ ዓለም ንዓታቶም ዘይትበቅዕ ስለዝኾነት ኣብ ምድረ በዳን ኣብ እምባታትን ኣብ በዓትታን ኣብ ጕዳጕዲ ምድርን ኰለል በሉ፡ ዕብ ፲፩፡፴፯። ስለዚ መልክዕ ምንኵስና ነዚ እዩ ዚመስል።

## ምዕራፍ ፳፫ - በእንተ ድንግል ማርያም

ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ንጽሕናኣን ቅድስንኣን ድንግልንኣን ኣብዚ ክንገልጽ ንፈቱ። ኣዴና ድንግል ማርያም ጌና ከይተወልደት ከላ ድንግል ተባሂላ ትንቢት ዝተነግረላ ቅድስቲ እያ። በዚ መሠረትዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከይወለደቶን ምስ ወለደቶን ንጽሕት ድንግል እያ። ሓደ ሓደ ተጠራጠርቲ ንጐይታ

ምስ ወለደት ድንግልንኣ ዚኽሕዱን ዘይኣምኑን ምህላዎ ዚፍለጥ እዩ፡ ግና ንዚኣቶም ፅኑዕ ፍዳ ይጽበዮም ከምዘሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን፡ ኣይሽንኳይዶ ኣደ ኣምላኽ ዝጸረፈ ንማንም ሰብ እኳ ኣታ ጨርቃም ኢሉ ዝጸረፈ ክንደይ ዚኣክል ፍዳ ከምዘለዎ ተገሊጹ ኣሎ፡ ማቴ ፳:፳፱፡ እዚውን እንተኾነ ስለ ዘይፈለጡን ስለ ዘይተማህሩን እዩ እምበር፡ መጻሕፍቲ እንተ ዘንብቡ ሊቃውንቲ እንተ ዝሓቱ ነይሮም እቲ ነቢይ ሕዝቅኤል ዝተነበዮን ምእንቲ ክብረ ንጽሕና ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝገለ መስተውዓሉ ነይሮም። "ርኢኩ ኆኅተ በምሥራቅ ኅቱ በዓቢይ መንክር ማኅተም፡ አልቦ ዘቦአ ዘእንበለ እግዚ ኃያላን ቦአ ውስቴታ ወወፅአ" ሕዝ ፵፬:፩-፪። ዐዘቅ ኅትምት ፍናወ ዚአኪ፡ መኃ ፬:፲፪። እዚ ኸ እግዚኣብሔር ድማ እዛ ኣፍ ደገ እዚኣ ዕፅውቲ ትኹን ኣይትከፈት ሰብውን ብእኣ ኣይእቶ ምኽንያቱ ኣ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ብእኣ ኣትዩ እዩ እ ብዕፅውታ ትንበር፡ ሕዝ ፵፬:፩-፪። ዝበሎ ቓል ንመ ከምዝተነግረ ምተገንዘቡ። እምበኣር ኆኅት ዝተባህለት ድንግል ማርያም እያ፡ ኣፍ ደገ ተባሂሉ ዝተጠቕሰ ከ ማኅተመ ድንግልንኣ እዩ። ነዚ ብጽዮን እትምሰልን ጽዮ ተባሂላ እትጽዋዕ ድንግል ማርያም ዝጸልኡ ክንደይ ዚኣክል ፍዳ መርገም ከምዘለዎ ዳዊት ኪገልጽ ከሎ "ንጽዮን ዚጸልኡ ኵሎም ከም ምጉያ ህድሞ ይኹኑ





እዚ ከይመሓናዮ ዚነቅጽ ንዝዓጽዶውን ሕቍፊ ዘይመልእ ከምኡ ይኹኑ" እናበለ ክረግሞም ይስማዕ፡ መዝ ፻፵፯:፫።

ናይ ጸጋ ምስጋና ከምዝግባኣውን ምግላጽ ኣድላዪ እዩ፡ እዚ ኸኣ ኣቐድም ኣቢሉ ቅዱስ ዳዊት፡ "ወይዘክሩ ስመኪ በኵሉ ትውልደ ትውልድ፡ ንውሉድ ወለዶ ስምኪ ኪጽውዑ እዮም" ኢሉ ብዝተነበዮ መሠረት፡ መዝ ፵፬:፲፯። ኵሉ ሰማ ክጽውዓን ከመስግናን ከምኡውን "ሰኣሊ ለነ ቅድስት" ኪብላን ይነብር፡ ስለምንታይ እንተ ተባህለ ኣምላኽ ስለ ዝወለደት እዩ፡ እግዚኣብሔርውን ካብ ሰብኣዊ ፍጥረት ፈልዩ ንዓኣ ስለዝኃረየ እዩ። ዳዊትውን ነዚ ብምምልካት "እግዚኣብሔር ንጽዮን ኃርይዋ መኅደሪኡ ንኽትከውን መረጻ እዩ፡ እዚኣ ንዘለዓለም መኅደርየይ ክትከውን እያ" ኢልዋ ኣሎ ፻፴፩:፲፫።

እዝን ከምዚ ዝበለ ትንቢት ተነጊሩ ስለዝነበረ ድማ ኣቐድም ኣቢሉ ቅዱስ ገብርኤል ከምዚ ኢሉ ኣመስጊንዋ እዩ፡ "ተፈሥሒ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ፡ ቡርክት አንቲ እምአንስት፡ ሰላምታ ንዓኺ ኦ ጸጋ ዝተመላእኪ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ"፡ ሉቃ ፩:፳፰። ቅድስት ኤልሳቤጥውን ብግዲኣ እመቤትና ክትበጽሓ ኢላ ናብኣ እንተ መጸት እቲ ኣብ ማኅፀን ኤልሳቤጥ ተፀኒሱ ዝነበረ ሕፃን ተሰራሰረ ማለት ኣደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾነት

ክርስቲያን ፊላደልፊያ ኣብ ዝተላእኸ መልእኽቲ፥ "ወይሰግዱ ቅድመ እገሪከ ወየአምሩ ከመ አነ አፍቀርኩከ፡ መጺኦም ኣብ እግርኻ ወዲቖም ከም ዚሰግዱልካ ክገብሮም እየ ኣነ ከም ዘፍቀርኩኻ ክፈልጡ እዮም" ይብል፥ ራእ. ዮሓ. ፫:፱ ዘፍጥ ፵፫:፳፰፤ ፵፬:፲፬ ኢሳ. ፵፱:፳፫። ሠለስተ ጊዜ መላሊሶም ከምዝሰገዱሉ ተመልከት። ይስሓቅውን ንያዕቆብ ንምንታይ ደቂ ኣዴኻ ይሰገዱልካ ኢሉ ከምርቖ ከኣለ፣ ከምኡ ከኣ ኦርናውን ንዳዊት ከምዝሰገደ ተመልከት፥ ዕይ ዜና መዋ. ፳፩:፳፩። ናቡከደነፆርውን ንዳንኤል ከምዝሰገደሉ ኣብ ትንቢት ዳንኤል ተመልከት፥ ዳን ፪:፵፮። ቆርናሌዎስ ንጴጥሮስ ከምዝሰገደ፥ ግብ ሓዋ ፲:፳፭። እቲ ሓላዊ ቤት ማእሰርቲውን በቲ ዝገበርዎ ተኣምር እናፈርሀን እናተንቀጥቀጠን ንጳውሎስን ንሲላስን ከምዝሰገደሎም ግብ ሓዋ ፲፮:፳፱ ተመልከት።

## ምዕራፍ ፲ - ብእንተ ሥእል፤

ሥእል ብራና ተደሚጹ ቀለም ተበጽቢጹ ክብቕዕ ናይዚ በዓል ሞያ ዝሥእሎ እዩ። ሥእሊ ብሰብ ሓሳብ ዝመጸ ዘይኮነስ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ዝመጸ እዩ። "እዚ ኸኣ ታቦት ኪሠርሕ ከሎ ከምዚ በሎ፥ ክልተ ኪሩቤል ካብ ወርቂ ክትገብር ኢኻ ቀጥቂጥካ ትሠርሖም እሞ ኣብቲ መኽደን መተዓረቒ ኣብ ክልተ ወሰኑ ትገብሮም" ይብል። ዘፀአ ፳፭:፲፰። "ወኪሩቤል እንዘ ይረብባ ክነፊሆን እመልዕልት እንዘ ይጼልላ በክነፊሆን እመልዕልተ ተድባብ ወይትናጸራ በበይናቲሆን፥ እቶም ኪሩቤል ኸኣ ንሓድሕዶም ገጽ መሊሶም ኣኽናፎም ልዕል ኣቢሎም ዘርጊሖም ነቲ መኽደን መተዓረቒ ብኽንፎም ከወልዎ" ዘፀአ ፴፯:፱። "ወሠአለ ሥእለ ኪሩብ ዘአፍአኒ ወዘውስጥኒ፥ ብውሽጥን ብደገን ከኣ ሥእሊ ኪሩቤል ከምዚ ጌሩ ሠአለ። እቶም ኪሩቤል ክልቲኦም መልክዖም ሓደ ምስሎምውን ሓደ ነበረ" ይብል። ዕይ ነገ. ፮:፳፫። ሕዝቅኤልውን ከምዚ ይብል፥ "ሽዑ ጠመትኩ እንሆ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ርእሲ ኪሩቤል ዘለውዎ ጠፈር ከም እምኒ ሲፎሮስ ኮይኑ ትርኢት ዙፋን ይመስል" ሕዝ ፲:፩። "ወመልዕሊታ ኪሩቤል ዘስብሐት ይጼልሉ ዲበ ምስሐል፥ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ነቲ መንበር ጸጋ ዜጽልሉ ናይ ክብሪ ኪሩቤል ነበሩ" ዕብ. ፱:፭።

ሥእሊ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ምሥኣል ንዑኡ ንምኽባርን ዝገበረልና ለውሃትን ተኣምራትውን ርኢና ነቲ ዋና ሥእሊ ምእንቲ ክንመስግኖ እምበር ነቲ ሥእሊ ከነምልኾ ከምዘይኮነ ምፍላጥ ይግባእ። ንሥእሊ ናይ ጸጋ ሰግደት እንተ ሰገድናውን ንጣኦት ከምዘሰገድና ከምዘየቋጽር ምግንዛብ የድሊ። ንኣብነት ሕዝቅኤል ንሥእሊ እንተ ሰገደ ተመስገነ እምበር ኣይተነቕፈን፥ ግና ንሥእሊ ከምዝሰገደ እንሆ፤ "ትርኢት ክብሪ እቲ ምስሊ እግዚኣብሔር ከምኡ ነበረ፥ ምስ ረኣኽዎ ኸኣ ብገጸይ

ወደቕኩ ሰገድኩ” ይብል። ሕዝ ፩፡፳፰ ፪፡፩። ኣብዚ ክስትውዓል ዘለዎ ኪሩቤል ኪሩቤል እናበለ ክንበብ ዝጸንሔ ሥእሊ ኪሩቤል እዩ እምበር ብኣካል ኪሩቤል ኣይኮኑን፡ ሕዝቅኤልውን ምስሊ እግዚኣብሔር ደኣ እዩ ዝበለ እምበር እግዚኣብሔር ኣይበለን።

ክምኡውን ሥእሊ ኣድላዪ ስለ ዝኾነ ከኣ እዩ እግዚኣብሔር ሥእሊ ኪሩቤል ሠኣል ዝበሎ እምበር ዘየድሊ እንተዝኸውን ኣይምኣዘዞን ነይሩ። ሙሴን ሰሎሞንን ከኣ ሥእሊ ኪሩቤል ኣብ ልዕሊ ታቦት እንተ ሠኣሉ መምለክያን ጣኦት ተባሂሎም ኣይተወቕሱን( ዘፀአ ፳፭፡፲፰-፳፪ ፩ይ ነገ ፮፡፳፫-፴፭)።

ካልኣይ ከኣ እቶም ኣትማን ዝነኸስዎም ሕዝቢ ምእንቲ ክድኅኑ ናይ ተመን ምስሊ ሰቐለሎም እሞ ነቲ ሥእሊ ተመን እናረኣዩ ክድኅኑ እዮም ኢሉ ኣዚዙ ንረኽቦ፡ በዚ ኸኣ ሥእሊ ከምዜድሊ እንሆ ካብቲ ኣምላኻዊ ቃሉ ክንግንዘብ ንኽእል፡ *“ወገብረ ሙሴ ኣርዌ ምድር ዘብርት በከመ* ***ኣዘዞ እግዚኣብሔር፡*** *ወዓቀም ኀበ ይትኤመሩ ደቂቀ እስራኤል፡ እምከመ ነሰኮ ኣርዌ ምድር ለሰብእ ይኔጽሮ ለዝንቱ ኣርዌ ዘብርት ወየሐዩ”* ዘኁል ፳፩፡፰ ዮሓ. ፫፡፲፬። ኣብዚ ክስተውዓል ዘለዎ ነገር እንተ ደኣ ኣልዩ፡ ዝቐትል፡ ዝምሕር፡ ዘሕምም፡ ዘሕዊ፡ ዝህብ፡ ዝኸልእ፡ ዘሕሥር፡ ዘኽብር፡ ዘድኪ፡ ዘህብትም ሓደ





እግዚኣብሔር ጥራይ ምኻኑ እዩ። እንተ ኾነ ግዳ ሰብ ክጥቀመሉን ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ዝራኸበሉን ናቱ መገዲ ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ምንምኳ ድኅነት፡ ምሕረት፡ ናይ እግዚኣብሔር እንተኾነ፡ ንዓና ሥእሊ ከምዝግባእና ንምንጻር እንሆ እቶም እስራኤላውያን ብተመን ክውድኡ ድኅሪ ምጽንሖም ነቲ ተመን ዝመስል ኣስራዚ ሥራሕ እሞ ንዑኡ እናረአዩ ክድኅኑ እዮም ማለቱ ንጊዚኡ እዚ ብምስሊ ተመን ዝተሠርሐ ኣብ ዕንጨይቲ ተሰቒሉ ጊዜያዊ ድኅነት ይህብ ከምዝነበረ ምሳሌ ኮይኑ ንምጽናሕ እምበር ፍጻሚኡ ግና ወልደ እግዚኣብሔር ሥጋ ሰብ ለቢሱ ከምዚ ምስሊ ተመን መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ደሙ ኣፍሲሱ ንደቂ ሰብ ፍጹም ድኅነት ዝህብ ምኻኑ ዘረጋግጽ ምሳሌ እዩ። *“ወበከመ ሙሴ ሰቀሎ ለአርዌ ምድር በገዳም፡ ከማሁ ሀለዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው ይሰቀል፡* ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪሰቀል ይግባእ እዩ።” ዮሓ. ፫፡፲፬-፲፮።

እምበኣር ንሥእሊ እግዝእትነ ማርያም፡ ንሥእሊ መላእክት፡ ንሥእሊ ጻድቃን፡ ሰማዕታት፡ ናይ ጸጋ እነቕርቦ ስግደት ናታቶም ክብሪ ንምግላጽን በረኸት ንምርካብን ዚኣክል እዩ እምበር ኣማልኽትና እዮም ኢልና ከምዘይኮነ ምፍላጥን ምግንዛብን የድሊ።

## ምዕራፍ ፲፩ - በእንተ መስቀል፤

መስቀል ብኸልተ ኣዕፃው እቲ ሓደ ተኪልካ ነቲ ካልኣይ ከኣ ኣጋዲምካ ዝሥራሕ ቅርጺ 'ተ' ፊደል ዝኃዘ ምኺኑ ኩላትና ንፈልጦ እዩ። ብዕለተ ሠሉስ ዝተፈጥረ ዕንፀይቲ ክኸውን ከሎ ግና ደም ክርስቶስ ስለ ዝፈሰሶ ክርስቶስ ስለ ዝተሰቕለሉን ኃይልና፣ ጽንዓትና፣ መድኃኒትና፣ እናበልና ናይ ጸጋ ስግደት ንሰግደሉ፣ ንሳለሞ። ከምዚ ክንገብር ከሎና ግና እቶም ዘይቅበልዎ ሰባት ከምዓያሹ ይቑጽሩና፣ ነዚ ብምምልካት ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፣ "እስመ ነገረ መስቀሉሰ ዕበድ ውእቱ በኀበ ኅጉላን ወበኀቤነሰ ለእለ ድኅነ ኃይለ እግዚአብሔር ውእቱ ፡ መስቀል ክርስቶስ በቶም ጥፉኣት ዕሽነት እዩ፣ ብኣና ብእንኣምን ግና ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ" ይብል። ፩ይ ቆሮ ፩፥፲፰። ካብዚ ብምቕጻልውን ብዘይ መስቀል ክርስቶስ ብኻልእ ምምካሕ ከምዘይግባእ ኪገልጽ ከሎ፣ "ኣንሰ ሐሰ ሊተ ኢይዘኃር ዘእንበለ በመስቀሉ ለኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ፡ ኣነ ብዘይ መስቀል ክርስቶስ ካልእ ዝምክሓሉ ነገር የብለይን" ይብል። ገላ ፮፥፲፬። ንቶም ኣብ ፊልጵስዩስ ንዝነበሩ ምእመናን ብዝጸሓፎ መልእኽቱውን፣ "ወይእዜኒ ገሃደ እነግረክሙ ከመ እሙንቱ ጸላእቱ ለመስቀለ ክርስቶስ እለ ደኃሪቶሙ ለሕርትምና፣ እንሆ ብግልጺ እነግረኩም ኣሎኹ ብዙኃት ሰባት ናይ ክርስቶስ መስቀል ዝጸልኡ ከምዝለዓሉ እዚኣቶም ግና ፍጻሚኦም





ወበእንተ ኃጣውኢነ ውእቱ ተሰቅለ ዲበ ዕፅ፤
ንሱ ምእንቲ ኃጢኣትና ኣብ ዕንፀይቲ (መስቀል) ተሰቕለ። ፩ይ ጴጥ ፪፥፳፬

ወይ መወዳእትኦም ጥፍኣት እዩ፡” እናበለ ብሰፊሑ ጽሒፍዎ ንረኽቦ። ፊልጵ ፫፡፲፰። እዚ ኣንቀጽዚ ዜመልክተና **እዞም መስቀል** ዝጸልኡ ሰባት ዘለዓለማዊ ሓሣረ ነፍስ ይጽበዮም ከምዘሎ እዩ። **ያዕቆብውን** ንደቂ ክምርቖም ኣብቲ **ናይ መስቀል ምሳሌ** ዝኾነ በትሩ እናሰገደ ምኚኑ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ተመዝጊቡ ይርከብ። “**ወሰገደ ያዕቆብ** ውስተ ከተማ በትሩ” ከምዝበለ፡ ዘፍጥ ፵፯፡፴፩ ዕብ ፲፩፡፳፩። እሞ ያዕቆብ እኳ ኣብ በትሩ ዝሰገደሲ ንሕና ናብዚ **ደም ክርስቶስ ዝፈሰሶን ብደም ክርስቶስ ዝተቐደሰን መስቀል እንተ ተተሳለምናን ናይ ጸጋ ስግደት እንተ ሰገድናን እንታይ እዩ** ነውርና፧ እወ ኣብዚ ኸኣ ናብቲ **ጕይታ** ዝተሰቕለሉ ምስጋድ ግቡእ ይኹን፡ ምኽንያቱ ዕውር የብርህ፡ ሕሙም የድኅን ነይሩ፡ ነዚ ሕጂ ዝሥራሕ ዘሎ መስቀል ግና ከመይ ኢሉ ይስገደሉ፧ ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ኣልዩ ንሕናውን ከምዚ እንተ ደኣ ኮይኑ እቲ ጕይታ ዝጸሓፎ ወንጌልከ ኣበይ ኣሎ ኢልና ብሕቶ ክንምልሰሉም ንኽእል ኢና። ብኻልኣይ ኸኣ እዚ ሕጂ ዝሥራሕ ዘሎ **መስቀልውን** ብዙኅ ተኣምራት ከምዝገብር ኃይሊ ኣጋንንት ከምዘርኅቕ ምፍላጥ ይግባእ። እምበኣር ከምቲ **እግዚኣብሔር** ንሙሴ ጽላት ሂብዎ ዝነበረ እሞ ዝተሰብረ ከምኡ ኣምሲልካ ሥራሕ ዝበሎ ንሕናውን ከምቲ **ጕይታ ዝተሰቕለሉ** ኣምሲልና እንተሠራሕና ለውጢ ከምዘይብሉ ኢና እንኣምን።





## ምዕራፍ ፲፪ - በእንተ ቅዱሳን፤

**ኣማላድነት** ሰብ ዘምጽኦ ወይ ወድ ሰብ ዝፈልሰፎ ዘይኮነስ **ባዕሉ እግዚኣብሔር** ዝሠረቶ እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ መንጎ **እግዚኣብሔርን** ኣብ መንጎ **ቅዱሳንን** ዘሎ ፍቕሪ ንምግላጽ እዩ። **ኣማላድነት ባዕሉ እግዚኣብሔር ዘምጽኦ** ምኚኑ ንምርግጋጽ ሓደ ጊዜ ኣብርሃም ንግብጺ ተሰዲዱ ምስከደ ኣቤሜሌክ ዝተባህለ ንጉሥ ንኣብርሃም ብምብዳሉ ኣቤሜሌክን ቤተሰቡን ከምዝሓመሙ እሞ **እግዚኣብሔር** ንኣቤሜሌክ ነዛ ወሲድካያ ዘሎኻ ሰበይቲ ንኣብርሃም ምለሰሉ ግና ነቢይ እዩሞ **ምእንቲ ክትድኅን** ከኣ ንሱ **ናባይ ይጸልየልካ፡ ንሸኻ ከኣ ክትድኅን ኢኻ፡** ዘፍጥ. ፳፡፯ ፲፰። መሓዙት ኢዮብውን ብዝበደልዎ ጊዜ ናብ ባርያይ ኢዮብ ኪዱሞ ብናይ ርእስኹም መሥዋዕቲ ኣዕርጉ፡ **ኢዮብ ባርያይ ኪጽልየልኩም እዩ፡** ንዑኡ ጸሎቱ ክቕበሎ እየ ከምዝበሎም ኣብ መጽሓፈ ኢዮብ ፵፪፡፯-፲ ተገሊጹ ኣሎ።

ኣብዚ ምስትውዓል ዘሎኩም **እግዚኣብሔር** ንኣብርሃም ኮነ ንኢዮብ ንቶም ሕዝቢ **ክጽልዩሎም ከለው ከምዝተቐበሎም** እዩ ዘመልክተና። ባዕሉ ክምሕሮም ደልዩ ክነሱ ክብርን **ኣማላድነትን ቅዱሳኑ ምእንቲ ኪግለጽ ይጸልዩልኩም በሎም** እምበር ባዕልኹም ለምኑኒ ኣይበሎምን። ርግጽ ንኣብነት ዚኣክል ንኣብርሃምን

ንኢዮብን ዝበሎ ጠቐስና እምበር ናብኡውን ትኽ ኢልካ ምጽላይ ሕጊ ምኳኑ ምፍላጥ ይግባእ።

ሙሴውን ነዞም ካብ ግብጺ ብምሕረትካ ዘውጻእካዮም ንምንታይ ትቖጥዖም ኣሎኻ፡ ነዚኦቶም ካብ ምጥፋእ ካብቲ መጽሓፍ ሕይወትካ ፉሓቐኒ ኢሉ ለሚኑ ሕዝቡ ከምዘድኃነ ኣብ ዘፀአ ፴፪:፱-፲፪ ዘዳግ ፱:፲፰ መዝ ፻፮:፳፫ ተመዝጊቡ ኣሎ። "ወሰአለ ሙሴ ቅድመ ኣምላኩ ወይቤ ለምንት እግዚኦ ትትመዐዕ መዓተ ላዕለ ሕዝብከ ዘአውፃእከ እምነ ምድረ ግብጽ" ከምዝበለ። "ወይቤ ዳዊት አነ ውእቱ ገፉዒ ወዝንቱ ኵሉ እኩይ ግብረ ዚአየ፡ ወእሉ አባግዕ ምንተ ገብሩ፡ ወምንተ አበሱ፡ እግዚኦ፡ ዳዊትውን እዘን ኣባጊዕ እዚኣን እንታይ ገበራ፡ ነዚኣን ካብ ተጥፍእ ንዓይን ንቤተሰበይን ኣጥፍኣና" ኢሉ ንወገኑ ከምዘማለደ ፩ይ ዜና መዋ. ፳፩:፲፯ ተጻሒፉ ኣሎ። እምበኣር ቅዱሳን በዚ መልክዕዚ ናይ ሰብ ሽግር የወግዱ ምሕረት የውርዱ ምስ እግዚኣብሔር የታዓርቑ ከምዝነበሩን ከምዘለዉን ቅዱሳን ኣቦታትናን መጻሕፍትናን የረድኡናን ኢዮም። "ወጸለየ ኤልሳዕ ኀበ እግዚአብሔር ወእምዝ ተከሥታ አዕይንቲሁ ለሕፃን ወተንሥአ፡ ሓደ ጊዜውን ሕፃን ሞይቱ ሕይወቱ ምስ ኃለፈት ኤልሳዕ ነቲ ዝሞተ ሕፃን ከምዘተንሥአ" ፪ይ ነገ. ፬:፴፫ ተገሊጹ ኣሎ። ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስውን "ብኣይ ዝኣመነ ኣነ ዝሠርሖ ሥራሕ ኪሠርሕ ይኽእል ኢሉ





ተናጊሩ ኣሎ፡ አማን አማን እብለክሙ ዘየአምን ብየ ግብረ ዘአነ እገብር ይገብር" ዮሓ. ፲፬:፲፪።

እዚ ካብ ዝኸውን ማለት ጐይታ ንዝሠርሖን ካብኡ ንላዕሊውን ኪሠርሑ እዮም እናተባህሉ ደኣ በዚ ብምድራዊ ዓለም ኮነ ብሰማያዊ ዓለም ከመይ ኢሎም ኣየማልዱን ኪበሃሉ ይከኣል፡ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብኢዱ ዳህሲሱ ብቓሉ ተዛሪቡ ጥራይ ዘይኮነሲ ካብቲ ጫፍ ክዳኑ ወሲዶም ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ከንብርዎ ከለዉ ሕሙማት ይፍወሱ፡ ኣጋንንቲ ይወፁ ከምዝነበሩ ኣብ ግብረ ሓዋርያት ተዘርዚሩ ይርከብ፡ "ወዓቢየ ኃይለ ይገብር እግዚአብሔር በእደዊሁ ለጳውሎስ ወይወስዱ እምጽንፈ ልብሱ ወሰበኑ መቲሮሙ ወያነብሩ ዲበ ድውያን ወየሐይዉ ወአጋንንት እኩያን ይወፅኡ" ግብ ሓዋ ፲፱:፲፩ ማር ፲፯:፳ ።

ብሓፈሻ ቅዱሳን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክቡራን ምኳኖም ፈሊጥና ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብትእዝዝና መሠረት እቲ ዚግባእ ክብሪ ክንህቦም ይግባእ። ሮሜ ፲፫:፯። ኣማላድነቶም ከኣ ኣብ ዓፀደ ሥጋ ይኹን ኣብ ዓፀደ ነፍስ ሕያው ምኳኑ ክንፈልጥን ክንኣምንን ኣሚንና ድማ ክንጥቀመሉ ይግባእ።



አቡነ ፊልጶስ　　　　አቡነ ዮሐንስ



## ምዕራፍ ፲፫ - በእንተ ጻድቃን፤

ጻድቃን ቅድሚ ሞቶም ኮነ ድኅሪ ሞቶም ተኣምራት የርእዩ እዮም። ንሰብውን ብኣማላድነቶም ሽግሩ የወግዱሉ እዮም። ብሕይወት ከለዉስ ይኹን ድኅሪ ሞቶም ግና ከመይ ጌሮም ተኣምር ይገብሩ ዝብል እንተ ደኣ ኣልዩ፡ እዚስ ጻድቃን ብነፍስ ሕያዋን ስለዝኾኑን ሕያው እግዚኣብሔር ድማ ስለዝኃደሮምን እዩ ኢልና ንምልስ። መረዳእታ ንምሃብ ከኣ ፡"ወእንዘ ይቀብርዎ ለኤልሳዕ ኣምጽኡ ካልኣ ብእሴ ይቅብሩ ወለከፈ ውእቱ በድን በድኖ ኤልሳዕ ወሐይወ ውእቱ ብእሲ ወተንሥአ፥ ኣብቲ ኤልሳዕ ዝተቐብረሉ መቓብር ሓደ ዝሞተ ሰብ ኣምጺኦም እንተ ቐበርዎስ ዓፅሚ ኤልሳዕ ምስ ተንከየ ሓወየ ብእግሩ ድማ ደው በለ" ይብል። ፬ይ ነገ ፲፫፡፳፩። "ወይቤ ነቢይ ሶበ ሞትኩ ቅብሩኒ ውስተ ዝንቱ መቃብር ኀበ ተቀብረ ብእሴ እግዚኣብሔር ወኀበ ሀለዉ ኣዕፅምቲሁ ደዩኒ ኪያየኒ ከመ ይሕየው ኣዕፅምትየ ምስለ ኣዕፅምቲሁ፥ እቲ ነቢይ፥ ንኣይ ድማ ኣብዚ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ተቐቢርዎ ዘሎ መቓብር ቅበሩኒ፥ ኣብቲ ኣዕፅምቱ ኣዕፅምተይ ኣብ ጥቓ ኣዕፅምቱ ኣንብርዎ ኪሓውዩ እዮም"፤ ፩ይ ነገ ፲፫፡፴፩። "ወውእቱ ኣሚረ ተስእልክዎ ለሩፋኤል መልአክ ዘሀሎ ምስሌየ ወእቤሎ ዝመንፈስ ዘመኑ ውእቱ ዘከመዝ ቃሉ ይበጽሕ ወይሰኪ፡ ኣውሥኣኒ ወይቤለኒ ዝንቱ መንፈስ ውእቱ ዘይወፅእ እምአቤል

ዘቀተሎ ቃየል እኁሁ፥ ወይሰኪ ኪያሁ እስከ ይትኀጐል
ዘርኡ እምነ ገጸ ለምድር፥ ወእምዘርአ ሰብእ እስከ ይማስን
ዘርኡ" ሄኖክ ፳፪፡፯ ዘፍጥ ፬፡፲። "ሽዑ በቲ እዋን እቲ
ቅዱስ ሩፋኤል "ዝመንፈስ ዘመኑ" እዛ ነፍሲ እዚኣ ናይ
መን ነፍሲ እያ ኢሉ እንተ ሓተተ፡ እዛ ነፍሲ እዚኣ
ቃየል ብግፍዒ ካብ ዝቐተሎ ካብ ኣቤል ኃዉ ዝተፈልየት
ነፍሲ እያ፥ ደቂ ደቂ ደቂ ክሳዕ ዘውድኡ ትኸስስ ኣላ"
ኢሉ ከምዝመለሰሉ ኣብ መጽ. ሄኖክ ፯፡፳፯ ተጻሒፉ
ኣሎ። እዚ ምልልስዚ ብኣካለ ሥጋ ዘይኮነስ በኣካለ ነፍስ
ምኳኑ ኣስተውዕል። ሄኖክ ደኣ መኣስ ምስ ብሉይን
ሓዲስን ይቖጸር ኮይኑ ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ኣልዩ፡
እንተ ዘይቈጸር ደኣ ይሁዳ ከመይ ኢሉ ከጠቕሶ ክኣለ!
ይሁዳ ቍ. ፲፩።

ጐይታውን በዕለተ ምጽኣት "ንስኻትኩም ድማ ኣብ
ዓሠርተው ክልተ ዙፋናት ተቐሚጥኩም ንዓሠርተው ክልተ
ነገደ እስራኤል ክም እትፈርዱ እብለኩም ኣሎኹ፥
አንትሙ ትነብሩ ዲበ ፲ወ፪ መናብርት ወትኴንኑ ፲ወ፪
ነገደ እስራኤል" ማቴ ፲፱፡፳፰። ዮሓንስውን ነፍሳት
ከምዝዛረቡ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፥ "ብዓቢይ ድምፂ
እናድሃዩ አ ቅዱስ ሓቀኛን ጐይታ ክሳዕ መኣስ ኢኻ
ከይፈረድካ ትጸንሕ! ሕነ ደምናስ ክሳዕ መኣስ ኢኻ ኣብ
ልዕሊ እዞም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ከይፈረድካ እትጸንሕ!"
ይብሉ ነበሩ፥ "ርኢኩ ታሕተ ምሥዋዕ ነፍሰሙ ለእለ





ተቀትሉ በእንተ ቃለ እግዚአብሔር ወበእንተ ዘዐቀቡ ሕጎ
ወጸርሑ በቃል ዓቢይ ወይቤሉ እስከ ማዕዜኑ እግዚኦ
ቅዱስ ወጻድቅ ኢትትቤቀለሙኑ ወኢትኴንኖሙ በእንተ
ደምነ" ራእ ዮሓ ፮፡፲-፲፩። እዚ ኵሉ መረዳእታ ከሎ
ነፍስ ብኣካለ ነፍስ ኣይትዛረብን እያ፥ ጻድቃንውን ብዓፀደ
ነፍስ ከለዉ ኣየማልዱን ንዝብሉ፥ ነዚ ጽሑፍ ብምስትውዓ
ል ኣንቢቦም ናብ ልቦም ይመለሱ።

## ምዕራፍ ፲፬ - በእንተ መላእክት፤

መልኣኽ ማለት ናይ. እግዚኣብሔር ተለኣኺ ማለት
እዩ፥ መላእኽቲ ካብ እግዚኣብሔር እናተላእኩ ፈቓድ
እግዚኣብሔር ዝፍጽሙ መልእኽተኛታት እዮም።
ንምሕረት ኮነ ንመዓት ናብ ሰብ ዝለኣኹ ኵሎም
መላእኽቲ እዮም ዝበሃሉ። ብተወሳኺ ድማ ናይ ሰብ
ሽግር ዘወግዱን ናብ እግዚኣብሔር ዘማልዱን ቅዱሳን
እግዚኣብሔር እዮም። መላእክት ብኣማላድነቶም ዘድኅኑ
ምኻኖም ድማ ነቢየ እግዚኣብሔር ሙሴ ኪገልጽ ከሎ
"ወመልአከ እግዚአብሔር ዘአድኃነኒ እምኵሉ እኩይ
ውእቱ ለይባርኮሙ ለእሉ ሕፃናት፥ እቲ ካብ ኵሉ ክፉእ
ዘድኃነኒ መልኣኽ ንሱ ነዞም ደቂ እዚኦም ይባርኮም"
ይብል። ዘፍ ፵፰፡፲፮። ከምኡውን ቅዱስ ዳዊት መላእኽቲ
ከምዘናግፉ ከረድእ ከሎ፥ "ይትዓየን መልአከ
እግዚአብሔር ዓውዶሙ፥ ለእለ ይፈርህዎ ወያድኅኖሙ፥

እቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ዝፈርህዎ ይሠፍር፡ የናግፎም ከኣ" ይብል። መዝ ፴፫:፯። ብተወሳኺውን፡ "እስመ ለመላእክቲሁ ይኤዝዞሙ በእንቲአከ፡ ከመ ይዕቀቡከ በኵሉ ፍናዊከ፡ ወበእደዊሆሙ ያነሥኡከ፡ ኣብ ኵሉ መገድኻ ኪሕልዉኻ ንመላእኽቱ ኪእዝዘልካ እዩ እሞ እግርኻ ብእምኒ ከይትዕንቀፍሲ ኣብ ልዕሊ ኣእዳዎም ኪያርኹኻ እዮም" ይብል፡ መዝ ፺:፲፩። ኣስዕብ ኣቢሉውን፡ "ውእቱ ፈነወ መልአኮ ወአድኀነኒ፡ መልኣኹ ልኢኹ ኣድኃነኒ ይብል።" መዝ ፻፫፬። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ብሉይ ኪዳን ኪኸውን ከሎ ኣብ ሓዲስ ኪዳንውን "ወይቤ ይእዜ አእመርኩ ከመ በአማን ፈነወ እግዚአብሔር መልአኮ ወአድኃነኒ እምእዴሁ ለሄሮድስ፡ እግዚኣብሔር መልኣኹ ልኢኹ ካብ ኢድ ሄሮድስን ካብቲ ሕዝቢ ኣይሁድን ዝጽበይዎ ዝነበሩ ኵሉን ከምዘድኃነኒ ብሓቂ ፈለጥኩ ይብል።" ግብ ሓዋ ፲፪:፲፩። ግና ሓደ ሓደ ነዚ ዘይኣምኑ ግና እግዚኣብሔር እንተ ልኢኽዎምሲ የድኅኑ ኢዮም፡ ብፍሉይ ግን ንዕኦም ዚምልከት ክብሪ የብሉን ባዕሎምውን ንሳቶም ከድኅኑ ኣይከኣሉምን ዝብሉ ይህልዉ ይኾኑ ግና እግዚኣብሔር መላእኽቱ ከይለኣኸ ምድኃን ኣይከኣሉን ኮይኑዶ እዩ፧ እዚ ዜመልክተና መላእኽቱ ብኣማላድነቶም ዘድኅኑ ምዃኖም እዩ እምበር፡ እግዚኣብሔርሲ መልኣኽ ከይለኣኸውን ምድኃን ኣይሰኣኖን እዩ። ብተወሳኺ ግብ ሓዋ ፲፪:፳፫ ዕብ. ፩:፲፬ ተመልከት።





ንቅዱሳን መላእኽቲ ናይ ጸጋ ስግደትን ኣኽብሮትን ከምዝግባእ፡ "አንሰ መልአከ ኀይሉ ለእግዚአብሔር ወይእዜ በጻሕኩ ወወድቀ ኢያሱ በገጹ ውስተ ምድር ወሰገደ ሎቱ" ኢያ. ፭:፲፫-፲፬። "ወአልዓለ ዳዊት አዕይንቲሁ ወርእዮ ለውእቱ መልአክ እንዘ ይቀውም ማእከለ ሰማይ ወምድር ወሰይፉኒ ምሉሕ ውስተ እዴሁ ወስፉሕት ውስተ ኢየሩሳሌም ወወድቀ ዳዊት በገጹ ወሰገደ ሎቱ ወሊቃናተ ሕዝብ ምስሌሁ" ፩ይ ዜና መዋ ፳፩:፲፮። "ወወደቁ ኀበ እገሪሁ ወሰገድኩ ሎቱ" ራእ ዮሓ ፲፱:፲ ፳፪:፰።

እቲ መልኣኽ ሰይፊ ኂዙ ንኢያሱ ተራእዮ፡ ምስ ሓተቶን ሓለቓ ሠራዊት እግዚኣብሔር ምዃኑ ምስተረድአ ብገጹ ተደፊኡ ሰገደሉ፡ ኢያ. ፭:፲፫-፲፬። "ከምኡ ድማ ዳዊት ኣዒንቱ ንላዕሊ ቋሕ ኣቢሉ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ድማ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ደው ኢሉ ዝተመልሔት ሰይፊ ከኣ ኣብ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኢየሩሳሌም ዘርጊሕዋ ረኣየ፡ ሽዑ ዳዊትን እቶም ዓበይቲ እስራኤላውያንን ማቕ ተኸዲኖም ብገጾም ተደፍኡ፡ ዳዊት ግና ዝበደልኩ ኣነዶ ኣይኮንኩን፡ ሕጂ ኸኣ ነዓይን ንቤተ ሰበይን ቅጽዓና እምበር እዘን ኣባጊዕ እንታይ ገበራ ብማለት ብገጹ ተደፍአ።" ፩ይ ዜና መዋ ፳፩:፲፮። ኣብዚ ክስትውዓል ዘለዎ ኢያሱን ዳዊትን ንመልኣኽ ናይ ጸጋ ስግደት ብምስጋዶም ተመስገኑ እምበር መምለኽቲ ጣኦት ተባሂሎም ዝተወቕሱሉ ኣንቀጽ ኣይርከብን።

እምበኣር ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ንመላእኽቲ ናይ ጸጋ ስግደት እትቕርቦ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝረኸበቶ መምርሒ ምኳና ተረዳእ።

ወንጌላዊ ዮሓንስውን ኣነ ኸኣ ክሰግደሉ ኢለ ኣብ ቅድሚ ኣእጋሩ ፍግም በልኩ፡ ግና ንሱ ነዚ ከይትገብሮ ተጠንቀቕ፡ ኣነ ከማኻ እየ በለኒ፡ "ወወደቁ ኀበ እገሪሁ ወሰገድኩ ሎቱ .. ዑቅ ኢትስግድ ሊተ አነሂ ገብር ዘከማከ ራእ ዮሓ ፲፱:፲ ንዝብል ንባብ መበገሲ ብምግባር ሓድ ሓደ ሰባት እቲ መልኣኽ ከይስገደሉ ኣጠንቂቕዎ እዩ፡ ስለዚ ንመልኣኽ ምስጋድ ኣይግባእን እዩ ዝብሉ ኣለዉ። እዚኣቶም ግና እቲ መልኣኽ ንዮሓንስ ኣይትስገደለይ ኣነ ከማኻ እየ ዝበለሉ ምኽንያት ስለዘየስተውዓሉ እዮም እምበር እቲ መልኣኽ ንዮሓንስ ንሸኻ ነዓይ ክትሰግደለይ ኣይግባእን እዩ ዝበሎ፡ ምኽንያቱ ኸኣ ብንጽሕና ስለ ዝመሰሎ(ስለዝመዓራረዮ) ንትሕትናን ንክብረ ሥልጣነ ክህነትን ክብል እዩ እምበር ፈጺሙ ንመልኣኽ ስግደት ኣይግባእን ኣይበሎን። ግና ንመልኣኽ ናይ ጸጋ ስግደት ከምዝግባእ ክረድእ ወንጌላዊ ዮሓንስ እዚ ሥርዓተ ስግደት ኣብ መበል ፳፪ ምዕራፍውን ደጊምዎ ይርከብ። እሞ ደኣ ፍጹም ክልኩል እንተዝኸውንሲ ቅዱስ ዮሓንስ ንምንታይ ተነጊርዎ ከብቅዕ ደጊሙ ክሰግድ ተራእየ፤! ምኽንያቱ እዚ ናይ ጸጋ ስግደት ስለዝኾነን ንትሕትና ዝገበሮ ብምዃኑን እዩ





ኪሰግድ ዝተራእየ። ብሓቂ ወንጌላዊ ዮሓንስ ንመልኣኽ ሰጊዱ ተባሂሉ ብእግዚኣብሔር ዝበጽሖ ወቐሳ ኣሎዶ! ፈጺሙ የለን። ብተወሳኺ ኸኣ ምሥጢራት ኩሉ ዝፈልጥን ረቀቕቲ ሰማያዊ ምሥጢር ንዝጸሓፈ ፍቁረ እግዚእ ዮሓንስ ንመልኣኽ ብምስጋዱ ተጋግዩ ኔሩ ምባል ክብርን ጸጋን ቅዱስ ዮሓንስ ዘይምፍላጥን ዓቢይ በደል ምዃኑን ክንግንዘቦ ዚግብኣና ሓቂ እዩ!

## ምዕራፍ ፲፮ - በእንተ ዝክር፤

ብስም ወዲ መዝሙር ዝሑል ማይ ዘስተየ ብሓቂ ዋጋኡ ኣይጉድሎን እዩ፡ ብዝብል ኣምላካዊ ቃል መሠረት ብስም ሥላሴ ብስም ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብስም እመቤትናን መላእኽትን ብስም ነቢያትን ሓዋርያትን ብስም ጻድቃንን ሰማዕታትን ንነዳያን ንኻህናት ኢድን እግርን ንዘይብሎም ዓይኖም ንዝዓወሩ ኣካሎም ንዘሰንከሉ ጽጉማት ምብላዕ ምስታይ ግቡእን እዙዝን እዩ። "ዘኪያክሙ ተወክፈ ኪያየ ተወክፈ፡ ወዘኪያየ ተወክፈ ተወክፎ ለዘፈነወኒ፡ ዘተወክፈ ነቢየ በስመ ነቢይ ዓስበ ነቢይ ይነሥእ፡ ወዘተወክፈ ጻድቀ በስመ ጻድቅ ዓስበ ጻድቅ ይነሥእ፡ ወዘአስተየ ለአሐዱ እምእሉ ንኡሳን ጽዋዐ ማይ ቈሪር ባሕቲቶ በስመ ረድእየ አማን እብለክሙ ኢየኀጉል ዓስቦ፡ እዚ ኸኣ ንዓኹም ዝተቐበለ ንዓይ ተቐበለ፡ ብስም ነቢይ ዝተቐበለ ዓስቢ

ድንግል ማርያም ምስ ረኣየ ሰገደ፡ ንኤልሳቤጥ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኣ፡ ቅድሚኡ መንፈስ ቅዱስ ዘይኃደራ ነይራ ማለት ኣይኮነትን። መንፈስ ቅዱስ መንፈሳዊ ነገር ኣዛረባ ንማለት እዩ። ከምዚ ኸኣ በለት ዓው ኢላ "ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ ናይ ማኅፀንኪ ፍረውን ዝተባረኸ እዩ፡ ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጺ እዚ ካበይ ኮነለይ፡ እንሆ ድምፂ ሰላምታኺ ምስ ሰማዕኩ እቲ ሕፃን ኣብ ከብደይ ብሓጐስ ተሰራሰረ፡ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከምዚፍጸም ስለዝኣመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ፡ ወከልሐት በዓቢይ ቃል ወትቤ ቡርክት አንቲ እምአንስት ወቡሩክ ፍሬ ከርሥኪ ወምንትኑ አነ ከመ ትምጽኢ ኀቤየ እሙ ለእግዚእየ" ሉቃ ፩፡፵፭። ርእሳውን ቅድስት ድንግል ማርያም፡ እስመ ርእየ ሕማማ ለአመቱ ናሁ እምይእዜሰ ያስተበፅዑኒ ኵሉ ትውልድ፡ ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩሞ እንሆ ካብ ሕጂ ንደኃርሲ ኩሉ ወለዶ ብፅዕቲ ክብሉኒ እዮም ኢላ ኣላ፡ ሉቃ ፩፡፵፰።

እሞ በዚ ዓይነትዝን በዚ መልክዕዝን ብቅዱስ ገብርኤልን ብቅድስት ኤልሳቤጥን ካብ ተመስገነትን ካብ ዝኸበረትንሲ ብዝበለጸ ብኣና ዘይትኽብረሉ ምኽንያት እንታይ ኣለዋ! ነዛ ምኽንያተ ድኂን ዝኾነት ቅድስት ድንግል ዘየኽበርናኸ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር ንመን ክነኽብር ኢና፧ እምበኣር መትሕተ ፈጣሪ መልዕልተ





ፍጡራን ንዝኾነት ንእመቤትና ናይ ጸጋ ምስጋና ነመስግና፡ ናይ ጸጋ ስግደትውን ንሰግደላ።

## ምዕራፍ ፳፬ - ብእንተ ድርሳናት፤

ድርሳን፡ ማለት መላእክት ብዘመነ ብሉይን ብዘመነ ሓዲስን ዝገበርዎ መንፈሳዊ ተግባርን፡ ዝፈጸምዎ ተራድኦን፡ ዚገልጽ መንፈሳዊ ሥነ ጽሑፍ ማለት እዩ፡ ነዚ ድርሳን ዝኣመሰለ ጽሑፍ ድማ ምቕባል ከምዝግባእ ክገልጽ ከሎ፡ "ወይእዜኒ አኃዊነ ሶበ ትትጋብኡ ኵልክሙ ብክሙ መዝሙር፡ ወብክሙ ትምህርት ዘከሠተ አበይኖ ዘነገረ በሐውርት፡ ወዘምድራሳት፡ አኀዋተየ ሕጂ ከኣ ክትእከቡ ከሎኹም መዝሙር ኣሎኩም፡ ናይ ቋንቋታት ምትርጓም ክእለት ኣሎኩም፡ ድርሳናት ኣሎኩም ይብል፡ ፩ይ ቆሮ ፲፬፡፳፮።

፩ይ ክፍሊ፡ ድርሳናት ተባሂሎም ተጻዊዖም ዘለዉ ገድል፡ ተኣምር፡ ድርሳን፡ እዮም። እምበኣር ብባህሊ ቤተ ክርስቲያንና መጠን ድርሳን፡ ገድል፡ ተኣምር ምንቃፍ ርእሰኻ ብርእሰኻ ምንቃፍ እዩ እምበር ትኽክለኛ ባህሊ እዩ ኢልካ ክትወሰዶ ኣይከኣልንዩ። ልደት፡ ጥምቀት፡ ትንሣኤ፡ ዕርገት ወዘተ... ዝኣመሰሉ በዓላት ነኽብር፤ ግና እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ በዓላት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝረኸብናዮም ኢሉ ዚምልስ ይርከብዶ፧ ሰማይ እንተ ወፀ

ትሕቲ ምድርውን እንተ ኣተወ መዓልቱ ወሲኑ ዝነግረና መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ዝብል ሰብ ሓደ እኳ ኣይርከብን እዩ። ናይዞም ተጠቒሶም ዘለዉ በዓላት ሓደ ብሓደ ቈጺሩ ዝነግረና ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ሓቘፎም ዝሓዙን ዝነግሩን እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ **ድርሳን፡ ገድል፡ ተኣምር** ዝተባህሉ ኣዋልድ መጻሕፍት እዮም።

<u>፩ይ ክፍሊ</u>፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይተጻሕፉ ብተኣምር ግና ዝተገልጹ ብዙኃት ኣለዉ። **ንኣብነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ** ፶፻ መጋቢት ክምዝተጸንሰ፡ ፶፻ ታኅሣሥ ክምዝተወልደ፡ ፶፻ መጋቢት ክምዝተንሥአ፡ **ድርሳነ መድኃኔ ዓለምን ተኣምረ ኢየሱስን** እዮም ዝነግሩና እምበር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይርከብን እዩ።

**ኣዴና ቅድስት ድንግልውን ኣቡኣ ኢያቄም፡ ኣዲኣ** ኸኣ **ቅድስት ሓና ምኳኖም ተኣምረ ማርያም** እዩ ዝነግረና እምበር መጽሓፍ ቅዱስ ክምዘይኮነ ኵሉ ዝፈልጦ እዩ። ንምኳኑ እዞም ተኣምርን ድርሳንን ዘይቅበሉ ሰባት በዓለ መስቀል ከኽብሩ ዝረኣዩን መስቀል ዝተረኽበሉ መስከረም ፲፯ እዩ ዝብሉን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ረኺቦሞዶ እዮም፧! ተኣምር ካብ ዘይኣምኑኸ **ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ** ካብ መን ተወሊዱ ኢሎም እዮም ዝኣምንዎ፧ ብሓቂ ዶ ወለዲ **ኣዲኡ ድንግል ማርያም** ይፈልጥዎም ድዮም፧!





**እምበኣር ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት፡ ድርሳንን፡ ተኣምርን** እትቕበሎም ነዞም ተጠቒሶም ዘለዉን ብዙኃን ባህልታት ቤተ ክርስቲያን ስለ ዘረድኡና እዩ። ርግጽ እዩ መምርሒ ሃይማኖትና ብሉይን ሓዲስን ኣለዉና፡ ግና ብኣታቶም ዘይተገልጹን ንባባቶም ዝሓጸሩን እዞም ኣዋልድ መጻሕፍቲ ዝበሃሉ ስለ ዝገልጹልናን ስለ ዘብርሁልናን ኢና እንቕበሎም። **ገድለ ቅዱሳን** ዝንቅፍ፡ ተኣምር ዘይቕበል፡ ድርሳን ዝጸልእ ኵሉ፡ ንሱ ደኣ እዩ ዝጽላእ ዘሎ እምበር እቶም ጽሑፋት ኣይኮኑን ዝጽልኡ። ገድለ ቅዱሳን ዝጽላእ እንተ ዝኸውን ነይሩ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ **"ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ፡** ሠናየ ገድለ ተጋደልኩ በድርየኒ ፈጸምኩ" ፪ይ ጢሞ ፬:፯ ክብል ኣይምኸኣለን፡ ከምኡውን "ወእመኒ መስተጋድል ኢይከውኖ ምዝጋና ለእመ ዘበሕጉ ኢተጋደለ፡ ሓደ ሰብ ሥፍራ መቓለሲ ኮይኑ ዝቃለስ ከምቲ ሕጉ ገይሩ እንተ ዘይተቓለሰ ኣኽሊል ዓወት ኣይረክብን እዩ" ፪ይ ጢሞ ፪:፭። ኣቡነ **ገብረ መንፈስ ቅዱስን፡ ኣቡነ ፊልጶስን፡** ዝኣመሰሉ ቅዱሳን መጽሓፈ ገድሎም እንተ ዘይሀሉ ህልውናኦምን ገድሎምን ምፈለጥናዮዶ፧ ገድሎም ስለዘሎ ግና እንታይ ዓይነት ተጋድሎ ከምዝተጋደሉ በቲ ተጻሒፉ ዘሎ ገድሎም ክንርዳእ ይከኣል።

ቅዱሳን ብቅድስንኦም እናኸብሮም እግዚኣብሔር ብዝሃቦም ጸጋ ሙታን ብምትንሥኦም፣ ሕሙማት ብምድኃኖም፣ ዕውራት ብምብርሆም እዩ። ከምዚ ከምዝገበሩ ዘረድኣና ከኣ ገድሎምን ድርሳኖምን ተኣምሮምን እዩ።

## ምዕራፍ ፳፭ - ብእንተ ሐራስ ወትከት፤

ሓራስ ወይ ልማድ ኣንስቲ ዝመጸ ምስ ደማ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ካብ ምእታው ክልክልቲ እያ። እዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ንሙሴ ከምዚ ኢሉ ኣዚዝዎ ስለዝነበረ እዩ። "ወነበቦ እግዚአብሔር ለሙሴ ወይቤሎ፣ በሎሙ ለደቂቀ እስራኤል ወንግሮሙ እንዘ ትብል፣ ብእሲት እመ ፀንሰት ወወለደት ተባዕተ ርኵስት ይእቲ እስከ ሰቡዐ ዕለት፣ በከመ መዋዕለ ትክቶሃ፣ ወበሳምንት ዕለት ታገዝሮ ከተማ ነፍስቱ፣ ፴ወ፫ተ ዕለተ ትንበር በእንተ ደማ ለነጺሓታ እምኵሉ ርኩስ። ወእምኵሉ ቅዱስ ኢትግሥሥ ወቤተ መቅደስ ኢትባእ እስከ ይትፌጸም መዋዕለ ንጽሓ። ወእመሰ አንስተ ወለደት ርኵስት ይእቲ እስከ አመ ወለደት መዋዕለ ሰቡዓ ፪ተ በከመ ትክቶሃ፤ ፷ወ፮ተ ዕለተ ትንበር በእንተ ደማ ለነጺሓታ፣ ዘሌዋ ፲፪:፩-፰። ካብ ደቂ እስራኤል ሰበይቲ እንተ ፀነሰትሞ ወዲ እንተወለደት ክሳዕ ፹ መዓልቲ ዝረኸሰት እያ ልክዕ ከምቲ ደም ኮይናቶ ዝነበረት፤ ኣብ ሻሙናይ መዓልቲ ኸኣ ተኸንሸቦ፣ ካብኡ ንደኃር ሠላሳን ሠለስተን መዓልቲ ቤተ እግዚኣብሔር ከይኣተወት ትጽናሕ፤ እዚ ድማ ካብ ደማ ክሳዕ ትነጽሕ ማለት እዩ። ክሳብ እዘን ዕለታት እዚኣተን ቅዱስ ነገር ንዋያተ ቤተ መቕደስ ኣይትኃዝ፣ ቤተ እግዚኣብሔርውን ኣይትእቶ። ከምኡውን ጓል እንተ ወለደት ክልተ ሰሙን፤ ብድኅሪኡ ከኣ ስሳን ሽዱሽተን መዓልቲ ትጽናሕ፤ እዚውን ካብ ደማ ክሳዕ ትነጽሕ እዩ፣ ዘሌዋ ፲፪:፩-፰። ብሓፈሻ ደም ዝኾነት ሰበይቲ ኣብ ቤተ እግዚኣብሔር ኣይትእቶ።

ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ተራኺቦ ጌሩውን ንዕለቱ ከይኣቱ ክልኩል እዩ፣ "እመበ ብእሲ ዘሰከበ ምስለ ብእሲት፣ አው ብእሲት፣ ይትሐፀቡ በማይ ወርኩሳን እሙንቱ እስከ ሠርክ ዘሌዋ ፲፭:፲፰ ፩ይ ሳሙ ፳፩:፬። "ሕልሚ ለይቲ ተራእይዎ ዘርኡ ዝፈሰሶ እንተ ኮይኑ ቤተ እግዚኣብሔር ኣይእቶ፣ ክሳዕ ሠርኪውን ርኹስ ይኹን። እመበ ብእሲ ዘይትከአዎ ዘርኡ ርኩስ ውእቱ እስከ ሠርክ ወይትሐፀብ ሥጋሁ በማይ" ዘሌዋ ፲፭:፪ ሰበይቲ ምስ ሰብኣይ ከምኡ ኸኣ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ እንተ ደቀሰ ናብ ቤተ እግዚኣብሔር ኣይእተዉ፣ ክሳዕ ሠርኪ ርኹሳት እዮም፣ ድኅሪኡ ግና ብማይ ይተሓፀቡ፤ ተጠራጠርቲ ግና ደም ዘለዋ ሰበይቲ ካብ ቤተ ክርስቲያን ኣይትክልከል በሃልቲ እዮም፣ ክልክልቲ ምዃና ግና ኣብ መጻሕፍቲ



መጽሐፈ ብርሃን

ተጻሒፉ ኣሎ። ምስክርና ከኣ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ፡ ነዚውን እዚ በብምዕራፉ ተጠቒሱ ዘሎ ምንባብ የድሊ።

## ምዕራፍ ፳፮ - በእንተ ሕፄ ወፍኅረት፤

እግዚኣብሔር ብዝኑ ተባዕኑ ብዝበለ መሠረት ወዲ ጓል ኪሕፀ፡ ጓልውን ወዲ ክትሕፀ ግድን እዩ። ስለዚ እዞም ዝተፈላለዩ ፆታ ዘለዎም ክልተ ውልቀ ሰባት እናተሓጋገዙ ንምንባር ይምርዓዉ ማለት እዩ። እምበኣር ወድን ጓልን ክምርዓዉ ከለዉ ወዲ እንተ ቀልጠፈ ብ፴ ዓመቱ፡ እንተ ጸንሐ ኸኣ ብ፴፭ተ ምምርዓው ይግባእ። ጓል ኸኣ እንተቀልጠፈት ብ፲፭ ዓመታ፡ እንተ ጸንሔት ከኣ ብ፲፰ተ ምምርዓው ይግባእ። ቅድሚ እዚ ግና ምምርዓው ኣይግባእን እዩ። ምኽንያቱ ድማ ንሱን ንሳን ሰብኣይን ሰበይትን ምኳን ስለዘይበቕዑ እዩ። ምትሕጽጻይ ግና ብሕፃንነት እንተኾነውን ኣይክልከሉን እዮም። ሕፃናት ስለዝኾኑ ኣቦታቶምን ኣደታቶምውን ቃል ኪዳን ኣይእተዉሉም ። ኪመርዓዉ ከለዉ እቲ ወድን እታ ጓልን ክይተፋተዉ ከለዉ ወለዲ ብግዲ እንተ ኣመርዓ ዉዖም እሞ ኪዳን እንተፈረሰ ዕዳኡም ናብ ወለዲ ምኳኑ ምፍላጥ ይግባእ። ወድን ጓልን ክተኣታተዉ ከለዉ ብተኽሊል ምኳን ኣለዎ። ተኽሊል ኪበሃል ከሎዉን ምቕራብ ናይ ግዲ ምኳኑ ዝስሓት ኣይኮነን፡ ብዘይ ተኽሊል፡ ብዘይ ቍርባን ዚፍጸም መርዓ ግና ከም





ጕረቤት እዩ ዚቖጸር እምበር ትኽክለኛ መርዓ ኪበሃል ኣይከኣልንዩ። ምኽንያቱ ንመርዓውን ንመርዓትን ንኽልቲኦም ተጣምርን ተዋሕድን ሓደ እትገብርን ጸሎተ ተኽሊል ስለ ዝኾነት እያ።

ብተኽሊልን ብቍርባንን ዝተመርዓዉ ሰብኣይን ሰበይትን እንተወለዱውን ንመንግሥቲ፡ ንጳጳስ፡ ዝበቕዕን ዘገልግልን ውሉድ እዮም ዚወልዱ። ዝተባረኹ ዲያቆናትን ዝተባረኹ ካህናትውን ካብዞም ካብዚኦም ዝበሉ ውልቀ ሰባት እዮም ዝውለዱ። ዳዊትውን "ትውልደ ጻድቃን ይትባረክ" መዝ ፻፲፩፡፪ ክብል ዝኸኣለ ካብዚ ዝተላዕለ እዩ። ነገር ግን ሕጊ ጥሒሱ ትእዛዝ ቤተ ክርስቲያን ኣፍሪሱ በዘፈቀደ ባዕሉ ዝምርዖ ከም በቕሊ ከም ፈረስ ካብ ምኳኑ ንላዕሊውን ካብኡ ዝውለዱ ሰረቕቲ፡ ሸፋቱ፡ ኃጢኣተኛታት እዮም ዝኾኑ። ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝውለዱ ንጥፍኣት እዮ፡ "ወዘርእ ዘይወፅእ እምስካበ ተዓዳዊ ሕግ ይማስን" ጥበበ ሰሎሞን ፫፡፲፮።

ምስተመርዓዉ ከኣ ምፍታሕ ኣይግባእንዩ። "ብዘይ ምኽንያት ንሰበይቱ ዝፈትሓ ዘበለ ኵሉ ዘማዊት ገበራ፡ እቲ ፍትሕቲ ዜእቱ ድማ ዘማዊ እዩ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኵሉ ዘየኀድግ ብእሲቶ ዘእንበለ ትዘሙ በባዕሌሁ ለሊሁ ረሲያ ዘማ፡ ወዘሂ ኅድግተ ኣውሰበ ዘመወ" ማቴ ፭፡፴፪። "ምእንቲ እዚ ከኣ ኣቡኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ንሰበይቱ

ይስዕባ ክልቲኦም ከኣ ሓደ ሥጋ ይኾኑ፡ ምኽንያቱ ድማ **እግዚኣብሔር** ሓደ ዝገበሮ ሰብ ክፈልዮ ኣይክእልንዩ፡ ወበእንተዝ የኀድግ ብእሲ ኣባሁ ወእሞ ወይተልዋ ለብእሲቱ ወይከውኑ ክልኤሆሙ ፩ደ ሥጋ፤ **ዘእግዚአብሔር** አስተፃመረ ኢይፍልጥ ሰብእ" **ማቴ ፲፱:፮።** "ሰበይቱ ኃዲጉ ካልእ ሰበይቲ ዘእተወ ዘማዊ እዩ፡ እመበ ዘኀደገ ብእሲቶ ትዝሙ ወአውሰበ ካልእተ ዘመወ" ቀ. :፱። "ኵሉ ሰብ ብሰበይቱ ጸኒዑ ይንበር ሰበይቲውን ብሰብኣያ ጸኒዓ ትንበር፡ ኵሉ ብእሲ ይንበር በብእሲቱ ወኵላ ብእሲት ትንበር በምታ" ፩ይ ቆሮ ፯:፪። ምሳ ፭:፲፰። ብጊዜ ጸሎት እንተ ዘይኮይኑ ሰብኣይን ሰበይትን ኣይፈላለዩ፡ ሰይጣን ኣብ ማእከሎም ኣትዩ ከይፈላልዮም፡ ወካዕበ ተሀልዉ ኅቡረ ከመ ኢይጽባዕክሙ ሰይጣን እስመ ድኩም ቱስሕተ ነፍስትክሙ፡ ቀ. :፭። ሰበይቲ እንተ ተፈቲሓ ካልእ ከይተእቱ ሰብኣይውን ሰበይቱ እንተ ፈቲሑ ካልእ ሰበይቲ ከየእቱ ክልቲኦም ስቕ ኢሎም ከይተመርዓዉ ይንበሩ። ወይ ከኣ ይተዓረቑ። ብእሲትኒእ ኢትትኃደግአ ምስለ ምታአ ወእመኒአ ተኃድገት ትንበርአ በከአ፡ ወእመአኮ ትትዐረቅአ ምስለ ምታአ ወብእሲኒ ኢይኀድግ ብእሲቶ፡ **፩ይ ቆሮ ፯:፲።**

ወባሕቱ ይእዜኒ ኢትትፈለጥ እምታ፡ ወብእሲኒ ኢይኀድግ ብእሲቶ፡ **፩ይ ቆሮ ፲፩:፲፩።** ብዘይ ዝሙትን ክሕደትን ግና ሰነፍ እያ ደረቕ እያ፡ መኻን እያ፡





ሕምምቲ እያ ወዘተ... ኢልካ ምፍታሕ ዓቢይ ገበን እዩ። ሰበይቲ ምስ ተመርዓወት ናብ ገዛ ኣቡኣን ኣዲኣን ምምላስ ኣይግባእንዩ። ምኽንያቱ ባህርይ ሰብ ድኹም ስለ ዝኾነ ናብቶም ኣገልገልቲ ሥድርኣ ከይትወድቕ ሰብኣያውን ንሳ ኃዲጋቶ ምስከደት ናብተን ኣግራድ ሥድርኡ ከይወድቕ ኣይፈላለዩ፤ ክሳዕ ዕለተ ሞቶም ብሓንሳዕ ይንበሩ። ሰሥድርኦም ከበጽሑ እንተ ደለዩውን ኃቢሮም ከይዶም በጺሖም ምምላስ ኣለዎም እምበር ነንበይኖም ኣይኺዱ።

ኣንስቲ ንሰብኡተን ምፍራህ ምእዛዝ፡ ምኽባር፡ ይግብአን። ንሰብኡተን እንተ ፈሪሔን ንእግዚኣብሔር ከም ይግብአን። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን "ኣንስቲ ምፍራሕ እዩ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን "ኣንስቲ ንሰብኡተን ይትኣዘዛ፡ **ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ** ከምዝእዘዝአ ኮይነን ይተኣዘዛ፤ ኣንስትኒ ይትአዘዛ ለአምታቲሆን ከመ ዘለእግዚእነ" **ኤፌ ፭:፳፪።** "ሰብኡትውን በቲ ዘኽብርኦም መጠን የኽብርወን፡ ይገዝእወን፡ ኣንስቶም ኣይንዓቑ፡ ይፍተውወን ከም ነፍሶም ጌሮምውን የኽብርወን፡ ወከማሁ እደውኒ ያፍቅሩ አንስቲያሆሙ ከመ ነፍሶሙ፡ ዘአፍቀረ ብእሲቶ ርእሶ አፍቀረ" ኤፌ ፭:፳፰።

ሣልሳይ ክፍሊ፡ ከምኡ ከኣ ንኹሉ ክርስቲያን ፪ተ ኣንስቲ ዕቁባት ምግባር ግቡእ ኣይኮነን። እዚ ዝሙት

ምፍታው እዩ፡ ማቴ ፲፱፡፱። ኣቱም ዘማውያን ነዚ ዓ
ለምዚ ዚፈቱ ኵሉ ጸላኢ እግዚኣብሔር ምዃኑዶ
ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ኦ ዘማውያን ኢተአምሩኑ ከመ
ዘአፍቀሮ ለዝ ዓለም ጸላኢሁ ለእግዚአብሔር ውእቱ፡ ያዕ
፬፡፬ ፩ይ ዮሓ ፪፡፲፭። ዓመፅቲ ንመንግሥቲ ኣምላኽ
ከምዘይወርስዋዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ኣይትስሓቱ፡
ኣመንዝራታት ወይ መምለኽቲ ጣኦት ዘመውቲ ወይ
ሕንቁቓት ወይ ግብረ ሰዶም ዚገብሩ ሰረቕቲ ወይ ስሱዓ
ት ወይ ሰኽራማት ወይ ተጻረፍቲ ወይ ዘረፍቲ
ንመንግሥቲ ኣምላኽ ኣይወርስዋን እዮም። ኢያስሕቱክሙ
ኢ ዘማውያን፤ ወኢ እለ ያጣዕዉ፤ ወኢ እለ ይኤብሱ
በነፍስቶሙ፤ ወኢ እለ የሐውሩ ብእሲተ ብእሲ፤ ወኢ
ሰራቅያን፤ ወኢ ተአጋልያን፤ ወኢ ሰካርያን፤ ወኢ
ጸአልያን፤ ወኢ ኃያድያን ኢይወርስዋ ለመንግሥተ
እግዚአብሔር፡ ፩ይ ቆሮ ፮፡፱-፲። ምስ ዘማዊት ዝተራኸበ
ምስኣ ሓደ ኣካል ከምዝኸውንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም።
ስለዚ ካብ ዝሙት ረሓቑ፡ ምኽንያቱ ሰብ ኃጢኣት ክገብር
ከሎ ካብ ሥጋኡ ብወፃኢ ኢዩ፡ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ
ሥጋኡ እዩ ኃጢኣት ዚገብር፡ ኢተአምሩኑ ከመ ዘተደመረ
ምስለ ዘማ ፩ደ ሥጋ ይከውን ምስሌሃ፡ ጕዩ እምዝሙት
እስመ ኵሉ ዘኃጢአተ ይገብር ሰብእ አፍአ እምሥጋሁ
ይገብር፡ ወዘሰ ይዜሙ ለሊሁ በሥጋሁ ይኤብስ፡ ፩ይ
ቆሮ ፮፡፲፮-፲፰።





ኣብ ርእሲ ሰበይቶም ዕቁባት ዚገብሩ እግዚኣብሔር
ፈሪዱ ገሃነም ኬውርዶም እዩ፤ ምኽንያቱ ኣይሽንኳይዶ
ትእዛዝ እግዚኣብሔር ዘፍረሰስ ትእዛዝ ምድራዊ ንጉሥ
ዘፍረሰኳ ብዙሕ መቕጻዕቲ ስለዘለዎ እዩ። ካብ ፲ተ
ትእዛዛት ነተን ፱ተ ሓልዩ ሓንቲ እንተ ደኣ ኣፍሪሱ
ንኹለን ከምዘፍረሰን እዩ ዚቝጸር፡ "ወዘሰ ይገብሮ ለኵሉ
ሕግ ወይስሕት በአሐቲ ኮነ መአብሰ በኵሉ፤ እስመ ይቤ
ኢትሐር ኀበ ብእሲተ ብእሲ" ያዕ. ፪፡፲ ዘዳግ ፳፯፡፳፮
ማቴ ፭፡፲፱ ገላ ፫፡፲። ሕጂውን እንተ ኾነ ዕቁባት
ብምብዛሕ ኃጢኣት ኣብ ልዕሊ ኃጢኣት ምውሳኽ
እንተዘይኮይኑ ቁልዓ ኣይርከብንዩ፡ እንተ ተረኺበውን
ዝጠቕምን ንእግዚኣብሔር ዘገልግልን ኪኸውን
ኣይክእልንዩ። እግዚኣብሔር እንተ ደኣ ፈቲዩ ግና ካብ
ሓንቲ ሰበይቲ ዝተባረኸ ዘርኢ ኪህቦ ይኽእል እዩ። ፪ተ
ኣንስቲ ካብ ዘለዋኦ ሰብ መባእ ምቕባል ፈጺሙ
ኣይከኣልንዩ፡ ምኽንያቱ ሕጊ እግዚኣብሔር ዘፍረሰ ስለዝኾነ
እዩ።

## ምዕራፍ ፳፯ - በእንተ ካህናትን ዲያቆናትን፤

ካህን ኮነ ዲያቆን ክይተማህረን ሥርዓተ ቤተ
ክርስቲያን ከይፈለጠን፡ ከምኡውን እንታይ ዓይነት
ኣተሓሳስባ ከምዘለዎ መገዱን ኣዘራርባኡን ኣካይዳኡን
ንጽሕንኡን ምእመናን ከይመስከሩሉ ቅስና፡ ዲቁና፡
ክይቅበል ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ይእዝዝ እዩ። "ወኢይኩን

፩ዱሂ ቀሲስ ዘኢየኣምር ነገረ መጻሕፍት ሓምላካውያት ሠናያት ወፈድፋደሰ ፬ተ ወንጌላተ" ፍት፡ ነገ፡ ኣንቀጽ ፮። "ወለገብርሰ እኩይ ወሀካይ አውጽእዎ ውስተ ጸናፌ ጽልመት ኀበ ሀሎ ብካይ ወሐቅየ ስነን" ማቴ ፳፭፡፴።

ንቕስናን ንዲቁናን ዘብቅዕ ብቑዕ ትምህርቲ ተማሂሮም ንርእሶም ኮይኖም ንኻልእ ኮይኖም ምርካብ ኣለዎም። በዚ ዓይነትዚ ብቑዓትን ብትምህርቲ ዝበሰሉን ኮይኖም እንተ ዘይተረኺቦም ግና ሲኖዶስ የውግዞም እዩ። ሓደ ካህን ምሥጢር መጻሕፍቲ ዘይፈልጥ ካብኡ ንናብኡ እኳ ፬ተ ወንጌል ዘይተማህረን ነገረ መለኮት ዝናገሩ ጽሩያት መጻሕፍቲ ዘይፈለጠን ክህነት ምቕባል ኣይግብኦን ይብል ባስልዮስ። ፍት፡ ነገ፡ ኣንቀጽ ፮።

ክህነት ድኅሪ ምቕባሎምውን ነቶም ምእመናን ምምካርን ምምሃርን ግዴታኦም እዩ። ክህነት ተቐቢሉ ዘይምህር ካህን ግና "ኢታ ሃካይ ኣገልጋሊ" ተባሂሉ ከም ዝስጎግ እንሆ ኣብ ማቴ ፳፭፡፴ ተገሊጹ ኣሎ፡ ይኹን ደኣ እምበር መዓርገ ክህነት ኣሎኒ ኢሉ ኸኣ ብዘይኮነ ቀንጠ መንጢ ክግዝትን ክውግዝን የብሉን። ኣቐዲሙ ምምካር ምግሳፅ ብዝከኣለካ መጠን ምምሃርን ምጽንናዕን እዩ ዜድሊ። ቅዱስ ወንጌልውን ኃውካ እንተ በደለ ንበይኑ ጌርካ ምኽሮ እንተ ኣበየ ክኣ ፪ተ ውሰኽ ኣቢልካ ለምኖ፡ በዚ ተሰፋ ክይቈረጽካውን ንሣልሳይ ጊዜ ፪-፫ተ





ሽማግለታት ጌርካ ለምኖ፡ ኣብዚ እዋንዚ እንተ ደኣ ኣብዩካ ፍለዮ፡ "ወእመኒ አበሰ ለከ እኁከ ሑር ወገሥፆ በባሕቲትክሙ አንተ ወውእቱ፤ ወእመሰ ሰምዓከ ረባኀኮ ለእኁከ" ማቴ ፲፰፡፲፭ ሉቃ ፲፯፡፫ ፩ይ ጴጥ. ፫፡፩።

ብኻልኣይ ደረጃ ድማ ካህናት እንተ ዘየጥመቑን ቤተ ክርስቲያን እንተ ደኣ ዘየገልጊሎምንሲ ካህናት ኢና ኪብሉ ክእለት የብሎምን። እዚ ድማ ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ኵሉ ዓለም ኪዱ እሞ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኩም ደቀ መዛሙርት ግበርዎም ንዝበሎ ቃል እዩም ዝቃወሙ ዘለዉ፤ ፳፰፡፲፱፡ ግብ ሓዋ ፪፡፵፪ ዕብ ፲፡፳፭።

ካብ ፍቓድ ካህን ምውፃእን ትእዛዙ ካብ ምቕባል ዘድኅርኅርን ሰብ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ምእባይ ማለት እዩ። ኣብ ርእሲዚ ግና ምእመናን ንካህናት ብዝከኣለኩም መጠን ክተረድእዎም ይግባእ። ንግሆ ብኪዳን፡ ምሸት ብቍርባን፡ እናበሉ ቤተ እግዚኣብሔር ዜገልግሉ ምእንቲ ርእሶም ጥራይ ዘይኮነስ ምእንቲ ሕዝቢውን እዮም፡ ነገር ግና ካህናትውን ከምዚ እናተገብረሎም ግቡእ ኣገልግሎቶም እንተ ዘይፈጺሞም ከቢድ ቅጽዓት ከምዘለዎም ምስትውዓል ኣለዎም፡ ምኽንያቱ ድማ ክህነት ከምጽኡ ዝኸኣሉ ንትዕቢትን ንትዝኅርትን ዘይኮነስ፡ ሕፃናት ክጥምቑሉን ምእመናን ክቍርቡሉን እዩ። ናይ ዓለም

ብርሃን፣ ናይ ዓለም ጨው፣ ኣዒንቲ እግዚኣብሔር ተባሂሎም ዝጽውዑውን ምእንትዚ እዮም፣ ማቴ ፭:፲፬ ምሳ ፬:፲፰ ፊል ፪:፲፬-፲፮።

፩ይ ክፍሊ፣ ምእመናን ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ኣትዮም በብመዓርጎም ቆይሞም፣ ንየማን ንጸጋም፣ ንቕድሚት ንድኅሪት ከይበሉ፣ ልቦም እኩብ ኣቢሎም ብኣንቃዕድዎ ሕሊና ኮይኖም ነቲ ዝንበብ ኮነ ዚትርጎም ቃለ እግዚኣብሔር ተጠንቂቖም ምስማዕ እዩ ዘድልዮም። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ዋዛ ፈዛዛ ስሓቕ ተሣልቖ ፈጺሙ ዝተኸልከለ እዩ። እንታይ ደኣ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ጸሎት ስግደት እዩ ዚግባእ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን፣ "ቤትየስ ቤተ ጸሎት ይሰመይ፣ ኣንትሙስ ረሰይክምዎ በዓተ ፈያት ወሰረቕት፣" ቤተይ ቤተ ጸሎት እዩ፣ ክምዝበለ ኣብ ማቴ ፳፩:፲፫ ገሊጽዎ ኣሎ። ቀንዲ ከኣ ቅዳሴ ምስ ኣተወ ምውፃእ ምእታው ኣይግባእንዩ፤ ቅዳሴ ኣትዮም ክሳዕ ዝወፅ ቆይምካ ምቕዳስ እዩ ዚግባእ። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ሥጋዊ ምግቢ ምምጋብ ክልኩል እዩ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስውን "ቤተ እግዚኣብሔር ተቃልሉስ፣ ትበልዕሉን ትሰትዩሉን ቤትዶ የብልኩምን ኢኹም፣ በኑ ኣብያት ኣልብክሙ በኀበ ትበልዑ ወትሰትዩ ወሚመ ቤተ እግዚኣብሔርኑ ታስተሐቅሩ" ፩ይ ቆሮ ፲፩:፳፪። ዘሌዋ ፲፱:፴ መክ ፭:፩።





፪ይ ክፍሊ፣ ሰብ ብዝሞተሉ ጊዜ ገጽ ምሕንፋጥ ጸጕሪ ምንጻይ ብቤተ ክርስቲያን ዝተኸልከለ እዩ። ናይ ክርስቲያን ተስፋ ብምድራዊ ዘይኮነስ ብሰማያዊ ዓለም እዩ። "ኣኀዊተይ ምእንቲ እዞም ብሞት ካብዚ ዓለም ዝተፈልዩ ምኅዛን ከምዘይግባእ ክትፈልጡ እፈቱ፣ ዝኀዘነሎም ዝብከዩሎም ንቶም ተስፋ ድኅነት ዘይብሎም እምበር ክርስቲያን ምኅዛን ኣይግብኦንዩ፣ ወንፈቅድ ታእምሩ ኣኃዊነ በእንተ እለ ኖሙ ከመ ኢይደሉ ትተክዙ በላዕሌሆሙ ከመ ሰብእ እለ ቅቡፃን ተስፋሆሙ"፣ ፩ይ ተሰ ፬:፲፫።

ካብዚ ንላዕሊውን ሰብ ብዝሞተሉ ጊዜ ነቲ ዓራት ጸሊም ጨርቂ ኣልቢስካ፣ ነቲ ዓራት እናዞርካ ምብካይ ኣጸያፊ ካብ ዝበሃሉ ነገራት ሓደ ስለዝኾነ ከምኡ ምግባር ኣይግባእንዩ። ካብ ርሑቕ ካብ ቐረባ ቤተሰብ ከይተኣኻኸቡ ኢልካ ሬሳ ከይቀበርካ ክትጽበ ምውዓል ምኅዳር ካብ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዝወፀ እዩ። ከይወዓለ ከይኃደረ ምቕባር እምበር ምውዓል ምኅዳር ክልኩል እዩ። ምውዓል ምኅዳር ዚግባእ እንተ ዝኸውን ነይሩ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣውዒሎም ወይ ኣኅዲሮም ምቐበርዎ ነይሮም። ዘይግባእ ብምዃኑ ግና ንዕለቱ እዮም ዝቐበርዎ፣ ዮሓ ፲፱:፴፪።

ክፍሊ ፫፣ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዕጣን ምዕጣን ከምዝግባእውን ምፍላጥ ይግባእ። እዚ ኸኣ መዓት

ንምርኃቕ፡ ምሕረት ንምቕራብ፡ ጸሎትውን ንምዕራግ ኢዩ። ካህን ኣሮን ዕጣን ዓጢኑ ንእስራኤል ካብቲ ወሪድዎም ዝነበረ መቕሠፍቲ ኣድኂንዎም እዩ። እዚ ኸኣ ሙሴ ከምዚኣዝዞ ኣሮን ማዕጠንተ ወርቂ ሒዙ እናጐየየ ናብቲ ከተማ እስራኤል ከደ። ምኽንያቱ ድማ እቲ ሕዝቢ ብሕማም ተላገብ ተወዲኡ ስለዝነበረ እዩ። ካብኡ ንደኃር ዕጣን ናብቲ ማዕጠንቲ ኣእትዩ ኣብ ማዕከል ጥዑያትን ኣብ ማዕከል ምዉታትን ኮይኑ ምእንቲ ሕዝቢ ምስ ለመነ እቲ ሕማም ጠፍአ፡ እቶም በቲ ሕማም ተላገብ ዝሞቱ ኸኣ ብዝኖም ፻፻ወ፵፻ወ፯፻ ዚኣኽሉ ነበሩ ይብል፡ "ወነሥአ ኣሮን ማዕጠንተ በከመ ይቤሎ ሙሴ ወሮፀ ፍጡነ ውስተ ትዕይንት፡ እስመ ተወድአ ሕዝብ በብድብድ ወወደየ ዕጣነ ውስተ ማዕጠንት ወአስተሥረየ በእንተ ሕዝብ" ወቆመ ማእከለ ሙታን፡ ወማእከለ ሕያዋን፡ ወኃደገ ብድብድ፡ ወኮኑ እለ ሞቱ በብድብድ ፻፻ወ፵፻ወ፯፻፡ ዘኍ. ፲፮:፵፰።

እቲ ዝተዓጥነ ዕጣን ኸኣ ጢሱ(ትኩ) ምስቲ ጸሎት ቅዱሳን ዓረገ፡ "ወዓርገ ጢሱ ለውእቱ ዕጣን ምስለ ጸሎቶሙ ለቅዱሳን በዲበ ምሥዋዕ" ራእ ዮሐ ፰:፬። መዝ ፻፵:፪። ዕጣን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝዕጠን እምበኣር ምእንትዚ እዩ።





## ምዕራፍ ፳፰ - በእንተ ዓሥራት መበኵራት ወቀዳምያት

ዓሥራት፡ በኵራት፡ ቀዳምያት፡ ምውዓእ ካብ ጥንቲ ኣትኂዙ ዝነበረ እዩ። ዓሥራት ዚበሃል ናይ ወርቂ፡ ናይ ቅርሺ፡ ናይ ከብቲ፡ ናይ እኽሊ፡ ዕሽር (ካብ ዓሠርተ ሓደ ኢድ) እዩ። በኹራት ዝበሃል ከኣ ናይ ውሉድ፡ ናይ ከብቲ፡ ናይ ሰዊት፡ ናይ መዓር፡ ናይ ጸባ፡ ወዘተ... ዝኣመሰለ ካብ ዝርከብ እቲ በኹሪ ዝወሃብ እዩ። እዚውን ብዝግባእ ንዘስተምህሩን፡ ንዘገልግሉን፡ ንካህናት እዩ። እንተ ዘየስተምሂሮምን እንተ ዘየገልጊሎምን ግና ዓሥራት በኹራት ክቕበሉ ኣይግብኦምንዩ። ኣብዚ ኪስትውዓል ዘለዎ ዓሥራት በኹራት ምጽዋት ከምዘይኮነ ምስትውዓል ይግባእ። ምጽዋት ዚበሃል ካብ ገንዘብካ ንዝጠመየ፡ ንኣካለ ስንኩል ብፍቓድካ ዚወሃብ እዩ። ዓሥራት በኹራት ንኣምላኽ ብሕጊ ዚወሃብ እዩ። እዚ ኸኣ ብዝናም ኣብቀኹሉ ብፀሓይ ኣብሲሉ ካብ በረድ ካብ ኣንበጣ ከልኪሉ ንዝሃበ እግዚኣብሔር ኢልካ እትህቦ ፍሉይ ውህብቶ እዩ። ነዚ ዜትርፍ ዕዳ(በደል) ከምዘለዎ ይፍለጥ።

"ሀቡ ዐሥራተ እምኵሉ እክላቲክሙ ወአዝርእቲክሙ ወእምኵሉ ዘታፈሪ ምድርክሙ ለለዓመት፡ ምድርኹም በበዓመቱ ካብ ተፍርዮ ኵሉ ኣእካልን ኣዝርእትን ዕሽር ሃቡ" ይብል። ዘዳግ ፲፬:፳፪። ከምኡውን "ናይ እግዚኣብሔር ንእግዚኣብሔር፡ ናይ ንጉሥ ኸኣ

ንንጉሥ ሃቡ" እዩ ዚብል፡ "ሀቡ ዘቄሣር ለቄሣር፡ ወዘእግዚአብሔር ለእግዚአብሔር፤" ማቴ ፳፪:፳፩፤ ፲፯:፳፯ ሮሜ ፲፫:፯። እለ ታበውኡ ዐሥራተ እዴሁ ለአዛብ ወለሲላን ወለከሙን ወኀደግሙ ዘየዓቢ ትእዛዛተ፡ ማቴ ፳፫:፳፫ ሉቃ ፲፩:፵፪። ነቲ ዘይረብሓን ዘይጠቅምን ኣውፂእካ ነቲ ደኃን ዝኾነ እንተ ኃዲግካ እግዚኣብሔር ዝፈትዎ ነገር ኣይኮነን፡ ተጠንቂቕካ ምውፃእ እዩ ዚግባእ። ዓሥራት በኸ፦ራት ዘይከፈሎ ገንዘብ ፈጺሙ ዚረብሕ ዚጠቕም ኣይኮነን። ከብቲ ብሕማም ይመውት፡ ነቲ እኽሊውን ኣንበጣ(ባልዕ) ይበልዖ፡ በረድ ይወቕዖ፡ እንተ ኣተወውን ንነቐዝ እዩ ዚኸውን በረኸትውን የብሉን፡ ካብዚ ንላዕሊ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰብነቱ ሥቓይ መከራ የምጽኣሉ፡ ብነፍሱውን ንገሃነም እዩ ዘውርዶ፡ ከመይ ገንዘብ እግዚኣብሔር ስለ ዘትረፈ።

## ምዕራፍ ፳፱ - በእንተ ምዕዳን ዘክርስቲያን፤

ክርስቲያን ዝኾነ ኵሉ ካብ ኵሉ ኣቐዲሙ ናይ ሥላሴ ሓድነት፡ ሠለስተነት፡ ምልኣት፡ ስፍሓት፡ ርቀት ብዚግባእ ፈሊጡ ካብ ፫ተ ኣካላት ወልድ ብዝተፈልየ ኣካሉ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወሊዱን ሰብ ከምዝኾነን ፈሊጡ፤ ብ፴ሳ ዓ መቱውን ምእንታና ኣብ ባሕሪ ዮርዳኖስ ከምዝተጠምቀ ተጠሚቑ ኸኣ ምእንታና ፵ዓ መዓልትን ፵ዓ ለይትን ከም





ዝጾመ፡ ምእንታና ፫ተ ዓመትን ፫ተ ወርኅን ምድረ እስራኤል ዘይሩ ወንጌል ከም ዘስተምሃረ፡ ብድኅሪዚውን ምሸት ኃሙስ ነቲ ኅብስትን ነቲ ወይንን ኣኽቢሩን ለዊጡን "እዚ ሥጋይ እዩ፡ እዚውን ደመይ እዩ" ኢሉ ንሓዋርያት ከምዝሃቦም፤ ብድኅርዚ ከኣ ዓርቢ ምእንቲ ደቂ ሰብ ኢሉ ካብ ኣይሁድ ዝተቐበሎ መከራን ግርፋትን ምግፋፍ ከዳኑን ብመሥማር ምሽንካሩን ኣብ ልዕሊ መስቀል ምስቃሉን ሙማቱን ፈሊጡ ብሞቱ ኸኣ ፭ተ ሽሕን ፭ተ ሚእቲ ዘመን ብኢድ ዲያብሎስ ተታኂዞም ዝነበሩ ነፍሳት ንሱ ከም ዘድኃኖምን፤ ብድኅሪዚውን ፫ተ መዓልቲ ፫ተ ለይቲ ኣብ ከርሠ መቃብር ኃዲሩ ሰንበት ፍርቂ ለይቲ መቓብር ከፈቱለይ፡ እምኒ ፈንቅሉለይ፡ መግነዝ ፍትሑለይ፡ ከይበለ ባዕሉ ብገዛእ ሥልጣኑ ምትንሥኡን፡ ፵ዓ መዓልቲ መጽሓፈ ኪዳን ከም ዘስተምሃረ ፈሊጡ ብ፵ዓ መዓልቱ ኸኣ ብቕዳሴ መላእኽትን ብውዳሴ ሊቃነ መላእኽትን ንሰማይ ከምዝዓረገ፡ ካብቲ ዝዓረገ መዓልቲ ኸኣ ብዓሥራይ መዓ ልቲ ንሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝሰደደሎም እዩ ምፍላጥን ምግንዛብን የድሊ።

ብድኅሪዚ ኸኣ ነዚ ዓለም ንምኅላፍ ከም ዝመጽእ ኣሚኑ ተጠሚቑ፡ ብሕግን ሥነ ሥርዓትን ፀኒዑ ነዚ ነገርዚ ኵሉ ፈልዩ ዘይፈልጥን ሥጋኡን ደሙን ዘይቕበል ሰብ ኵሉ ክርስቲያን እዩ ክጸድቕውን እየ ክብል

ኣይግብኣንዩ። እዚ ኸኣ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትእዛዝ እዩ እምበር፡ ንሕና ካብ ልብና ኣንቂዕና ዘምጻእናዮ ኣይኮነን። ጐይታና እንታይ ኢሉ ነይሩ እንተ ተባህለ፡ "ኣማን ኣማን እብለክሙ እመ ኢበላዕክሙ ሥጋሁ ለወልደ እጓለ እመሕያው፡ ወኢሰተይክሙ ደሞ አልብክሙ ሕይወት ዘለዓለም ላዕሌክሙ፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ሥጋ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ እንተዘይበላዕኩም ደሙውን እንተዘይሰቴኹም ንዘለዓለም ሕይወት የብልኩምን። ሥጋይ ዝበልዐ ደመይውን ዝሰተየ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣለዎ፡ ኣብቲ ዳሕራይ መዓልቲውን ከተንሥኦ እየ።" ዮሓ. ፮፡፶፫-፶፮።

ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ንዝገለጾ ቃሉ ኣፍሪሱ፡ ብንጽሕና ሥጋኡን ደሙን ኣይቕበልን እየ፡ ኢሉ ገሃነመ እሳት ምውራድ ኣዝዩ ዘጓዝንን ዘጕህን እዩ። ብመጀመርታውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ዝተሰቕለ ሥጋኡን ቈሪሱ ደሙ ኣፍሲሱ ምሃቡ ንኽንቅበሎ እምበር ንክንቱ ክም ዘይኮነ ምፍላጥ ይግባእ። ክርስቲያን ዝብል ስም ዝረኸብናዮስ ብማየ ገቦ ተጠሚቕና፡ ሥጋኡ በሊዕና ደሙ ሰቲና፡ ኣይኮነንዶ! ከምኡውን ብሕፃንነትና ክንጥመቕ ከሎና ዝተቐበልናዮ የኣኽለና ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ኣልዩ ጐይታ፡ "ሲሳየነ ዘለለ ዕለትነ ሀበነ ዮም" በሉ እዩ





ዝበለና። ማቴ ፮፡፲፩። ንዝኽኣሎ ኩልሳዕ ሥጋኡን ደሙን ምቕባል ግቡእ እዩ።

ንሰብ ብግብሩ ፪ተ ባህርይ እዩ ዘለዎ እዚ ኸኣ መልኣካዊ ባህርይን፡ እንሰሳዊ ባህርይን ማለት እዩ። እንሰሳዊ ባህርይ መብልዕ መስተ ክስእን ከሎ ይመውት፡ መልኣካዊ ባህርይ ከኣ ቃለ እግዚኣብሔርን ሥጋኡን ደሙን ክስእን ከሎ ሞተ ነፍስ ይመውት። ምኽንያቱ ሥጋኡን ደሙን ምግቢ ነፍስ ስለ ዝኾነ። ካልኣይ ሥጋኡን ደሙን ናይ ዘለዓለም መግቢ ምዃኑ ኪገልጽ፡ "ተገበሩ እንከሰ ኣኮ ለመብልዕ ኃላፊ፡ ኣላ ለመብልዕ ዘይነብር ለሕይወት ዘለዓለም ዘይሁበክሙ ወልደ እጓለ እመሕያው፡ እስመ ለዝሰ እግዚኣብሔር ኣብ ኀተሞ፡ ንዘለዓለም ሕይወት ዝኸውን እምበር ንኃላፊ መብልዕ ኣይትገዝኡ እዚ ኸኣ ወልደ እጓለ እመ ሕያው ክርስቶስ ዝህበኩም እዩ ነዚስ እግዚኣብሔር ኣብ ፈጺምዎ ኢዩ" ዮሓ ፮፡፳፯። ናይ ዘለዓለም ምግቢ ካብ ዚኸውን ካብ ሥጋኡን ደሙን እንተ ደኣ ተፈሊኹም ኣጋንንቲ ኣብ ልዕሌኹም ክሥልጥኑ ሕማም ክብርትዓኩም ብነፍስኹም ድማ ገሃነመ እሳት ክትወርዱ ኢኹም ። ነዚ ግና ብነፍስ ይኹን ብሥጋ መድኃኒቱ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን እዩ።

ብድኅርዚ ንጒይታ ዓለም ክርስቶስ ዚግባእ ሥርዓት ኵሉ ፍቕርን ትሕትናን ምግባር ይግባእ፡ ፍቕሪ እንተ ደኣ ዘየልዩ ክንጸድቕ ኢና መንግሥተ ሰማያት ክንኣቱ ኢና ማለት ፈጺሙ ኣይከኣልንዩ። "ቋንቋ ሰብን ቋንቋ መላእኽትን እንተ ፈለጥኩ ካብዚ ኃሊፉውን ናይ ሙሉእ ዓለም ቋንቋ እንተ ዝፈልጥ ፍቕሪ ግና እንተዘይብለይ ከም ዘድሂ ወይ ጭልጭል ከምዝብል ኣስራዚ ምኽንኩ ወይ ከኣ ከምዚ ክበሮ ዝውቃዕ እሞ ፍረ ዘይብሉ ደሃዩ ጥራይ ዝስማዕ ምኽንኩ፡ "ወእመኒ አእመርኩ ነገረ ኵሉ ሰብእ ወነገረ ኵሉ መላእክት ወተፋቅሮ አልብየ ኮንቶ ኮንኩ ከመ ድምፀ ብርት ዘይነቁ ወእመ አኮ ከመ ከበሮ ዘይዘብጥ"፡ "ትንቢት እንተ ተነቢኩን ዝተሠወረ ነገር ኵሉ እንተ ፈለጥኩን ፍልጠት ኵሉ እንተ ዝህልወኒ ኣኽራናት ዘፋልስ ወይ ዘግዓዕዝ ፅኑዕ ሃይማኖት እንተ ዝህልወኒ ፍቕሪ ግና ካብ ዘይብለይ ከንቱ እየ፡ ወእመኒ ተነበይኩ ወአእመርኩ ኵሎ ዘኅቡእ ወኵሎ ጥበበ ወእመኒ ብየ ኵሉ ሃይማኖት እስከ አፈልስ አድባረ ወተፋቅሮ አልብየ ከንቶ ኮንኩ"፡ "ዘሎኒ ንብረት ኵሉ ንድኻታት እንተ ዝህብ ካብዚ ንላዕሊውን ሥጋይውን ምእንቲ ሃይማኖተይ ኢለ ኣኅሊፈ ሓዊ እንተዜንድድ፡ ፍቕሪ ግና ዘይብለይ እንተ ኮይነ ዝረኽቦ ጥቕሚ የብለይን። ፍቕሪ ትዕግሥቲ የኅድር፡ ፍቕሪ የተኃዛዝን የራኅርኅ ፍቕሪ ንመንፈሳዊ ነገር የቃንእ፡ ኣየሕፍርንውን፡ ልቢውን ኣይሽኮርዕን፡ ንበይኑ ኸኣ ተድላ ደስታ ኣይገብርን፡ ኣየበሳጩን፡ ክፉእ





ኣየተሓሳስብን፡ ብግፍዒውን ደስ ኣየብልን፡ ብሓቅነት ግና የሕጒስ ይብል፤ ወእመኒ ወሀብኩ ለምጽዋት ኵሎ ንዋይየ፡ ወዓዲ ሥጋየኒ ለውዕየተ እሳት፡ ወተፋቅሮ አልብየ አልቦ ዘረባኅኩ፡ ተፋቅሮ ኢያስተቃንእ፡ ወኢያስተኀፍር፡ ወኢያስተዔቢ ልበ፡ ወኢያኀሥሥ ተድላ ለባሕቲቱ፡ ወኢያስተማዕዕ፡ ወኢያሔሊ እኩየ፡ ወኢያስተፌሥሕ በግፍዕ፡ ወያስተፌሥሕ በጽድቅ" ፩ይ ቆሮ ፲፫:፩-፯። "ዴግንዎ ለተፋቅሮ፡ ንፍቕሪ ሰዓብዋ" ፩ይ ቆሮ ፲፬:፩።

ቀጺሉውን "እብዚ ዓለም ዝነብሩ እዚኣቶም ፫ተ እዮም፡ እዚኣቶም ከኣ ሃይማኖት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ ካብዚኣቶም ግና ፍቕሪ ይበልጽ፡ እሉ ሠለስቱ ዘይነብሩ እሙንቱ ሃይማኖት፡ ወትውክልት፡ ወተፋቅሮ ወእምኵሉ የዓቢ ተፋቅሮ"፤ ፩ይ ቆሮ ፲፫:፲፫። "ወእምኵሉሰ ዘይቀድም ተፋቀሩ በበይናቲክሙ ብምልአ ልብክሙ፡ እስመ ተፋቅሮ ይደፍኖን ወይደመስሶን ለኵሎን ኃጣውእ፡ እምበኣር ካብ ኵሉ ዝቕድም ነሓድሕድኩም ብሙሉእ ልብኩም ምፍቃር ከምዘሎኩም እዩ፡ ከመይ ንኃጢኣት ኵሉ ዝድምስሶን ዘጥፍኣን ፍቕሪ እዩ። ፩ይ ጴጥ ፬:፰። ብጸዩ ዘየፍቅር ኣብ ጸልማት እዩ ዚነብር፡ ብጸዩ ዚጸልእ ኵሉ ቀታል ነፍሲ እዩ፡ ቀታል ነፍሲ ከኣ ሕይወት ከምዘይብሉ ትፈልጡ ኢኹም፡ ወዘሰ ኢያፈቅር ቢጾ ውስተ ጽልመት ይነብር፡ ኵሉ ዘይጸልእ ቢጾ ቀታሌ ነፍስ

ውእቱ ወተአምሩ ከመ ለቃተሌ ነፍስ አልቦቱ ሕይወት ዘለዓለም እንተ ትሄሉ ላዕሌሁ፤ ፩ይ ዮሓ ፫፥፲፭።

እምበኣር ቀታል ነፍሲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምዘይረክብ፤ ፍቕሪ ዘይብሉ ሰብውን ብምድራዊ ዓለም ኮነ ብሰማያዊ ዓለም ሕይወት የብሉን። ደቀየ ብቓልን ብልሳንን ዘይኮነስ ብሓቕን ብተግባርን ፍቕሪ ንኃዝ፤ ቍ. ፲፰። ፍቕሪ ክበሃል ከሎ ከኣ ኃወይ ኃወይ ምባል ጥራይ ብቑዕ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ከም ዝጠምየኒ ኃወይውን ይጠሚ፤ ከም ዝጸምኣኒ ኃወይውን ይጸምእ፤ ከም ዝቈረኒ ኃወይውን ይቈርር እዩ፤ እናበልካ ንብጻይካ ምኅዛን ምርዳእ እዩ ዜድሊ።

ኣንዋትና ነሓድሕድና ፍቕሪ ነኃዝ፤ ከመይሲ ፍቕሪ ናይ እግዚኣብሔር እያ። ንፍቕሪ ዘይፈልጣ ንእግዚኣብሔርውን ኣይፈልጦን እዩ ዚብል፤ "አኃዊነ ለንትፋቀር በበይናቲነ እስመ ተፋቅሮ እምነ እግዚአብሔር ውእቱ፤ ወዘሰ ኢየፈቅር ቢጾ ኢየአምሮ ለእግዚአብሔር እስመ እግዚአብሔር ፍቅር ውእቱ" ቍ. ፯-፰። ንእግዚኣብሔር እፈትዎ እየ እናበለ ንብጻዩ ዘይፈቱ ሰብ ሓሳዊ እዩ፤ ወእመሰ ዘይብል አፈቅሮ ለእግዚአብሔር ወይጸልእ ቢጾ ሐሳዊ ውእቱ፤ ቍ. ፳ እንሆ ሓድሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣሎኹ እዚ ከኣ ነሓድሕድኩም ምእንቲ ክትፋቐሩ እየ። ከምዚ ኣነ ዝፈትወኩም ዘሎኹ





ንስኻትኩም ድማ ፍቕሪ ኃዙ፤ "ወእሁበክሙ ሐዲሰ ትእዛዘ ከመ ትትፋቀሩ በበይናቲክሙ በከመ አነ አፍቀርኩክሙ ከማሁ አንትሙኒ ተፋቀሩ በበይናቲክሙ ወበዝንቱ የአምረክሙ ኵሉ ከመ አርዳእየ አንትሙ፤ እምከመ ተፋቀርክሙ በበይናቲክሙ" ዮሓ ፲፫፥፴፬። ፍቕሪ ናይ ኵሉ መእሠሪ እዩ። ፍቕሪ ከይኃዝካ እንተ ጾምካ እንተ ጸሌኻ እንተመጽወትካ እንተሰገድካ ከንቱ እዩ ፈጺሙ ዝረብሓን ዝጠቕምን ኣይኮነን፤ ስለዚ ምስ ዓቢይ ምስ ንእሽቶ ምስ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ምስ ኵሉ መንፈሳዊ ፍቕሪ ምኃዝ ግቡእ እዩ።

<u>ቀዳማይ ክፍሊ፤</u> ኣቦታት ኣዴታት ንደቅኹም እናመኸርኩምን እናመሃርኩምን እናቐጻዕኩምን ብሕግን ሥነ ሥርዓትን ኣዕብይዎም። እንተ ዘይተማሂሮምን እንተ ዘይተቐጺዖምን ግና ፈሪሓ እግዚኣብሔር ዘይብሎም ኣቡኦምን ኣዲኦምን ካብ ምውራድ ድኅር ከምዘይብሉ ምፍላጥ ይግባእ፤ ወለዲ ንደቆም ብሕግን ሥነ ሥርዓት እናቐጽዑ እንተ ደኣ ዘየዕብዩዎምዎም ብዘይምቕፅዖምን ብዘይምምሃሮምን ዕዳ ኣለዎም። ንሕፃን ናይ መጀመርያ መማህራን ወለዲ ስለ ዝኾንኩም ክትምህርዎምን ክትቀጽዕ ዎምን ከሎኹም ብጥበብን ልስልስ ብዝበለ መገዲ ምኻን ኣለዎ። "አበውኒ ኢታስተቀንጥዑ ውሉደክሙ አላ ሕፅኑ ወገሥፁ በትምህርተ እግዚአብሔር፤ ኣቦታትውን ንደቅኹም ኣይተባሳጭውዎም እንታይ ደኣሲ ብትምህርቲ

እግዚአብሔር ብለዘብታ ግንሕዎም፡ ኤፌ ፮፡፬። እዚውን ናትና ትእዛዝ ዘይኮነስ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትእዛዝ እዩ።

ካልኣይ ክፍሊ፡ ውሉድውን ነቦኹምን ነዴኹምን ኣኽቢርኩም ምርዳእ ምእዛዝ ፈቓዶም ምፍጻም ግቡእኩም እዩ። "አክብር አባከ ወእመከ ከመ ሠናየ ይኩንከ ወይኑኅ መዋዕሊከ በዲበ ምድር" ዘፀአ ፳፡፲፩። ዕድሜኹም ይነውን ሃብትኩም ይበዝን ማለት እዩ። ካብተን ፲ቱ ቃላተ ኦሪትውን ፭ይ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር እዩ ዚብል፡ ዘፀአ ፳፡፲፪ ዘሌዋ ፲፱፡፫ ዘዳግ ፭፡፲፮። ነቦኩምን ነዴኩምን እንተዘይረዲእኩምን እንተዘየኽበርኩምን ክፍረደኩም እዩ። "ማቴዎስ ነቡኡን ነዲኡን ዘይእዝዝ ሞት ይሙት ኢሉ ፈሪድዎ ኣሎ፡ ወዘሰ አኅሠመ ቃለ ላዕለ አቡሁ ወእሙ ሞተ ለይሙት" ማቴ ፲፭፡፬። ውሉድውን ንቤተ ሰብኩም ምእንቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢልኩም ተኣዘዝዎም። እዚ ኣብቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ዘሎ እዩ፡ ውሉድኒ ተአዘዙ ለአዝማዲክሙ በእግዚእነ እስመ ጽድቅ ውእቱ ዝንቱ ወቀዳሚ ትእዛዝ፡ ኤፌ. ፮፡፪። ብሕግን ሥነ ሥርዓትን ዘይዓበየ ቆልዓ ርእሱ ተጸሪፉ ንእግዚኣብሔር ክሳብ ምጽራፍ እዩ ዚበጽሕ ወለዱውን የጽርፍ፡ ንወዱ ዘይቀጽዕ ወላዲ መን እዩ፧ እንተ ደኣ ዘይገሠፁኹምን ዘይቀፃዕ ኹምን ግና ደቓሉ ማለት ኢኹም ውሉድ ክትበሃሉውን ኣይትኽእሉን ኢኩም፡ "መኑ ውሉድ ዘኢይጌሥፆ አቡሁ





ወእመሰ ኢገሠፁክሙ እንደበራ አንትሙ ወኢኮንክሙ ውሉደ ወዓረይክሙ ኰልክሙ" ዕብ. ፲፪፡፯። ምኽባር ኪበሃል ከሎ ከኣ ነቲ ዝወለደካ ኣቦኻን ነታ ዝወለደትካ ኣዴኻን ጥራይ ኣይኮነን፡ ብዝበለጸ ንምግላጽ ኢዩ ኣቦኻን ኣዴኻን ዝተባህለ እምበር ንኹሉ እዩ ምኽባር ዝግባእ ምኽንያቱ፡ ድማ ምእንቲ ክብሪ እግዚኣብሔር ንኹሉ ፍጥረት ዕጓለ እመሕያው ኣኽብሩ ማለት እዩ፡ "አትሕቱ ርእሰክሙ ለኵሉ ፍጥረተ ዕጓለ እመሕያው በእንተ እግዚአብሔር" ፩ይ ጴጥ ፪፡፲፫።

ሣልሳይ ክፍሊ፡ ግዙኣትውን ንቶም ዝገዝኡኹም ብዝግባእ ተገዝእዎም፡ ብዝግባእውን ኣኽብርዎም፡ ንዓቒቶም ተጊህኩምን ነቒሕኩምን ምግዛእ ንእግዚኣብሔር ከምዝተገዛእኩም እዩ ዚሕሰብ። እዚ ድማ፡ ነብረኒ ተአዘዙ ለአጋእዝቲክሙ በስፉሕ ልብ፡ ወአኮ በአድልዎ ለገጸ ሰብእ፡ አላ በፍርሃተ እግዚአብሔር ይብል። ኣንቱም ግዙኣት ብሙሉእ ልብኹም ንቶም ጎዛእትኹም ተኣዘዙ ተገዝኡ እዚ ኸኣ ንሰብ ይምሰል ብዝብል ሓሳብ ዘይኮነስ ንእግዚኣብሔር ብምፍራሕ ይኹን፡ ቈላ ፫፡፳፪ ኤፌ ፮፡፭ ፩ይ ጢሞ ፮፡፪ ፩ይ ጴጥ ፪፡፲፰።

ራብዓይ ክፍሊ፡ ኣንቱም ገዛእቲ ንቶም ግዙኣትኩም ኣይትበድልዎም ኣይተሕዝንዎም፡ እንተሕዘንኩምዎም እግዚኣብሔር ክፈርደኩም እዩ፡ ጐይቶትውን ንቶም

ትገዝእዎም ኣገልገልቲ ብትኽክል ግዝእዎም፡ እንተ በደሉኹም ይቕሬታ ግበሩሎም፡ ከመይ ንዓኻትኩምውን ኣብ ሰማይ ጐይታ ዝፈርድ ኣሎኩም። ገጽ ርእዩ ዘየዳሉ እግዚኣብሔር ምንባሩ ፍለጡ፡ "ኣጋእዝትኒ ዕሩየ ግበሩ ሎሙ እንዘ ታቈርሩ መዓተክሙ ወተኃድጉ ሎሙ ኣበሳሆሙ፡ እስመ ተአምሩ ከመ ብክሙ እግዚእ በሰማያት ዘኢያደሉ ለገጽ" ኤፌ ፮:፱። ምሳኻትኩም ኣተኻኽልዎም ማለት ኣብ መንበርኩም ኣቐምጥዎም፡ ኣብ ዓራትኩም ኣደቅስዎም ማለት ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ከም ንጠሚ ይጠምዩ፡ ከም ንጸምእ ይጸምኡ፡ ከም ንቚርር ይቚሩ እዮም ከምኡውን ከም ንደክም ይደኽሙ፡ እዮም ኢልኩም ንኽትሓስቡሎም እዩ። "ኣጋእዝትኒ ዕሩየ ግበሩ ለነባሪክሙ ወፍትሐ ጽድቀ ተአምሩ ከመ ብክሙ እግዚእ በሰማያት" ቈላ ፬:፩ ዘሌዋ ፲፱:፲፫ ሚል ፫:፭ ነዚ ነገርዚ እንተ ዘይጌርኩሞን እንተ ዘይፈጺምኩሞን ግና ትእዛዝ እግዚኣብሔር ምፍራስኩም ስለዝኾነ ክፍረደኩም እዩ።

ሓሙሻይ ክፍሊ፡ ካብ ፩ ክፍሊ ክሳዕ ፬ ክፍሊ ወለድን ውሉድን ገዛእትን ተገዛእትን እንታይ ምግባር ከም ዝግብኦም ሓደ ብሓደ ተዘርዚሩ ተነጊሩ ኣሎ፡ ሕጂ ከኣ ኣብዚ ኃሙሻይ ክፍሊ ንምሉእ ሕዝበ ክርስቲያን ነመኃላልፎ ቃለ ምዕዳን ከምዚ ዚስዕብ ይኸውን። ክርስቲያን እትብሃሉ ኵሉኹም፡ ክርስቲያናዊ ሥራሕ ሠሪሕኩም፡ ፍቕሪ ትሕትና ኂዝኩም፡ ዝተጸልኡ ኣተዓ





ረቕኩም፡ ንዝጠመዩን ንዝጸምኡን ብዝከኣለኩም መጠን እናረዳእኩም፡ ንዝዓረቑ እናኸደንኩም፡ ንዝመጸኩም ጋሻ ገጽኩም ኣብሪህኩም ኢድኩም ዘርጊሕኩም እናተቐበልኩም፡ በዓላት እናኸበርኩም፡ ኣጽዋማት እናጾምኩም፡ ብሕጊ ፀኒዕ ኩም እንተ ደኣ ኔርኩም ደቂ እግዚኣብሔር ክትብሃሉ ኢኹም። እዚ ብወንጌል "ጠምየ ዘብላዕኩሙኒ፡ ጸሚኤ ዘስቴኹሙኒ፡ ጋሻ ኮይነ ዝተቐበልኩሙኒ፡ ዓሪቐ ዝኸደንኩሙኒ፡ ሓሚመ ዝጠየቕኩሙኒ ተኣሚረ እግዚኣብሔር ይፍታሕካ ዝበልኩሙኒ፡ ዝበሎ ቓል ፈጺምኩም ማለት እዩ። "እስመ ርኅብኩ ወአብላዕክሙኒ፡ ጸማእኩ ወአስተይክሙኒ፡ ነግደ ኮንኩ ወተወከፍክሙኒ፡ ዓ ረቁ ወአልበስክሙኒ፡ ደወይኩ ወሐወጽክሙኒ፡ ተሞቃሕኩ ወነበብክሙኒ" ማቴ ፳፭:፴፭።

ብኻልኣይ ደረጃ እዚ ዓለምዚ ኃላፊ ምኳኑ እናሓሰብኩም ንበሩ፡ "ዓለሙኒ የኀልፍ ወፍትወቱኒ የኀልፍ ወዘሰ ይገብር ፈቃዶ ለእግዚአብሔር ይነብር ለዓለም" ዮሓ ፪:፲፯ ምሳ ፲:፳፭። ዝገዝኡ ዝነበሩ ከምዘይገዝኡ ዝበልዑ ዝነበሩ ከምዘይበልዑ ይሰትዩ ዝነበሩ ከምዘይሰትዩ ብሓጐስ ዝነበሩ ከምዘይተሓጐሱ ኪኾኑ እዮም። ከመይሲ ናይዚ ዓ ለምዚ ተድላ ደስታ ኪኃልፍ እዩ፡ "እለኒ ይመልኩ ከመ ዘኢመለኩ፡ ወእለኒ ይበልዑ ከመ ዘኢበልዑ፡ ወእለኒ ይሰትዩ ከመ ዘኢሰትዩ" ፩ይ ቆሮ ፯:፴-፴፩ መዝ ፴፰:፮። በዚ ዓለምዚ ንብላዕ ንስተ ጽባሕ ክንመውት ኢና ዝብሉ

ከይስሕትኹም ተጠንቀቑ። ኣብዚ ዓለም እንተ በልዐ እንተ ሰተየ ብነፍሱ ግና እንተ ተጐድአ እንታይ ይጠቕሞ፣ ክንዲ ነፍሱስ እንታይ ምሃበ! "ምንተ ይበቍዖ ለሰብእ ለእመ ኮሎ ዓለመ ረብሐ ወነፍሶ ኀጐለ ወምንተ እምወሀበ ሰብእ ቤዛሃ ለነፍሱ" ማቴ ፲፮:፳፮። ሰብ ደኃር ዝረኽቦ መከራ ዝፈልጦ እንተ ዝኸውን ኩሉ ገንዘቡ ኃዲጉ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ፀኒዑ ምነበረ ነይሩ። ዕድመ ሰብውን ከም ጽላሎት ተራእዩ ዝጠፍእ እዩ። ዳዊትውን "ሰብሲ ከንቱ እዩ ዚመስል፣ ዕድሚኡውን ከም ጽላሎት እዩ ዚኃልፍ" ይብል፤ ሰብእሰ ከንቶ ይመስል ወመዋዕሊሁኒ ከመ ጽላሎት የኃልፍ፣ መዝ ፻፵፫:፬። ሕይወትኩም እንታይ እዩ ከም ትኪ ዶ ኣይኮንኩምን ኢኹም! ንቑሩብ ጊዜ ጸኒሕኩም ዝበንን ትኪ እንዲኹም! "ምንትኑመ ሕይወትክሙ አኮኑ ከመ ጢስ አንትሙ ዘለምዕር ያስተርኢ ወእምድኅሬሁ ይማስን" ያዕ ፬:፲፬። እዚ ኸኣሉ ጌርኩም ብፍቓድ ካህን ብምኽሪ ካህን ፀኒዕኩምን እንተ ደኣ ተረኺብኩም፣ ጐይታውን ሽዑ ነቶም ብየማኑ ዝነብሩ ኣቱም ናይ ኣቦይ ቡሩኻት ቅድመ ዓለም መንግሥተ ሰማያት ዘዳለወልኩም ኣሎሞ ንኺትወርሱ ንዑ ክብሎም እዩ፣ "አሜሃ ይብሎሙ ንጉሥ ለእለ በየማኑ ንዑ ኀቤየ ቡሩካኑ ለአቡየ ትረሱ መንግሥተ ሰማያት ዘአስተዳለወ ለክሙ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም" ማቴ ፳፭:፴፬ ሉቃ ፲፪:፴፪ ሮሜ ፰:፲፯ ፩ይ ጴጥ ፩:፬-፱ ራእ ዮሓ ፳፩:፯።





ምስ ኣተዉ ዘይወፅኡላ፣ ምስ ረኸብዋ ዘይስእንዋ፣ ተድላን ሓጐሳን እዚ እዩ ተባሂሉ ዘይንገር ናብ ዘለዓለማዊት መንግሥተ ሰማያት የእትዎም። ነዚ ኩሉ ዘይገብሩ ብሕገ እግዚአብሔር ዘይፀንዑ በፈቓድ ካህንን ብምኽሪ ካህንን ንዘይነበሩ ሰባት ግና፣ "ወእምዝ ይብሎሙ ለእለ በጸጋሙ ሑሩ እምኔየ ርጉማን ውስተ እሳት ዘለዓለም፣ ዘድልው ለሰይጣን ወለመላእክቲሁ" ኢሉ በዚ ጊዜ ይኃልፍ በዚ ጊዜ ይጠፍእ ኣብ ዘይበሃለሉ ዘለዓለማዊ መከራን ኃዘንን ናብ ዘለዎ ገሃነመ እሳት የእትዎም። ቍ ፵፩። በቲ ጊዜ እቲ እንተኃዘኑ እንተበኸዩ እንተተጠዓሱ ኣይጠቕሞምን። ኃዘንን ብኽያትን ጣዕሳን ንስሓን ኣብዚ ዓለም እዩ ዚግባእ።

ሕጂውን ካብዚ ኩሉ መከራ ይሠውርኩም፣ ሕጉን ትእዛዙን ንምፍጻም የብቅዕኩም፣ ንስሓ ኣቲኹም ሥጋኡን ደሙን ንምቕባል የብቅዕኩም፣ አሜን ወአሜን።

## ምዕራፍ ፴ - በእንተ ጸሎት ዘኀብረት፤

ጸሎት ካብ መንፈሳውያን ተግባራት ቀዳማይ ደረጃ ኂዙ ክምዘሎ ቤተ ክርስቲያን ተኣምነሉን ትሠርሓሉን ዘላ እያ። እዚ ድማ ባዕሉ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ፣ "ጸልዩ እንከ ከመ ኢትባኡ ውስተ መንሱት፣ ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ጸልዩ" ኢሉ ዝኣምላኻዊ ቃሉ ብዝኣዘዞ

መሠረት እዩ፣ ማቴ ፳፮:፵፩። ብሓንሳእ ኮይንካ ኃቢርካ ምጽላይ ግቡእን ጽቡቕን እዩ ግና ብሃይማኖት ምስ ዝመስለካ እምበር ብሃይማኖት ምስ ዘይመስለካ ኣይኮነን።

ሰባት ብብሃይማኖቶም ኣብቲ ነናይ ብሕቶም ቤተ ጸሎት ክጽልዩን ኣምልኮቶም ክፍጽሙን ደኣ እዩ ዝግብኦም እምበር፣ እቲ ሓደ ምስቲ ብሃይማኖት ዘይመስሎን ምስቲ ብሃይማኖት ዘይተኃባበሮን ብኃባር ጸሎት ምጽላይ ግቡእ ኣይኮነን። ብሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንውን ክልኩል እዩ። ኣማኒ ምስ ተጠራጣራይ ሓቢሩ ጸሎት ክገብር ከምዘይግባእ ኪገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፣ "ወኢትጸሊ ምስለ አርሲሳን፣ ምስ ተጠራጠራይ ሓቢርካ ኣይትጸሊ" ሃይ. ኣበ ም፳:፲፯።

ዳዊትውን ብረሲዕነት ባህ እትብል ኣምላኽ ኣይኮንካን እሞ እኩይ ምሳኻ ኣይኃድርንዩ፣ መዝ ፩:፩። ጳውሎስውን ምስ እቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ(ኣይትጸልዩ) ፪ይ ቆሮ ፮:፲፬። ምስ ኣሕዛብውን ኣብቲ በዓሎም ኣይትጸምበሩ፣ ሃይ. ኣበ. ፳:፲፫። ወተዓቀብ ከመ ኢትጸሊ ወተዓቀብ እምዝንቱ። ምስ ተጠራጣራይ ከይትጽሊ ተጠንቀቕ፣ ሃይ. ኣበ. ፳፩:፵፫። ብማለት ኣትረሩ ስለ ዝኸልከሎ ካብዚ ከምዚ ዝበለውን ምዕ ቃብ እዩ ዘድሊ። ይኩን ደኣ እምበር ምስ ኩሉ





ብፍቕርን ስኒትን ምንባር ግቡእ ከምዝኾነ መሠረታውን ኣገዳስን ትምህርቲ ክርስትና እዩ።

## ምዕራፍ ፴፩ - ብእንተ ፹ወ፩ዱ ቅዱሳት መጻሕፍት፤

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ብቀኖና ዝተቐበለቶም ፹፩ መጻሕፍቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

### ሀ. ናይ ብሉይ ኪዳን መጻሕፍቲ

፩. መጽሐፈ ኦሪት ዘፍጥረት
፪. መጽሐፈ ኦሪት ዘፀአት
፫. መጽሐፈ ኦሪት ዘሌዋውያን
፬. መጽሐፈ ኦሪት ዘኁልቍ
፭. መጽሐፈ ኦሪት ዘዳግም
፮. መጽሐፈ ኢያሱ
፯. መጽሐፈ መሳፍንት
፰. መጽሐፈ ሩት።
፱. ፩ይን ፪ይን መጽሐፈ ሳሙኤል
፲. ፩ይን ፪ይን መጽሐፈ ነገሥት
፲፩. ፩ይ መጽሐፈ ዜና መዋዕል
፲፪. ፪ይ መጽሐፈ ዜና መዋዕል
፲፫. መጽሐፈ ኩፋሌ
፲፬. መጽሐፈ ሄኖክ

፲፭. መጽሐፈ ዕዝራን ነህምያን
፲፮. መጽሐፈ ካልኣይ ዕዝራን ዕዝራ ሱቱኤልን
፲፯. መጽሐፈ ጦቢያ
፲፰. መጽሐፈ ዮዲት
፲፱. መጽሐፈ ኣስቴር
፳. መጽሐፈ መቃብያን ቀዳማዊ
፳፩. ፪ይን ፫ይን መጽሐፈ መቃብያን
፳፪. መጽሐፈ ኢዮብ
፳፫. መዝሙረ ዳዊት
፳፬. መጽሐፈ ምሳሌ
፳፭. መጽሐፈ ተግሣፅ
፳፮. መጽሐፈ ጥበብ
፳፯. መጽሐፈ መክብብ
፳፰. መጽሐፈ መኃልየ መኃልይ
፳፱. መጽሐፈ ሲራክ።
፴. **መጽሐፈ ትንቢተ ኢሳይያስ**
፴፩. መጽሐፈ ትንቢተ ኤርምያስ
፴፪. መጽሐፈ ትንቢተ ሕዝቅኤል
፴፫. መጽሐፈ ትንቢተ ዳንኤል
፴፬. መጽሐፈ ትንቢተ ሆሴዕ
፴፭. መጽሐፈ ትንቢተ ኣሞጽ
፴፮. መጽሐፈ ትንቢተ ሚክያስ
፴፯. መጽሐፈ ትንቢተ ኢዩኤል
፴፰. መጽሐፈ ትንቢተ ኣብድዩ





፴፱. መጽሐፈ ትንቢተ ዮናስ
፵. መጽሐፈ ትንቢተ ናሆም
፵፩. መጽሐፈ ትንቢተ ዕንባቆም
፵፪. መጽሐፈ ትንቢተ ሶፎንያስ
፵፫. መጽሐፈ ትንቢተ ሐጌ
፵፬. መጽሐፈ ትንቢተ ዘካርያስ
፵፭. መጽሐፈ ትንቢተ ሚልክያስ
፵፮. መጽሓፈ ዮሴፍ ወልደ ኮርዮን

**ጠቕላላ ፵፮ መጻሕፍቲ።**

## ለ. ናይ ሓዲስ ኪዳን መጻሕፍቲ

፩. ወንጌል ማቴዎስ
፪. ወንጌል ማርቆስ
፫. ወንጌል ሉቃስ
፬. ወንጌል ዮሓንስ
፭. ግብረ ሓዋርያት
፮. **መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮም**
፯. ፩ይቲ መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ
፰. ፪ይቲ መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ
፱. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ገላትያ
፲. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን
፲፩. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ
፲፪. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቈላስይስ
፲፫. ፩ይቲ መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ተሰሎንቄ

፲፬. ፪ይቲ መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ተሰሎንቄ
፲፭. ፩ይቲ መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ጢሞቴዎስ
፲፮. ፪ይቲ መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ጢሞቴዎስ
፲፯. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ቲቶስ
፲፰. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ፊልሞን
፲፱. መልእኽተ ጳውሎስ ናብ ሰብ ዕብራውያን
**፳. ፩ይቲ መልእኽተ ጴጥሮስ**
፳፩. ፪ይቲ መልእኽተ ጴጥሮስ
፳፪. ፩ይቲ መልእኽተ ዮሐንስ
፳፫. ፪ይቲ መልእኽተ ዮሐንስ
፳፬. ፫ይቲ መልእኽተ ዮሐንስ
፳፭. መልእኽተ ያዕቆብ
፳፮. መልእኽተ ይሁዳ
፳፯. ራእየ ዮሐንስ

## ናይ ሥርዓት መጻሕፍቲ

፩. መጽሐፈ ሥርዓተ ጽዮን
፪. መጽሐፈ ትእዛዝ
፫. መጽሐፈ ግጽው
፬. መጽሐፈ ኣብጥሊስ
፭. ፩ይ መጽሐፈ ኪዳን
፮. ፪ይ መጽሐፈ ኪዳን
፯. ቀሌምንጦስ
፰. ዲድስቅልያ





ጠቕላላ ናይ ሓዲስ ኪዳን መጻሕፍቲ ፴፭ ክኾኑ ከለዉ ጠቕላላ ናይ ብሉይን ሐዲስን ኪዳን መጻሕፍቲ ኸኣ ፹፩ እዮም።

ምንምኳ ብዛዕባ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝተፈላለየ ኣቈጻጽራ እንተለዎ፣ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እትቕበሎምን ብፍትሐ ነገሥት ትርጉም ተዘርዚሮም ዝርከቡ መጻሕፍቲ እዞም ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ተጻሒፎም ዘለዉ ፹፩ መጻሕፍቲ እዮም።

ምስ እዚኣቶምውን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብብሉይን ብሐዲስን ዝተመሥረቱ ናይ ብሉያትን ናይ ሐዲሳትን ምሥጢራት ኣብራህሪሆምን ኣጕሊሖምን ዚገልጹ ብዝተፈላለዩ ቅዱሳን ኣቦታት ዝተደርሱ ናይ ሃይማኖት፣ ናይ ትምህርቲ፣ ናይ ጸሎት መጻሕፍቲ፤ ከምኡውን ካብ ብሉያትን ካብ ሐዲሳትን ተዋፂኦም ዝተደርሱ ናይ ቅዱስ ያሬድ ናይ ጸዋተወ ዜማ መጻሕፍቲ፤ ካልኦትውን ንኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን እትጥቀመሎም መጻሕፍቲ ኣለውዋ። ቅዱስ ያሬድ ብኣቈጻጽራ ድሜጥሮስ ብ፭፻፭ ዓ.ም. ከባቢ ዝነበረ ሊቅ እዩ።

## ፴፪ - ምምላድ ቅዱሳን፤

ምምላድ ማለት ሓደ ኣብ ክንዲ ካልእ ወይውን ምእንቲ ካልእ ናብ እግዚኣብሔር ምልማን ማለት ኮይኑ እዚ ድማ ቅዱሳን ሰባትን ቅዱሳን መላእኽትን ካብ እግዚኣብሔር ብዝተዋህቦም ጸጋን ብዘለዎም ኽብርን ንድኹማትን ኃጥኣንን ንዝኾኑ ደቂ ሰባት ናብ እግዚኣብሔር ወትሩ ከምዘማልዱን ከምዘተዓርቑን ምሕረትን በረኸትን ካብ እግዚኣብሔር ከምዘውህቡ ብብሉያትን ብሓዲሳትን ከምኡውን ብኣዋልድ መጻሕፍት ቤተ ክርስቲያን ብሰፊሑ ተገሊጹ እንረኽቦ ትምህርቲ እዩ። ቅዱሳን ሰባት ብኣካለ ሥጋ ይኹን ብኣካለ ነፍስ (ድኅሪ ሞቶም) ከለዉ ከምዘማልዱ ቅዱሳት መጻሕፍቲ መሠረት ብምግባር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እትኣምኖን ከትጥቀመሉ ዝጸንሐት ሓቂ እዩ።

በዚ መሠረት ከኣ ንኽሎ ኣብዚ ምዝርዛር ዘይከኣል እኳ እንተኾነ ብሓጺሩ ዝተወሰኑ ምሳሌታት ኣቕሪብና ኣሎና።

### ብቅድስት ድንግል ማርያም ...ዝቐረበ ምምላድ

ወአመ ሣልስት ዕለት ከብካብ ኮነ በቃና ዘገሊላ፡ ወሀለወት እሙ ለእግዚእ ኢየሱስ። ወጸውዕዎ ለእግዚእ





ኢየሱስ ወለአርዳኢሁ ውስተ ከብካብ ወኀሠበ ኀልቀ ወይኖሙ ትቤሎ እሙ፤ ለእግዚእ ኢየሱስ ወይንኬ አልቦሙ። ወትቤሎሙ ለእለ ይትለአኩ ኵሎ ዘይቤለክሙ ግበሩ። ... ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ምልእዎንኬ ለእላ መሳብክት ማየ፡ ወመልእዎን እስከ አፉሆን ወእስከ ላዕሉን። ወይቤሎሙ ቅድሑኬ ይእዜ ውስዱ ወሀብዎ ለሊቀ ምርፋቅ፡ ወወሰዱ ወወሀብዎ።

ኣብታ ሣልሰይቲ መዓልቲ ከኣ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኮነ፤ ኣደ ጐይታ ኢየሱስውን ኣብኡ ነበረት። ጐይታ ኢየሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ናብቲ መርዓ ተዓደመ። ወይኒ ምስ ተወድአ ኣደ ጐይታ ኢየሱስ፡ ወይኒ እምበር የብሎምን በለቶ። ... ኣዲኡ ከኣ ነቶም ተዓጠቕቲ፡ ንሱ ዚብለኩም ኵሉ ግበሩ በለቶም። ... ጐይታ ኢየሱስ ነዚ ኣጋንእ ማይ ምልእዎ በሎም፤ ኣፍ ንኣፍ ከኣ መልእዎ ፤ ሽው ሕጂ ቅድሕዎ እሞ ነቦ ዳስ ውሰዱሉ በሎም። ... ጐይታ ኢየሱስ መጀመርታ ተኣምራቱ እዚ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ገበረ። ክብረቱ ድማ ገለጸ፡ ደቀ መዛሙርቱውን ብእኡ ኣመኑ። የሐ. ፪፡፩-፲፡ ፩፡፺፡፳፡፲፩።

### ነቢይ ሙሴ ምእንቲ ሕዝቢ ከም ዝለመነን ዘማለደን።

ዕይ. ወይቤሎ እግዚአብሔር ኣነ ውእቱ አምላከ አበዊከ አምላከ አብርሃም፡ ወአምላከ ይስሐቅ፡ ወአምላከ ያዕቆብ፡

ወሜጠ ገጾ ሙሴ እስመ ፈርሀ ነጽሮ ቅድመ እግዚአብሔር። ዘፀአ ፫፡፮።

ኣነ ኣምላኽ ኣቦታትካ፡ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላኽ ይስሓቅ፡ ኣምላኽ ያዕቆብ ከኣ እየ በለ። ሙሴ ድማ ንኣምላኽ ከይጥምት ፈርሀ እሞ ገጹ ኸደነ ...። ዘፀአ. ፫፡፮ ግብ. ሓዋ. ፯፡፴፪።

፲፪ይ. ወከመሰ የሐይዉ ሙታን ሙሴሂ ነገረ ዘከመ ይቤሎ እግዚአብሔር በኀበ ዕፀ ጳጦስ አነ ውእቱ አምላከ አብርሃም፡ ወአምላከ ይስሐቅ ወአምላከ ያዕቆብ።

ምውታት ከም ዚትንሥኡ ግና፡ ሙሴ ድማ ኣብቲ ኣኻኽኑ ቈጥቋጥ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብርሃምን ኣምላኽ ይስሓቅን ኣምላኽ ያዕቆብን ብምባሉ ገለጸ። ሉቃ. ፳፡፴፯ ብተወሳኺውን ዘፀአ. ፴፪፡፩-፲፩፡፴-፴፩ ዘዳግ. ፱፡፲፪-፳ መዝ. ፻፮፡፳፩-፳፫ ተመልከት።

ኣቦና ኣብርሃም ምእንቲ ዝበደሉ ከይጠፍኡ ከምዘለመነን ኣማለደን፣

፫ይ. ወይቤሎ እግዚአብሔር ለአብርሃም ለእመ ረከብኩ ውስተ ሀገረ ሰዶም ፶ ጻድቃን አድኅን ኵሎ ሀገረ በእንቲአሆሙ። ... ዘፍ ፲፰፡ ፳፮-፴፫።





እግዚኣብሔር ከኣ ኣብ ሰዶም ኣብ ማእከል እታ ከተማ ኃምሳ ጻድቃን እንተ ረኺብኩላስ ንብዘላ እታ ቦታ ምእንታኦም ኢለ ክንሕፋ እየ በለ። ... ዘፍ. ፲፰፡፳፮-፴፫። ኤር. ፭፡፩።

ኣምላኽ ብሕልሚ ንኣበሜሌክ ምእንቲ ክትድኅን ይጸልየልካ ከምዝበሎ፤

፬ይ. ወቦአ እግዚአብሔር ኀበ አቤሜሌክ በይእቲ ሌሊት እንዘ ይነውም ወይቤሎ ብሕልም ናሁ ትመውት አንተ ... ወይእዜኒ አግብኦ ለብእሲ ብእሲቶ እስመ ነቢይ ውእቱ ወይጼሊ በእንቲአከ ወተሐዩ፡ ወእመሰ ኢያገባእከ አእምር ከመ ሞተ ትመውት አንተ ወኵሉ ዘዚአከ፡ ዘፍ. ፳፡፫-፯።

ኣምላኽ ግና ናብ ኣበሜሌክ ለይቲ ብሕልሚ ተራእዩ እዛ ወሲድካያ ዘሎኻ ሰበይቲ በዓልቲ ሰብኣይ እያ እሞ እንሆ ብሰራ ክትመውት ኢኻ በሎ። ... ሕጂ ከኣ ሰበይቲ እቲ ሰብኣይ ምለሳ። ነቢይ እዩ እሞ ምእንቲ ክትድኅን ከኣ ንሱ ይጸልየልካ፤ እንተ ዘይመለስካያ ግና ንስኻን ናትካ ዘበለ ኵሉን ብርግጽ ከም እትመውት ፍለጥ በሎ። ዘፍ. ፳፡፫-፯።

፭ይ. ወመሐሮሙ እግዚአብሔር ወተሣሀሎሙ በእንተ መሐላሁ ዘመሐለ ለአብርሃም ወለይስሐቅ ወለያዕቆብ

ወኢፈቀደ እግዚአብሔር ያጥፍኦሙ ወኢገደፎሙ እምቅድመ ገጹ። ፪ይ ነገ. ፲፫:፳፫። ፪ይ ነገ. ፲፬:፳፯።

እግዚኣብሔር ግና ይቕረ ኢሉ ደንገፀሎም፡ ስለ እቲ ምስ ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን ዝኣተዎ ኪዳኑ ኢሉ ድማ ገጹ መለሰሎም። ኬጥፍኦም ከኣ ኣይፈተወን ክሳዕ ሕጂውን ካብ ቅድሚ ገጹ ኣይደርበዮምን። ፪ይ ነገ. ፲፫:፳፫።

## ሙሴ ምእንቲ ኃብቱ ማርያም ናብ ኣምላኽ ከም ዝጸለየን ኣማለደን፤

፲ይ. ወሐመይዎ ለሙሴ ማርያም ወአሮን ... ወይቤሉ ቦኑ ለሙሴ ባሕቲቱ ተናገሮ እግዚአብሔር፡ አኮኑ ለነሂ ተናገረነ ወሰምዐ እግዚአብሔር። ወሙሴሰ ብእሲ የዋህ ውእቱ ጥቀ እምኵሉ ዕጓለ እመሕያው ዘሀለው ውስተ ምድር። ... ወወረደ እግዚአብሔር በዓምደ ደመና ኀበ ኆኅተ ደብተራ ዘመርጡል ወጸውዖሙ ለአሮን ወለማርያም ወሖሩ ክልኤሆሙ። ወይቤሎሙ ስምዑ ቃልየ ለእመቦ ዘኮነ ነቢየ እምኔክሙ ለእግዚአብሔር በራእይ አስተርኢ ሎቱ ወበሕልም እትናገሮ። ወአኮ ከመ ቍልዔየ ሙሴ ምእመን ላዕለ ኵሉ ቤትየ። አፈ በአፈ እትናገሮ ገሃደ ወአኮ በሥውር፡ ወርእየ ስብሐተ እግዚአብሔር ወለምንት ኢፈራህክሙ ሐምዮቶ ለቍልዔየ ሙሴ። ወኮነ ላዕሌሆሙ





መንሱተ መዓቱ ለእግዚአብሔር ወሖሩ። ወሰሰለ ደመና እምደብተራ ዘመርጡል ወአኃዛ ለምጽ ለማርያም ወፃዕ ደወት ኵለንታሃ ከመ በረድ፡ ወተመይጠ ኀበ ማርያም ወናሁ አኃዛ ለምጽ። ወይቤሎ አሮን ለሙሴ ብቍዓኒ እግዚእየ ኢትረስያ ለነ ኃጢአተ እስመ ኢያእመርነ ከመ አበስነ። ወኢንኩን ትዕሪራነ ለሞት ከመ ፃእፃእ ዘይወጽእ እማኅፀነ እሙ ወተበልዐ መንፈቀ ሥጋሃ። ወጸርሐ ሙሴ ኀበ እግዚአብሔር ወይቤ እግዚኦ ብቍዓኒ አሕይዋ። ... ዘኍል. ፲፪:፩-፲፮። ሉቃ. ፲፯:፲፪።

ማርያምን ኣሮንን ብዛዕባ ... ኣብ ልዕሊ ሙሴ ተዛረቡ (ሓመይዎ)ውን) ... እግዚኣብሔርሲ ብሙሴ ጥራይዶ እዩ ዚዛረብ፡ ብኣናስ ኣይዛረብን ድዩ፧ ድማ በሉ። እዚ ከኣ እግዚኣብሔር ሰምዮ። እቲ ሰብኣይ፡ ሙሴ ግና ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ካብ ዘሎ ወዲ ሰብ ዓቃል ነበረ። ብሓንሳእ እግዚኣብሔር ንሙሴን ንኣሮንን ንማርያምን ሠለስቴኹም ናብ ድንኳን ምርኻብ ውፁ በሎም፡ ሠለስቲኦም ድማ ወፁ። እግዚኣብሔር ከኣ ብዓንዲ ደበና ወረደ፡ ኣብ ኣፍ ድንኳን ደው ኢሉ ድማ ንኣሮንን ንማርያምን ጸውዖም፡ ክልቲኦም ከኣ ወፁ። በሎም ድማ፡ ዘረባይ ደኣ ስምዑ ኣብ ማእከልኩም ነቢይ እንተሎ ኣነ እግዚኣብሔር ብራእይ እግለጸሉ ብሕልሚውን እዛረቦ። ባርያይ ሙሴስ ከምኡ ኣይኮነን፡ ንሱ ኣብ ብዘላ ቤተይ እሙን እዩ። ብግልጺ እምበር ብኽዉል ዘረባ

ዘይኮነ ኣፍ ንኣፍ እዛረቦ። ንሱ ምስሊ እግዚኣብሔር ከኣ ይርኢ። ከመይከ ኣብ ባርያይ ኣብ ሙሴ ምዝራብ ዘይፈራህኩም! ኩራ እግዚኣብሔር ኣባታቶም ነደደ፡ ከደ ድማ። እቲ ደበና ከኣ ናብ ልዕሊ ድንኳን ኣግለሰ፡ እንሆ ከኣ ማርያም ለምጻም ኮነት ከም በረድ ፃዕደወት። ኣሮን ድማ ናብ ማርያም ግልጽ በለ፡ እንሆ ከኣ ለምጻም ኮይና ነበረት። ሽዑ ኣሮን ንሙሴ፡ ኦ ጐይታይ! ስለቲ ብዕሽነትና ዝገበርናዮን ዝበደልናዮን፡ በጃኻ ኃጢኣት ኣይትቍጸረልና። በጃኻ ብምውቱ ከም እተወልደ፡ ካብ ከርሢ ኣዲኡ ኪወጽእ ከሎ ፈረቓ ሥጋኡ ከም እተወድአ ከይትኸውን፡ ኣይትኅደጋ በሎ። ሙሴ ድማ ንእግዚኣብሔር፡ ኦ ኣምላኸ፡ እልምንካ ኣሎኹ ኣሕውያ ኢሉ ጨርሐ። ... ዘኍል. ፲፪:፩-፲፮። ሉቃ ፲፯:፲፪።

ብተወሳኺውን ጻድቕ ኢዮብ ምእንቲ ሠለስተ ብጾቱ ከምዝለመነን እግዚኣብሔርውን ከምዝሰምዖን፡ ኢዮብ ፵፪:፯-፱፤ ነቢይ ኤርምያስውን ምእንቲ ሕዝቢ ከምዘማለደ፡ ኤር. ፵፪:፩-፲፫፤ ያዕቆብውን ጸሎት ጻድቕ ብዙኅ ነገር ከምተሠልጥ ዝገለጸ ተጻሒፉ ይርከብ። ያዕ. ፭:፲፮-፲፰።

ቅዱሳን ብድኅሪ ሞቶም ከም ዘማልዱ፤

ሙሴ ምእንቲ ኣገልግሎትኻ ዝሞቱ ኢሉ ንእግዚኣብሔር ከም ዝለመኖም ከም ዝሰምዖ፤





፩ይ. ... ወሰአለ ሙሴ ቅድመ ኣምላኩ ወይቤ ለምንት እግዚኦ መዓተ ትትመዓዕ ላዕለ ሕዝብከ ዘአውፃእከ እምድረ ግብጽ በኃይል ጽኑዕ ወበመዝራዕት ልዑል ወዓቢይ። ... ተዘከር አብርሃምሃ ወይስሐቅሃ ወያዕቆብሃ አግብርቲከ ዘመሐልከ ሎሙ በርእስከ ወትቤሎሙ፡ ብዙኀ አበዝኖ ለዘርእክሙ ከመ ከዋክብተ ሰማይ ብዙኀ፡ ወኵሎ ዘንተ እሁብ ለዘርእክሙ ወይመልክዋ ለዓለም። ወሠረየ እግዚአብሔር በእንተ እኪት ዘይቤ ይግበር ላዕለ ሕዝብ። ዘፀአ. ፴፪:፲፩-፲፬።

ሙሴ ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣምላኹ ከምዚ ኢሉ ተማህለለ። ኦ እግዚኣብሔር ስለምንታይ ኩራኻ ኣብዚ ብዓቢይ ኃይልን ብጽንዕቲ ኢድን ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውፃእካዮ ዚነድድ። ... ንኣብርሃምን ንይስሐቅን ንያዕቆብን፡ ንኢታቶም ንዘርእኹም ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከብዝኖ እየ፡ ንዘለዓለም ከኣ ኪርስትይዎ እዮም ኢልካ ብርእሰኻ ዝመሓልካሎም፡ ንባሮትካ ዘክር። እግዚኣብሔር ድማ ካብቲ ንሕዝቡ ኪገብሮ ኢሉ ተዛረብዎ ዝነበረ ክፉእ ተመልሰ። ዘፀአ. ፴፪:፲፩-፲፬።

እግዚኣብሔር ምእንቲ ዝሞተ ዳዊትን ኢየሩሳሌምን ኢሉ ምሕረት ዝሃቦ፤

፪ይ. ወአኮ ኵሎ ዘእነሥእ አላ አሐተ በትረ እሁቦ ለወልድከ በእንተ ዳዊት ገብርየ፡ ወበእንተ ኢየሩሳሌም ሀገርየ እንተ ኀረይክዋ። ፩ይ ነገ. ፲፩:፲፪።

ግናኸ ንታ መንግሥቲ ብዘላስ ኣይቀጽዓን እየ፤ ምእንቲ ባርያይ ዳዊትን ምእንቲ ዝኀረኽዋ ኢየሩሳሌምን ኢለ ንወድኻ ሓደ ነገድ ክህቦ እየ። ፩ይ ነገ. ፲፩:፲፪።

፫ይ. ወአጸንዓ ለዛቲ ሀገር በእንቲአየ፡ ወበእንተ ዳዊት ገብርየ። ፪ይ ነገ. ፲፱:፴፬።

ኣነ ድማ ነዛ ከተማ እዚኣ ምእንታይን ምእንቲ ዳዊት ባርያይን ኢለ ክከላኸለላን ክጽንዓን እየ። ፪ይ ነገ. ፲፱:፴፬።

፬ይ. ወበጽሐ ኢሳይያስ ውስተ ማእከላዊ ዓፀድ፡ ወነበበ እግዚአብሔር፡ ወይቤ ግባእ ወበሎ ለሕዝቅያስ ንጉሦሙ ለሕዝብ፡ ከመዝ ይቤ እግዚአብሔር አምላከ ዳዊት አቡከ ሰማዕኩ ጸሎተከ ወርኢኩ አንብዓከ፡ ናሁ እፌውሰከ አነ፡ ወእስከ ሠሉስ መዋዕል ተዓርግ ቤተ እግዚአብሔር።

ወእዌስከ ላዕለ ከራማቲከ ዓሠርተ ወኃምስተ ዓመተ፡ ወአድኀነከ እምእዴሁ ለንጉሠ ፋርስ ወለዛቲኒ ሀገር አፀንዓ በእንቲአየ ወበእንተ ዳዊት ገብርየ። ፪ይ ነገ





፳፪:፲፬። ፪ይ ነገ ፲፱:፳ ። ፪ይ ነገ ፳:፭-፮። ፪ይ ነገ ፳:፴፬።

ኢሳይያስ ኣብ ማእከል ቀጽሪ ከሎ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሔር ሰምዐ። ተመለስ እሞ ንሕዝቅያስ ነቲ መስፍን ሕዝበይ ከምዚ በሎ፤ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦኻ ዳዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፤ ጸሎትካ ሰሚዐ፡ ንብዓትካ ርእየ እኖኹ ከሕውየካ እየ፡ ክሳብ ሣልሰይቲ መዓልቲ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ክትድይብ ኢኻ። ኣብ ልዕሊ ዕድሜኻውን ዓሠርተው ኃሙሽተ ዓመት ወሲኽልካ ኣሎኹ፤ ንኣኻን ነዛ ከተማ እዚኣን ካብ ኢድ ንጉሥ ኣሦር ከድኅነኩም እየ፤ ነዛ ከተማ እዚኣ ድማ ምእንታይን ምእንቲ ዳዊት ባርያይን ኢለ ክጽንዓ እየ። ፪ይ ነገ ፳፪:፲፬። ፪ይ ነገ ፲፱:፳ ። ፪ይ ነገ ፳:፭-፮። ፪ይ ነገ ፳:፴፬።

፭ይ. ወይቤሎ ሳሙኤል ለሳኦል ለምንት አጽሐብከኒ ከመ ታዕርገኒ፡ ወይቤሎ ሳኦል እስመ ተመንደብኩ ጥቀ ፀብዑኒ ኢሎፍሊ ወእግዚአብሔር ኃደገኒ። ፩ይ ሳሙ. ፳፰:፲፭።

ሳሙኤል ድማ ንሳኦል፡ ስለምንታይ ኢኻ ክቱተንሥኣኒ(ካብ መቓብር) ዘዕገርገርካኒ፡ በሎ። ሳኦል ከኣ ኣነ ኣዝዩ ጸቢቡኒ ኣሎ። ፍልስጥኤማውያን ይዋግኡኒ ኣለዉ፡ እግዚኣብሔር ድማ ርሒቑኒ፡ ብነቢያት ኮነ ብሕልምታት ኣይመልሰለይን፡ ስለዚ ከኣ እቲ ዝገብሮ ክትነግረኒ ኢለ ጸዊዐኩኻ በሎ። ፩ይ ሳሙ. ፳፰:፲፭።

፮ይ. ወሶበ ፈትሐ ኃምሰ ማኅተመ ርኢኩ ታሕተ ምሥዋዕ ለእለ ተቀትሉ በእንተ ቃለ እግዚአብሔር ወበእንተ ዘዓቀቡ ሕጎ። ወጸርሑ በቃል ዓቢይ ወይቤሉ እስከ ማዕዜኑ እግዚኦ ቅዱስ ወጻድቅ ኢትትበቀሎሙኑ ወኢትኴንኖሙ በእንተ ደምነ እምእለ ይነብሩ ዲበ ምድር። ወወሀብዎሙ አልባሰ ብሩሀ ለለአሐዱ እምኔሆሙ ወይቤልዎሙ ከመ ያዕርፉ ዓዲ ኅዳጠ መዋዕለ እስከ አመ ይትፌጸሙ እለ ከማሆሙ አግብርተ እግዚአብሔር ወአኃዊሆሙ እለ ሀለዎሙ ይትቀተሉ ከማሆሙ። ራእ. ዮሐ. ፮:፱-፲፩። ፮:፱።

ኑቲ ኃምሳይ ማኅተም ምስ ፈትሐ ከኣ ነፍሳት እቶም ስለ ቃል ኣምላኽን ስለቲ ዝነበሮም ምስክርን እተሓርዱ ኣብ ትሕቲ መሠውዒ ርኣኹ። ዓው ብዝበለ ድምጺ ከኣ፡ ኦ ቅዱስን ሓቀኛን ጐይታ፡ ክሳዕ መዓዝ ኢኻ ዘይትፈርድ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉኸ ክሳዕ መዓዝ ኢኻ ሕነ ደምና ዘይትፈድዮም እናበሉ ጠርዑ። ራእ. ዮሐ ፮:፱-፲፩።

፯ይ. ብተወሳኺውን ጸጋ እግዚኣብሔር ካብ ቅዱሳን ድኅሪ ሞቶምውን ከምዘይፍለ ከረድኣና፡ ኣዕፅምቲ ነቢይ ኤልሳዕ ንሓደ ዝሞተ ሰብ ከምዘተንሥዐ ተጻሒፉ ይርከብ። ፬ይ ነገ ፲፫:፳-፳፩።

፰ይ. ቅዱሳን ሰባት ድኅሪ ሞቶም ከም ዘማልዱ እሙን ምኺኑ ዜርድእ፡ ብነፍስ ሕያዋን፡ ለባውያን ነባብያን ስለ





ዝኾኑን እግዚኣብሔር ብዝኣተወለዶም ቃል ኪዳንን እዩ። ማቴ ፳፪:፳፫-፴፪። ዕብ.፲፩:፲፮። መዝ. ፹፱:፫።

፱ይ. ቅዱሳን መላእኽትውን ንደቂ ሰባት ከም ዝራድኡን ከም ዘማልዱን ካብቲ ምእንቲ ኣብ ምርኮ ዝነበሩ እስራኤላውያን ዝለመነ መልኣኽ ብንጹር ክንርዳእ ንኽእል። ዘካር. ፩:፲፪-፲፫። መላእኽት ንድኅነት ደቂ ሰባት ዝራድኡ ምኺኖም ኣብ መጽሓፈ ዕብራውያን ተጠቒሱ ይርከብ። ዕብ ፩:፲፬። ብተወሳኺውን ዘፍ. ፴፩:፲፩ ዳን. ፱:፳-፳፫፤ ፮:፩-፳፫፤ ፲:፲፫-፳፩፤ ፲፪:፩ ዘፍ. ፵፰:፲፮ ዘፀአ ፳፫:፳-፳፫ ተመልከት።

ተጽሕፈት ዛቲ መጽሐፍ በደብረ ቢዘን ቅድስት ዳግሚተ አስቄጥስ እንተ ይእቲ መዳልወ አልባብ መካነ ቅዱሳን ዘውእቶሙ ፊልጶስ እንዳዴ ባሕር፥

ወዮሐንስ ለጓሜ ደመና፥

ዳግማዊ ኤልያስ ነቢየ ተሰፊን በ፭፻ወ፬፻፺ወ፩ እምፍጥረተ ዓለም በ፲፻ወ፱፻፺ወ፩ እምልደተ ክርስቶስ በዘመነ ማርቆስ ወንጌላዊ ወተፈጸመት እመ ፴ሁ ለታኅሣሥ በዕለተ ሠሉስ፥ ወስብሐት ለእግዚአብሔር አሜን።

ወአጽሐፍዋ አስተዋጺኦሙ እምብሉይ ወሐዲስ አባ ገብረ እግዚአብሔር ወአባ ወልደ አብርሃም ወጸሐፊሃ አባ ተክለ ጊዮርጊስ አኀው ዘደብረ ቢዘን ወተርጓሚሃ ክሳፈርግብ ማርቆስ።

<u>መዘክከሪ፥</u>

አብዛ መጽሓፍ እዚኣ ካብ ኣዋልድ መጻሕፍቲ ብብዝኂ ዘይጠቐስናሉ ቀንዲ ምኽንያት እዞም ካብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ወፃኢታት ዝኾኑ ስለ ዘይቕበልዎም ኢልና ኢና እምበር ረሲዕናዮም ከምዘይኮንና ክንዘኻኸር ንፈቱ።





ዘአኅተምዎመምህር ተክለማርያም ተስፋልደት ምስለ አኀው ማኅበረ ቢዘን፤

በ፲ወ፱፻፺ወ፩ቱ ዓመተ ምሕረት፤

በሀገረ ኤርትራ አሥመራ።